## መላለዪ ካናዳ ንኣብ ወጻኢ ሃገር ዘለዉ

# ፓይሎት ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ
# ናይ ተሳታፊ መለማመዲ መጽሓፍ

---

## ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ካናዳ ናይ ቅድመ-ምብጋስ መምርሒ




COA OCE
Canadian Orientation Abroad
Orientation canadienne à l'étranger

IOM
UN MIGRATION

Funded by:
Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Financé par :
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ኣብ’ዚ ሕትመት ተገሊጾም ዘለዉ ርእይቶታት ናይ ደራሲ ኮይኖም ንናይ ዓለማዊ ትካል ስደተኛታት (IOM) ኣረኣእያታት ዘንጸባርቁ እዮም ማለት ኣይኮነን። ኣብ ስራሕ ውዒሎም ዘለዉ ሽመታት ከምኡ’ውን ኣብ ኩሉ ሽነክ ናይቲ ሕትመት ዘሎ ኣቀራርባ ሓበሬታ ንሕጋዊ-ደረጃ ናይ ዝኾነ ሃገር ፣ ግዝኣት ፣ ከተማ ወይ ቦታ ፣ ወይ ሰበ-ስልጣናቶም ፣ ወይ’ውን ዶባተን ብዝምልከት ዝተንጸባረቀ ማንኛውም ሓሳብ ብሸነኽ IOM ዘሎ ኣመለኻኽታ ኣይውክልን እዩ።

IOM ሰብኣዊነት ዘለዎን ስርዓቱ ዝሓለወን ፍልሰት ንስደተኛታትን ንሕብረተሰብን ኣኽሳቢ’ዩ ኣብ ዝብል መትከል ጽኑዕ እዩ። ከም መንግ-መንግስታዊ ትካል መሰረት ፡ IOM ምስ ኣብ ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ዘለዉ መሻርኽቲ ብምዃን ንዕማማዊ ብድሆታት ናይ ፍልሰት ንምፍታሕ ፣ ዝሓሸ ርድኢት ናይ ንፍልሰት ዝምልከቱ ነገራት ንምቕራብ ፣ ፍልሰት ብምጥቃም ማሕበራዊን ቁጠባዊን ምዕባለ ንምትብባዕ፡ ከምኡ’ውን ጥዓናን ሰብኣዊ ክብርታትን ንምዕቃብ ይሰርሕ።

---

እዚ ሕትመት ክውን ዝኾነ ብመንግስቲ ካናዳ ብዝተበርከተ ሓገዝ ፣ ብመሰረት ምስ IOM ዝተገብረ ናይ ኣስተዋፃኦ ስምምዕ እዩ። ኣብ’ዚ ተገሊጾም ዘለዉ ርእይቶታት ድማ ንኣመለኻኽታ መንግስቲ ካናዳ ይገልጹ’ዮም ማለት ኣይኮነን።

ንኣገዳሲ ኣበርክቶ ናይ ብዙሓት ካናዳ ዝመደበሮም ሲቪላዊ ሰራሕተኛታት፡ ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት፡ ቴማዊ ክኢላታትን ሓደሽቲ መጻእተኛታትን ከምኡ’ውን ብዙሓት ኣብ ውሽጢ ካናዳን ወጻኢ ሃገርን ዝቕመጡ ሰራሕተኛታት ናይ IOMን ናይ መላለዪ ካናዳ ኣብ ወጻኢ ሃገራትን (COA) ነመስግን። ንዳግመ-ምስፋር ስደተኛታት ናብ ካናዳ ኣብ ዝግበር መስርሕ ዘለዎም ኣስተብህሎን ተወፋይነትን ቀንዲ መሰረት ናይዚ ሕትመት እዮም።

ኣሕታሚ፡ ዓለምለኻዊ ውድብ ጉዕዞ
17 route des Morillons
ፖስታ ሳንዱቕ ቁጽሪ 17
1211 ጀኔቫ 19
ስዊዘርላንድ
ቴሌ.: +41 22 717 9111
ፋክስ: +41 22 798 6150
ኢ-ሜይል: hq@iom.int
ዌብሳይት: www.iom.int

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብዘይ ወግዓዊ ሕታም እያ ወጺኣ።
እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብዘይ ፍቓድ IOM Publications Unit (PUB) እያ እትወጽእ።
እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብዘይ ወግዓዊ ትርጉም ክፍሊ TRS እያ እትወጽእ።
ዘይወግዓዊ ትርጉም እቲ በዅሪ ትርጉም ብእንግሊዝኛ ኣርእስቱ መላለዪ ካናዳ ንኣብ ወጻኢ ሃገር ዘለዉ ናይ ተሳታፊ መለማምዲ መጽሓፍ። ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ካናዳ ናይ ቅድመ-ምብጋስ መምርሒ.

ዜድሊ ጥቕሲ፡- International Organization for Migration (IOM), (2023), መላለዪ ካናዳ ንኣብ ወጻኢ ሃገር ዘለዉ፡- ፓይሎት ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ናይ ተሳታፊ መለማምዲ መጽሓፍ ። ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ካናዳ ናይ ቅድመ-ምብጋስ መምርሒ። ጀኒቫ ።

---

ISBN 978-92-9268-672-7 (Print)
ISBN 978-92-9268-671-0 (PDF)

© IOM 2023

ገሊኡ መሰላት እተሓዝአ እዩ ። እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ ትሕቲ እቲ
ክሪኤቲቭ ኮመንስ ኣትሪቢሽን-NonCommercial-NoDerivs 3.0IGO License (CC BY-NC-ND 3.0 IGO) እዩ ዚርከብ።*

ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ መሰል ዋናኡን ኣብ ኣጠቓቕማኡን ርአ ።

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብዘይካ ትምህርታዊ ዕላማታት ንኣብነት ኣብ መምሃሪ መጻሕፍቲ ኽትጠቓለል ብቐዳምነት ንንግዳዊ ረብሓ ወይ ንገንዘብ ካሕሳ ተባሂሉ ኽትጥቀመሉ ክትሕተም ወይ ክትዝርጋሕ የብላን ።

ፍቓድ፡- ንግዳዊ ኣጠቓቕማ ወይ ተወሳኺ መሰላትን ፍቓድ ምሃብን ዚሓትት ሕቶ ናብ publications@iom.int ኪቐርብ ኣለዎ።

* https://creativecommons.org/licenses/by-nc-nd/3.0/igo/legalcode

PUB2023/120/R

# ትሕዝቶ



| | | |
|---|---|---|
| መምርሒ ኣጠቃቕማ QR ኮዳት | ገጽ | i |
| ምልክታት | ገጽ | ii |
| ንጥፈታት | ገጽ | iv |
| እዚ ናይ መለማመዲ መፅሓፍ ንመን እዩ? | ገጽ | v |
| ናይ ፍቓድ ቕጥዒ | ገጽ | vi |
| 1. ሓፈሻዊ መግለጺ ካናዳ | ገጽ | 1 |
| 2. መገሻ | ገጽ | 35 |
| 3. ድጋፋትን ኣገልግሎታትን | ገጽ | 63 |
| 4. መንበሪ ገዛ | ገጽ | 79 |
| 5. ጥዕና | ገጽ | 91 |
| 6. ትምህርቲ | ገጽ | 103 |
| 7. ስራሕ | ገጽ | 119 |
| 8. ባጀት ምምዳብ | ገጽ | 145 |
| 9. መጓዓዝያ | ገጽ | 163 |

መስርሕ ካርታ

ውሽጣዊ ናይ ድሕሪት ሽፋን

# መምርሒ ኣጠቓቕማ QR ኮዳት

ኣብ ሙሉእ ትሕዝቶ እዚ መጽሓፍ ናብ ተወሳኺ ሓበሬታ ናይ ኣገደስቲ ኣርእስትታት ዝመርሐኻ ከም እዚ ዝኣመሰሉ ምልክታት ክትረክብ ኢኻ። እዚኦም ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ይበሃሉ። ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ተጠቂምካ ሓበሬታ ንምርካብ ከመይ ጌርካ ካሜራ ናይ ቴሌፎን ወይ ታብሌት ክጥቀም ከም እትኽእል ንምፍላጥ ኣብ ኢንተርነት ኣንብብ። ነዚ ንኽትገብር ኣገልግሎት ኢንተርነት ክትረክብ ኣለካ።



1. ካሜራ ናይ ሒዝካዮ ዘለኻ መሳርሒ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ከንብብ ከምዝኽእል ወይ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ኣንባቢ ሶፍትዌር ካብ ኢንተርነት ከተውርድ የድልየካ ምዃኑ ኣረጋግጽ።



2. መሳርሒኻ ኣገልግሎት ኢንተርነት ከምዘለዎ ኣረጋግጽ።



3. ናይ መሳርሒኻ ካሜራ ወይ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ኣንባቢ ሶፍትዌር ክፈት።



4. ኣብ ማእከል ናይ መሳርሒ ስክሪን ከምዘሎ እናኣረጋገጽካ ናይ መሳርሒኻ ካሜራ ናብ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ኣቕንዓዮ።




5. ነቲ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ስካን ጌሩ ክሳብ ዝውድእ ተጸበይ።





6. ትሕዝቶ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ብምኽፋት ተወሳኺ ሓበሬታ ርኸብ።


ኣብ'ዚ መጽሓፍ-ዕዮ ዘለዉ ናይ ቁልጡፍ መልሲ (QR) ኮድ ናብ ብቋንቋታት እንግሊዝኛ፡ ፈረንሰኛን ካልኦትን ሓበሬታ ዘለዎም እሙናት ዌብሳይታት ይመርሑኻ። ነዞም ቋንቋታት ክትርዳእ ዘይትኽእል ምስ ትኸውን ፡ ናይ መስመር ተርጓማይ ብምጥቃም ኣብ'ዞም ዌብሳይታት ዘሎ ሓበሬታታት ክትግንዘብ ትኽእል። ኤለክትሮኒካዊ ቕዳሓት እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብኻልእ ቋንቋታት ኣብዚ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፦

# ምልክታት

ኣብ'ዚ መጽሓፍ ፣ ዝተፈላለየ ትርጉም ዘለዎም ምልክታት ክትርኢ ኢኻ። እዞም ምልክታት ምስ ሰፍሕ ዝበለ መግለጺታቶም ቀሪቦም ኣለዉ። ነዚ መጽሓፍ እናረዓኻ ምስ ትቕጽል ብዛዕባ እዞም ምልክታትን ከምኡውን ትርጉማቶምን ብዝበለጸ እናተረድኣካ ክኸይድ እዩ።



**1.** መንግስቲ ካናዳ



**2.** ሓበሬታ ብዛዕባ ኩውቤክ



**3.** ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ደቀባት




**4.** ካናዳ ወይ ካናዳዊ




**5.** ካልኦት ሃገራት ብዘይካ ካናዳ



**6.** ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ



**7.** ስንክልና ዘለዎም ሰባት



**8.** ብዙሕነት ናይ ጾታዊ ባህርያት፡ ጾታዊ መንነት፡ ኣገላልጻ ጾታ ወይ ወሲባዊ ባህሪ



**9.** ናይ ሃይማኖታት ብዙሕነት



**10.** ገንዘባዊ ድጋፍ



**11.** ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት



**12.** መሰላት ኣብ ካናዳ



**13.** ሕግታት ኣብ ካናዳ



**14.** ብሕትውና ፣ ድሕነትን ውሕስነትን



**15.** ፍቑድ ወይ ሕጋዊ

16. ዘይፍቐድ ወይ ዘይሕጋዊ

17. ዘይድለ ወይ ኣንጻር

18. ግዜ መሕለፊ

19. ውሱን ግዜ

20. ሓበሬታ

21. ምድላይ

22. ናይ ትምህርቲ ዲግሪ ወይ ምስክር ብቕዓት

23. ዝርዝር ተመክሮ

24. መርዓ

25. ሰብ (ብዘይ ውሱን ጾታ)

26. ልቓሕ ዊንድሚል ማይክሮሌንዲንግ

27. ናይ ግሊ ሕክምናዊ መድሕን

28. ዞባ ኣትላንቲክ ካናዳ

29. ልቓሕ

30. ባንዴራታት ኣውራጃታትን ግዝኣታትን

Newfoundland and Labrador / Terre-Neuve-et-Labrador

Prince Edward Island / Île-du-Prince-Édouard

Nova Scotia / Nouvelle-Écosse

New Brunswick / Nouveau-Brunswick

Quebec/ Québec

Ontario

Manitoba

Saskatchewan

Alberta

British Columbia / Colombie-Britannique

Nunavut

Northwest Territories / Territoires du Nord-Ouest

Yukon

# ንጥፈታት

ኣብ ሙሉእ ትሕዝቶ እዚ ደብተር ፡ ብዛዕባ ህይወት ካናዳ ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝህቡኻ ክትግበሩ ዘለዎም ንጥፈታት ኣለው። መምርሒታት ኣብ መጀመርታ ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ተጻሒፎም ኣለዉ። ነዚ ተጠንቒቕካ ኣንብቦ። ኣብ ገሊኡ ንጥፈታት ፡ እታ ቀዳመይቲ ሕቶ ብቐይሕ ተመሊሳትልካ ኣላ ፡ እዚ ድማ ነቲ ዝተረፈ ብኸመይ ከምትምልሶ ክትፈልጥ ክሕግዘካ እዩ። እቲ ንጥፈት ቅኑዕ መልሲ እንተሃሊይዎ ፡ ነቲ ኣብ ታሕቲ ተገልቢጡ ተጻሒፉ ዘሎ መፍትሕ መልሲ ርኣዮ።

ኣብዚ መጽሓፍ-ዕዮ ዘለዉ ዓይነታት ንጥፈታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ:

**ሀ) ንጥፈታት ካርታ**
ኣብቲ ካርታ ዘሎ ቦታ ርኺብ እሞ ፡ "❌" ስኣል።

**ለ) ንጥፈታት ምዝማድ**
ኣብ መንጎ ቁጽርታትን ፊደላትን መስመር ሰዓል።

**ሐ) ንጥፈታት ምልክት ምግባር**
ሕቶ ኣንቢብካ ኣብ ሳንዱቕ "✓" ምልክት ግበር።

**መ) ንጥፈታት ምክፍፋል**
ነቲ ስእልታት ርኣዮ እሞ ፡ ኣብቲ ሳንዱቕ ምልክት ብምስኣል ከፋፍሎ።

**ሠ) ባዶ ቦታ ንጥፈታት ምላእ**
ነቲ ተደልዩ ዘሎ ሓበሬታ ኣብቲ ተቀሚጡ ዘሎ መስመር ጽሓፍ።

**ረ) ንጥፈታት ብቕደም-ተኸተል ስራዕ**
ነዞም ሙሉእ ሓሳባት ኣንቢብካ ካብ ቀዳማይ ክሳብ መወዳእታ ቁጽርታት ኣብ ነፍስ-ወከፍ ሳንዱቕ ብምቕማጥ ብቕደም ተኸተል ስርዓዮም።

**ሰ) ናይ ዛንታ ሰሌዳ**
ነቲ ዛንታ ዝነግር ቅደም ተኸተል ናይ ስእልታት ተዓዘብ።


**ክትሓስበሎም ወይ ከተስተንትነሎም ዘለካ ሕቶታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ሳንዱቕ ይርከቡ።**

**ክትዝክሮም ዘለካ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ሳንዱቕ ይርከቡ።**


# እዚ ናይ መለማመዲ መፅሓፍ ንመን እዩ?

እዚ ናይ መለማመዲ መፅሓፍ፤ እዚ ኣብ ትሕቲ ፈተነ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ/ Economic Mobility Pathways Pilot (EMPP)/Project pilote sur la voie d’accès à la mobilité économique (PVAME) ናብ ካናዳ ንዝስደዱ ውልቀሰባትን ኣባላት ስድራቤቶምን ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ ኮይኑ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-

## 1. ከባብያዊ መንገድታት ምንቅስቓስ



ሀ) ፕሮግራም ኢሚግሬሽን/ስደት ኣትላንቲክ (AIP/PICA)




ለ) ፕሮግራም ሕፁያት ኣውራጃታት (PNP/PCP)



ሐ) ፕሮግራም ኢሚግሬሽን/ ስደት ገጠርን ሰሜናውን (RNIP/PICRN)

## 2. ፌደራላዊ መገድታት ምንቅስቓስ




ሀ) ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ ምስ ዚህልወካ

ለ) ብዘይ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ

ብዛዕባ እዞም መደባት እዚኣቶም ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ምዕራፍ 3 ንጥፈት 3.1 ርአይ።

ኣብዚ ናይ መለማመዲ መፅሓፍ፤ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ መደባት ዳግመ ምጥያሽ ናብ ካናዳ ንዝመፁ ስደተኛታት ኣይምልከትን። እዚ ድማ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-



1. ናይ ብመንግስቲ ዝተደገፉ ስደተኛታት (GAR/RPG) መደብ



2. ናይ ብሕታዊ ምወላ ስደተኛታት (PSR/PPPR) መደብ



3. ሓባራዊ ናይ ድጋፍ ምወላ (JAS/ PAC) መደብ



4. ዝተወሃሃደ መደብ ቪዛ ቤት- ጽሕፈት ረዲኤት (BVOR / RDBV)

ብሓደ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ 4 መደባት ኣቢሎም ናብ ካናዳ ንዝሰፍሩ ስደተኛታት በጃኹም ኣብዚ ካብ ዝርከብ ናይ መላለዩ ካናዳ ንኣብ ወፃኢ ሃገር ዘለዉ መለማመዲ መፅሓፍ ንሓደሽቲ መፃእቲ ካናዳ ተወከሱ/ንገሩ።

## IOM ሓበሬታኻ ኣብ ካናዳ ንዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንኸካፍል ናይ ፍቓድ ቕጥዒ

**ንሕና መን ኢና?** ዓለም ለኸ ትካል ስደት (“IOM”) ኣካል ስርዓት ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ኣብ ዓውዲ ስደት ካብ መንጎ ናይ መንግስታት ትካል መሪሕ እዩ። ዕቑባትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተመዛበሉን ሓዊሱ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ስደተኛታትን ደገፍን ሰብኣዊ ሓገዝን ዝህብ ኮይኑ፤ ሰብኣውን ስርዓት ዘለዎን ስደት ንስደተኛታትን ንሕብረተሰብን ይጠቅም ብዝብል መትከል ዝምራሕ እዩ። IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ብመሰረት መትከላት ሓለዋ መረዳእታታቱ እዩ ዘሰላስሎ፣ እዚ ድማ ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ IOM፡-www.iom.int/data-protection. ይርከብ።

**ካባኻትኩም እንታይ መረዳእታ ንእክብን ስለምንታይን?** ነዚ ቕጥዒ ብምፍራም ውልቃዊ መረዳእታኻ (ማለት እውን ነዓኻ ከለልየካ ዘኽእል ሓበሬታ) ንኽእከብ፣ ንኽጥቀም፣ ንኽካፍል፣ ንኽዕቐብ ወይ ብኻልእ መንገዲ ንኽሰላስል ሓዊሱ ንIOM፣ ኣብ ክንዲ IOM ክሰርሕ ፍቓድ ንዘለዎ ሰብን ወይ ኣካልን ውልቃዊ መረዳእታኻ ንኸሰላስል ብኸምዚ ዝስዕብ ስልጣን ትህብ ኣለኻ፡-

| ዓይነታት ውልቃዊ መረዳእታ | ዝተወሰነ ዕላማ |
|---|---|
| ብዛዕባኻ ዝእከብ መረዳእታ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-<br><br>- ናይ መመልከቲ ቑጽሪ<br>- ፍሉይ መለለዪ ዓሚል (UCI)<br>- ምሉእ ሽም<br>- ፆታ<br>- ዕለት ውልደት<br>- ምስቲ ቀንዲ ኣመልካቲ ዘለካ ዝምድና (እንተሃልዩካ)<br>- ዜግነት<br>- ናይ መጀመርታ ቋንቋኻ<br>- እቲ ናብ ካናዳ ንኽትስደድ ትጥቀመሉ ዘለኻ መደብ<br>- መዕረፊ ቦታ (ከተማን ኣውራጃን ኣብ ካናዳ)<br>- መበገሲ ዕለት<br>- ቑጽሪ ቴሌፎን<br>- ናይ ኢመይል ኣድራሻ<br>- ንምምኽኻር ወይ ንመጽናዕቲ ብIRCC ክትርከብ ፍቓድ ምሃብ<br>- ኣብ ካናዳ ንኽትሰፍር ዝሕግዘካ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብኻልኦት ብIRCC ዝምወላ ትካላት ክረኽባኻ ፍቓድ ምሃብ<br>- ናይ ወግዓዊ ቋንቋ ሕርያ ኣብ ካናዳ | ብዛዕባኻ ዝእከብ ዘሎ መረዳእታ IOM ነዞም ዝስዕቡ ንኽኽእሎ እዩ፡-<br><br>**1.** ብዛዕባ ካናዳ ካብ IOM ሓበሬታን ኣንፈትን ከም ዝረኸብካ ጸብጻብ ናብ ናይ IRCC Immigration Contribution Agreement Reporting Environment (iCARE) ጸብጻብ ንምቕራብ።<br><br>**2.** መረዳእታኻ ምስቶም ብIRCC ዝምወሉ መሻርኽቲ ናይ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት ኣገልግሎታት ንስደተኛታት ዝህቡ ንምክፋል። እዘን ትካላት እዚኣተን ረኺበን ናይ ስራሕ ምኽሪ፣ ብዛዕባ ትደልዮም ነገራትን ንብረትን ገምጋም ይህቡካን ይውከሱካን፣  ይመክሩካን፣ ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝ ኣብ ምድላይ መንበሪ ገዛ፣ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብን ምስ ማሕበረሰብካ ምትእስሳርን ሓዊሱ ኣገልግሎታት ከቕርባልካ እየን። |

IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ንውሽጣዊ ምምሕዳር ዕላማታት ክጥቀመሉ ወይ ብኻልእ መንገዲ ከሰላስሎ ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ IOM ክህልውዎ ንዝኽእሉ ዝኾኑ ይኹኑ ግቡኣትን ውሽጣዊ ኣገባባትን ምኽባር፣ ኦዲት ወይ ምርመራታት የጠቓልል። ናትካ ጠቕላላ መረዳእታ ንፕሮጀክትታትን መደባትን IOM ንምጽብጻብ፣ ንምክትታልን ንምግምጋምን ከምኡ’ውን ንዕላማታት ምርምር ክውዕል ይኽእል።

**መን እዩ መረዳእታኻ ክረኽቦ ዝኽእል?** ኣብ ውሽጢ IOM፣ ውልቃዊ መረዳእታኻ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ(ሱ) ዕላማ(ታት) ዝተኣሳሰሩ ስራሕቲ ንኽፍጽሙ ክፈልጡ ብዘድልዮም መሰረት ሰራሕተኛታት IOM ክረኽብዎ እዮም። ብደገ፣ ውልቃዊ መረዳእታኻ ምስቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዕላማታት ዝተኣሳሰሩ ኣብ ሒሳብ፣ ኦዲት፣ ምምሕዳራዊ፣ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፣ ሕጋዊ፣ ፋይናንሳውን ካልኦት ጉዳያትን ንIOM ሓገዝ፣ ኣገልግሎታትን/ወይ ምኽርን ዝህቡ ሰባት ወይ ኣካላት እውን ክካፈሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብኸምዚ ዝስዕብ ናብ ሳልሳይ ወገን ክሰጋገር ከም ዝኽእል እውን ትሰማማዕ፡-

| ዓይነታት ውልቃዊ መረዳእታ | ናይ ሳልሳይ ወገን ሽም | ዝተወሰነ ዕላማ ምትሕልላፍ |
|---|---|---|
| – ናይ መመልከቲ ቑጽሪ<br>– ፍሉይ መለለዪ ዓሚል (UCI)<br>– ምሉእ ሽም<br>– ፆታ<br>– ዕለት ውልደት<br>– ምስቲ ቀንዲ ኣመልካቲ ዘለካ ዝምድና (እንተሃልዩ)<br>– ዜግነት<br>– ቐዳማይ ቋንቋኻ<br>– እቲ ናብ ካናዳ ክትስደድ እትጥቀመሉ ዘለኻ መደብ<br>– መዕረፊ ቦታ (ከተማን ኣውራጃን ኣብ ካናዳ)<br>– መበገሲ ዕለት<br>– ቑጽሪ ቴሌፎን<br>– ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ<br>– ንምምኽኻር ወይ ንመጽናዕቲ ብIRCC ክትርከብ ፍቓድ ምሃብ<br>– ኣብ ካናዳ ንኽትሰፍር ዝሕግዘካ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብኻልኦት ብIRCC ዝምወላ ትካላት ክረኽባኻ ፍቓድ ምሃብ<br>– ናይ ወግዓዊ ቋንቋ ሕርያ ኣብ ካናዳ | La Cité<br>Connexions Francophones<br>ኢ-መይል፡- info@connexionsfrancophones.ca<br>ቑጽሪ ቴሌፎን፡-<br>+1(800) 267-2483<br><br>YMCA of Greater Toronto<br>Next Stop Canada<br>ኢ-መይል፡- PreArrivalServices@ymcagta.org<br>ቑጽሪ ቴሌፎን፡-<br>+1 (416) 928-3362 | La Citéን /ወይ YMCA of Greater Torontoን ንናይ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት ስደተኛታት ኣገልግሎታት ይህባ። እዘን ትካላት እዚኣተን ረኺበን ናይ ስራሕ ምኽሪ፣ ብዛዕባ ትደልዮም ነገራትን ንብረትን ገምጋም ይህቡካን ይውከሱካን፣ ይመክሩካን፣ ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝ ኣብ ምድላይ መንበሪ ገዛ፣ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብን ምስ ማሕበረሰብካ ምትእስሳርን ሓዊሱ ኣገልግሎታት ከቕርባልካ እየን። |

IOM ምስጢራዊነት ውልቃዊ መረዳእታኻ ንምዕቃብ ኩሉ ርትዓውን ኣድላዪን ጥንቃቐታት ይገብር። IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ንምሕላው እኹል መከላኸሊታት የተግብር።

**IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ክሳብ መዓስ ይዕቅቦ?** ውልቃዊ መረዳእታኻ ነቶም ዝተወሰኑ ዕላማታት ንምዕዋት ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነ ብIOM ክዕቀብ እዩ ድሕሪኡ ውልቃዊ መረዳእታኻ ክስረዝ ወይ ሽምካ ከምዘይግለፅ ክግበር እዩ። ይኹን እምበር IOM ንዕላማታት ምዕቃብ ታሪኻዊ መዛግብቲ፣ ረቛሕታት ለገስቲ ንምኽባር፣ ኦዲት /መርመራ/ ንምግባርን/ወይ ድማ ዕላማታት IOM ንምፍጻም ውልቃዊ መረዳእታኻ ኣብ ማህደር ክሕዞ ይኽእል። IOM ንዕላማታት ኣሃዛዊ ጸብጻብን መጽናዕትን መስርሕ መንነቱ ዘይፍለጥ ሓበሬታ ምዕያይ ክቕጽል ይኽእል እዩ፤ ማለት እውን ብሽም ዘይተገልጸ መረዳእታ ንውሽጣውን ደጋውን ኣጠቓቕማ ዝኸውን ኣሃዛዊ ጸብጻብ ምድላው።

**ብዛዕባ ውልቃዊ መረዳእታይ ክሓትት ወይ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል ዶ?** እወ። እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንIOM ክትሓትት ትኽእል (ሀ) ብዛዕባ ብIOM ዝግበር መስርሕ ውልቃዊ መረዳእታኻ ሓበሬታ ንክህልወካ፣ (ለ) ውልቃዊ መረዳእታኻ ክትረክብ፣ (ሐ) ውልቃዊ መረዳእታኻ ክእረም፣ (መ) ውልቃዊ መረዳእታኻ ንኽድምሰስ፣ (ረ) ነቲ ተወሳኺ መስርሕ ኣብ ውልቃዊ መረዳእታኻ ምቅዋምን /ወይ ፍቓድካ ምልዓልን። IOM ንሕቶኻ ንምግምጋም መንነትካ ምርግጋጽ ከድልዮ እዩ፤ ንኣብነት ድሕንነትን ጸጥታን ኣብ ግምት ብምእታው ሕቶኻ ኩሉ ግዜ ዘይክቐበል እውን ይኽእል እዩ። IOM ነዚ በብጉዳዩ ክግምግሞ እዩ፣ ገደብ ተግባራዊ ኮይኑ እንተተረኺቡ ድማ ብዛዕባ እዚ ዘለና ምኽንያት ክትንገር ኢኻ። ብተወሳኺ ንመስርሕ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብIOM ዝምልከት ጥርዓናት ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

**IOM ብኸመይ ክረኽቦ ይኽእል?** ምስ IOM Ottawa ብ iomottawa@iom.int ወይ ብቑጽሪ ቴሌፎን፡- +1 (613) 237-0651 ብምርኻብ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መሰላት ዝኾኑ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ ጥርዓናት ከተቕርቡ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## መረዳእታ መግለጺ ብሓበሬታ ዝተሰነየ ፍቓድ ተሳታፊ፡-

በዚ ኣቢለ፡-

1. IOM ንውልቃዊ መረዳእታይ ብመሰረት መትከላት ሓለዋ መረዳእታ IOM ከም ዘሰላስሎ ተረዲኣን ይስማዕማዕን።
2. እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ውልቃዊ መረዳእትኦም ናብ IOM ናይ ምቕራብ መሰል ኣብ ዘለኒ ሰባት ውልቃዊ መረዳእታ ተፈፃምነት ከምዘለዎም ተረዲኡኒ ይስማማዕ።
3. እቲ ዘቕረብክዎ ሓበሬታ ዝፈልጦ፣ ልክዕ፣ ሓቅን ቅኑዕን ምዃኑ ይገልጽ። ኣብዚ ቅጥዒ እዚ ናይ ሓሶት ሓበሬታ እንተሂበ IOM ሓገዝ ክህበኒ ከምዘይኽእል ይርደኣኒ።
4. ትሕዝቶታት እዚ ቅጥዒ ከምዝተሓበሩኒን ምሉእ ብምሉእ ከምዝተረዳእኹዎምን ይገልጽ። በዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ከምዝስማዕማዕን ነዚ ቅጥዒ ብነጻ ድሌተይ ፈሪመ ከምዘለኹ ይገልጽ።

ኣብ ______________________ ብዕለት______________________ ተፈሪሙ።

ናይ ተሳታፊ ሙሉእ ሽም:______________________

ናይ ተሳታፊ ምልክት/ክታም/ብትርኩስ-ቀለም ዝተሓተመ ኣሰር ኣጻብዕቲ:

______________________

______________________

## IOM ሓበሬታኻ ኣብ ካናዳ ንዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንኸካፍል ናይ ፍቓድ ቕጥዒ

**ንሕና መን ኢና?** ዓለም ለኸ ትካል ስደት ("IOM") ኣካል ስርዓት ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ኣብ ዓውዲ ስደት ካብ መንጎ ናይ መንግስታት ትካል መሪሕ እዩ። ዕቑባትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተመዛበሉን ሓዊሱ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ስደተኛታትን ደገፍን ሰብኣዊ ሓገዝን ዝህብ ኮይኑ፤ ሰብኣውን ስርዓት ዘለዎን ስደት ንስደተኛታትን ንሕብረተሰብን ይጠቕም ብዝብል መትከል ዝምራሕ እዩ። IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ብመሰረት መትከላት ሓለዋ መረዳእታታቱ እዩ ዘሰላስሎ፣ እዚ ድማ ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ IOM:-www.iom.int/data-protection. ይርከብ።

**ካባኻትኩም እንታይ መረዳእታ ንእከብን ስለምንታይን?** ነዚ ቕጥዒ ብምፍራም ውልቃዊ መረዳእታኻ (ማለት እውን ነዓኻ ከለልየካ ዘኽእል ሓበሬታ) ንኽእከብ፣ ንኽጥቀም፣ ንኸካፍል፣ ንኽዕቕብ ወይ ብኻልእ መንገዲ ንኸሰላስል ሓዊሱ ንIOM፣ ኣብ ክንዲ IOM ክሰርሕ ፍቓድ ንዘለዎ ሰብን ወይ ኣካልን ውልቃዊ መረዳእታኻ ንኸሰላስል ብኸምዚ ዝስዕብ ስልጣን ትህብ ኣለኻ:-

| ዓይነታት ውልቃዊ መረዳእታ | ዝተወሰነ ዕላማ |
|---|---|
| ብዛዕባኻ ዝእከብ መረዳእታ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል:-<br><br>- ናይ መመልከቲ ቑጽሪ<br>- ፍሉይ መለለዪ ዓሚል (UCI)<br>- ምሉእ ሽም<br>- ፆታ<br>- ዕለት ውልደት<br>- ምስቲ ቀንዲ ኣመልካቲ ዘለካ ዝምድና (እንተሃልዩካ)<br>- ዜግነት<br>- ናይ መጀመርታ ቋንቋኻ<br>- እቲ ናብ ካናዳ ንኽትስደድ ትጥቀመሉ ዘለኻ መደብ<br>- መዕረፊ ቦታ (ከተማን ኣውራጃን ኣብ ካናዳ)<br>- መበገሲ ዕለት<br>- ቑጽሪ ቴሌፎን<br>- ናይ ኢመይል ኣድራሻ<br>- ንምምኽኻር ወይ ንመጽናዕቲ ብIRCC ክትርከብ ፍቓድ ምሃብ<br>- ኣብ ካናዳ ንኽትሰፍር ዝሕግዘካ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብኻልኦት ብIRCC ዝምወላ ትካላት ክረኽባኻ ፍቓድ ምሃብ<br>- ናይ ወግዓዊ ቋንቋ ሕርያ ኣብ ካናዳ | ብዛዕባኻ ዝእከብ ዘሎ መረዳእታ IOM ነዞም ዝስዕቡ ንኸኽእሎ እዩ:-<br><br>**1.** ብዛዕባ ካናዳ ካብ IOM ሓበሬታን ኣንፈትን ከም ዝረኸብካ ጸብጻብ ናብ ናይ IRCC Immigration Contribution Agreement Reporting Environment (iCARE) ጸብጻብ ንምቕራብ።<br><br>**2.** መረዳእታኻ ምስቶም ብIRCC ዝምወሉ መሻርኽቲ ናይ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት ኣገልግሎታት ንስደተኛታት ዝህቡ ንምክፋል። እዘን ትካላት እዚኣተን ረኺበን ናይ ስራሕ ምኽሪ፣ ብዛዕባ ትደልዮም ነገራትን ንብረትን ገምጋም ይህቡካን ይውከሱካን፣ ይመክሩካን፣ ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝ ኣብ ምድላይ መንበሪ ገዛ፣ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብን ምስ ማሕበረሰብካ ምትእስሳርን ሓዊሱ ኣገልግሎታት ከቕርባልካ እየን። |

IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ንውሽጣዊ ምምሕዳር ዕላማታት ክጥቀመሉ ወይ ብኻልእ መንገዲ ከሰላስሎ ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ IOM ክህልውዎ ንዝኽእሉ ዝኾኑ ይኹኑ ግቡኣትን ውሽጣዊ ኣገባባትን ምኽባር፣ ኦዲት ወይ ምርመራታት የጠቓልል። ናትካ ጠቕላላ መረዳእታ ንፕሮጀክትታትን መደባትን IOM ንምጽብጻብ፣ ንምክትታልን ንምግምጋምን ከምኡ'ውን ንዕላማታት ምርምር ክውዕል ይኽእል።

**መን እዩ መረዳእታኻ ክረኽቦ ዝኽእል?** ኣብ ውሽጢ IOM፣ ውልቃዊ መረዳእታኻ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ(ሱ) ዕላማ(ታት) ዝተኣሳሰሩ ስራሕቲ ንኽፍጽሙ ክፈልጡ ብዘድልዮም መሰረት ሰራሕተኛታት IOM ክረኽብዎ እዮም። ብደገ፣ ውልቃዊ መረዳእታኻ ምስቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዕላማታት ዝተኣሳሰሩ ኣብ ሒሳብ፣ ኦዲት፣ ምምሕዳራዊ፣ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፣ ሕጋዊ፣ ፋይናንሳውን ካልኦት ጉዳያትን ንIOM ሓገዝ፣ ኣገልግሎታትን/ወይ ምኽርን ዝህቡ ሰባት ወይ ኣካላት እውን ክካፈሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብኸምዚ ዝስዕብ ናብ ሳልሳይ ወገን ክሰጋገር ከም ዝኽእል እውን ትሰማማዕ:-

| ዓይነታት ውልቃዊ መረዳእታ | ናይ ሳልሳይ ወገን ሽም | ዝተወሰነ ዕላማ ምትሕልላፍ |
|---|---|---|
| – ናይ መመልከቲ ቑጽሪ<br>– ፍሉይ መለለዩ ዓሚል (UCI)<br>– ምሉእ ሽም<br>– ፆታ<br>– ዕለት ውልደት<br>– ምስቲ ቀንዲ ኣመልካቲ ዘለካ ዝምድና (እንተሃልዩ)<br>– ዜግነት<br>– ቀዳማይ ቋንቋኻ<br>– እቲ ናብ ካናዳ ክትስደድ እትጥቀመሉ ዘለኻ መደብ<br>– መዕረፊ ቦታ (ከተማን ኣውራጃን ኣብ ካናዳ)<br>– መበገሲ ዕለት<br>– ቑጽሪ ቴሌፎን<br>– ናይ ኢመይል ኣድራሻ<br>– ንምምኽኻር ወይ ንመጽናዕቲ ብIRCC ክትርከብ ፍቓድ ምሃብ<br>– ኣብ ካናዳ ንኽትሰፍር ዝሕግዘካ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብኻልኦት ብIRCC ዝምወላ ትካላት ክረኽበካ ፍቓድ ምሃብ<br>– ናይ ወግዓዊ ቋንቋ ሕርያ ኣብ ካናዳ | La Cité<br>Connexions Francophones<br>ኢመይል፡- info@connexionsfrancophones.ca<br>ቑጽሪ ቴሌፎን፡-<br>+1(800) 267-2483<br><br>YMCA of Greater Toronto<br>Next Stop Canada<br>ኢመይል፡- PreArrivalServices@ymcagta.org<br>ቑጽሪ ቴሌፎን፡-<br>+1 (416) 928-3362 | La Citéን /ወይ YMCA of Greater Torontoን ንናይ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት ስደተኛታት ኣገልግሎታት ይህባ። እዘን ትካላት እዚኣተን ረኺበን ናይ ስራሕ ምኽሪ፣ ብዛዕባ ትደልዮም ነገራትን ንብረትን ገምጋም ይህቡካን ይውክሱካን፣ ይመክሩካን፣ ሕጋዊ ምኽሪ፣ ሓገዝ ኣብ ምድላይ መንበሪ ገዛ፣ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብን ምስ ማሕበረሰብካ ምትእስሳርን ሓዊሱ ኣገልግሎታት ከቕርባልካ እየን። |

IOM ምስጢራዊነት ውልቃዊ መረዳእታኻ ንምዕቃብ ኩሉ ርትዓውን ኣድላዩን ጥንቃቐታት ይገብር። IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ንምሕላው እኹል መከላኸሊታት የተግብር።

**IOM ውልቃዊ መረዳእታኻ ክሳብ መዓስ ይዕቅቦ?** ውልቃዊ መረዳእታኻ ነቶም ዝተወሰኑ ዕላማታት ንምዕዋት ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነ ብIOM ክዕቀብ እዩ ድሕሪኡ ውልቃዊ መረዳእታኻ ክስረዝ ወይ ሽምካ ከምዘይግለፅ ክግበር እዩ። ይኹን እምበር IOM ንዕላማታት ምዕቃብ ታሪኻዊ መዛግብቲ፣ ረቛሒታት ለገስቲ ንምኽባር፣ ኦዲት /መርመራ/ ንምግባርን/ወይ ድማ ዕላማታት IOM ንምፍጻም ውልቃዊ መረዳእታኻ ኣብ ማህደር ክሕዞ ይኽእል። IOM ንዕላማታት ኣሃዛዊ ጸብጻብን መጽናዕትን መስርሕ መንነቱ ዘይፍለጥ ሓበሬታ ምዕያይ ክቕጽል ይኽእል እዩ፤ ማለት እውን ብሽም ዘይተገልጸ መረዳእታ ንውሽጣውን ደጋውን ኣጠቓቕማ ዝኸውን ኣሃዛዊ ጸብጻብ ምድላው።

**ብዛዕባ ውልቃዊ መረዳእታይ ክሓትት ወይ ጥርዓን ከቕርብ ይኽእል ዶ?** እወ። እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንIOM ክትሓትት ትኽእል (ሀ) ብዛዕባ ብIOM ዝግበር መስርሕ ውልቃዊ መረዳእታኻ ሓበሬታ ንክህልወካ፣ (ለ) ውልቃዊ መረዳእታኻ ክትረክብ፣ (ሐ) ውልቃዊ መረዳእታኻ ክእረም፣ (መ) ውልቃዊ መረዳእታኻ ንኽድምሰስ፣ (ረ) ነቲ ተወሳኺ መስርሕ ኣብ ውልቃዊ መረዳእታኻ ምቅዋምን /ወይ ፍቓድካ ምልዓልን። IOM ንሕቶኻ ንምግምጋም መንነትካ ምርግጋጽ ከድልዮ እዩ፤ ንኣብነት ድሕንነትን ጸጥታን ኣብ ግምት ብምእታው ሕቶኻ ኩሉ ግዜ ዘይክቕበል እውን ይኽእል እዩ። IOM ነዚ በብጉዳዩ ክግምግሞ እዩ፣ ገደብ ተግባራዊ ኮይኑ እንተተረኺቡ ድማ ብዛዕባ እዚ ዘለና ምኽንያት ክትንገር ኢኻ። ብተወሳኺ ንመስርሕ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብIOM ዝምልከት ጥርዓናት ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

**IOM ብኸመይ ክረኽቦ ይኽእል?** ምስ IOM Ottawa ብ iomottawa@iom.int ወይ ብቑጽሪ ቴሌፎን፡- +1 (613) 237-0651 ብምርኻብ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መሰላት ዝኾኑ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ ጥርዓናት ከተቕርቡ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## መረዳእታ መግለጺ ብሓበሬታ ዝተሰነየ ፍቓድ ተሳታፊ፡-

በዚ ኣቢለ፡-

1. IOM ንውልቃዊ መረዳእታይ ብመሰረት መትከላት ሓለዋ መረዳእታ IOM ከም ዘሰላስሎ ተረዲኤን ይስማዕማዕን።
2. እዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ውልቃዊ መረዳእትኦም ናብ IOM ናይ ምቕራብ መሰል ኣብ ዘለኒ ሰባት ውልቃዊ መረዳእታ ተፈፃምነት ከምዘለዎም ተረዲኡኒ ይስማማዕ።
3. እቲ ዘቕረብክዎ ሓበሬታ ዝፈልጦ፣ ልክዕ፣ ሓቅን ቅኑዕን ምዃኑ ይገልጽ። ኣብዚ ቅጥዒ እዚ ናይ ሓሶት ሓበሬታ እንተሂበ IOM ሓገዝ ክህበኒ ከምዘይኽእል ይርደኣኒ።
4. ትሕዝቶታት እዚ ቅጥዒ ከምዝተሓበሩኒን ምሉእ ብምሉእ ከምዝተረዳእኹዎምን ይገልጽ። በዞም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ከምዝስማዕማዕን ነዚ ቅጥዒ ብነጻ ድሌተይ ፈሪመ ከምዘለኹ ይገልጽ።

ኣብ ______________________ ብዕለት______________________ ተፈሪሙ።

ናይ ተሳታፊ ሙሉእ ሽም:______________________

ናይ ተሳታፊ ምልክት/ክታም/ብትርኩስ-ቀለም ዝተሓተመ ኣሰር ኣጻብዕቲ:

______________________

______________________

# ምዕራፍ 1

# ሓፈሻዊ መግለጺ ካናዳ






# ምዕራፍ 1
# ሓፈሻዊ መግለጺ ካናዳ






## 1.1 ነዚ ተዘረዚሩ ዘሎ ሓበሬታ ብዛዕባ ካናዳ ትፈልጥ ዶ?


ካልኣይቲ ዝዓበየት ሃገር ምስ ብዙሕ መልከዓ ምድሪ ዘለዋ ሃገር እያ። ከከም ቦታኡ ድማ በረኸቲ ጎቦታት ፣ ሰፋሕቲ ሜዳታት ፣ ጫካታት ከምኡ'ውን ብዙሓት ቀላያትን ወሓይዝን ኣለዋ።



ቀዳሞት ተቐመጥቲ ኤውሮጳውያን ቅድሚ ምምጽኦም ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ካናዳ ተባሂሉ ዘሎ መሬት ደቀባት ይቕመጡ ኔሮም። እዞም ደቀባት ቅድሚ ታሪኽ ናይ ቃልን ጽሑፍን ኣብ'ዚ መሬት ይነብሩ ኔሮም።

ሎሚ ናይ ካናዳ ማሕበረሰብ ብዕድመ ፣ ዕሌት ፣ ሃይማኖት ፣ ጾታ ፣ ወሲባዊ ዝንባለ ፣ ከእለትን ቁጠባዊ ደረጃን ብዙሕ ዝዓይነቱ እዩ።






ስፍሓት ኣብ ግምት ብምእታው ውሑዳት ህዝቢ እዮም ኣብ ካናዳ ዝነብሩ። ናይ ካናዳ ግምት ብዝሒ ህዝቢ ______________ እዩ።




ካናዳ ዝብል ስም ካብ ሁሮን-ኢሮኲዮስ (ቀዳሞት ኣህዛብ) “ካናታ” [kanata] ዝብል ቃል ዝመጸ እዩ። ትርጉሙ ድማ ውሑስ ቦታ ፡ ተቐመጥቲ ወይ ዓዲ ማለት እዩ።



ካናዳ ፕረዚደንት ዘይኮነ ቀዳማይ ሚኒስተር'ዩ ዘለዋ። ምሳልያዊ ርእሲ-ግዝኣት ካናዳ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ከም ዘሎ ንጉስ ወይ ንግስቲ ናይ ካናዳ እዩ/እያ። ንጉስ ወይ ንግስቲ ናይ ካናዳ ኣብ መንግስቲ ስልጣን የብሎምን።



ካናዳ ብህዝቢ ዝምረጽ ወከልቲ-ህዝቢን ባይቶን ዘለዋ ዲሞክራሲያዊት ሃገር እያ።

ኣብ ካናዳ ልዕሊ 200 ቋንቋታት ይዝረቡ። እዚ ን ናይ ደቀባትን ከምኡ'ውን ናይ ናብ ካናዳ ፈሊሶም ዝተጣየሹ ስደተኛታት ቋንቋታት የጠቓልል።





## 1.2 ናይ ካናዳ መሰረትቲ ህዝቢ

ሰለስተ መሰረትቲ ህዝቢ ኣለዉ፡ ንሳቶም ድማ ደቀባት ፡ ፈረንሳውያንን እንግሊዛውያንን እዮም። ይኹን እምበር ኣብ ሙሉእ ታሪኽ ካናዳ ስደተኛታት'ውን ሕብረተሰብ ካናዳ ኣብ ምህናጽ ቀንዲ ተራ ነይሩዎም እዩ።





1. "ኣብ'ዚ ሕጂ ካናዳ ዝበሃል ዘሎ መሬት መጀመርያ ዝነብሩ ዝነበሩ እቶም "ደቀባት ህዝቢ" እዮም። ቅድሚ ነዊሕ ጊዜ ቀዳሞት ኤውሮጳውያን ተቐመጥቲ ቅድሚ ምምጽኦም ኣብኡ ኔሮም። ናይ ባዕላቶም ቁጠባ ፣ ቋንቋን ባህልን ነይሩዎም።




ሎሚ ፡ ከባቢ 5% ናይ ህዝቢ ካናዳ ደቀባት እዮም። ኣብ ካናዳ ሰለስተ ተፈላጥነት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ኣለዉ።



**ሀ) ቀዳሞት ህዝቢ**

ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዝተፈላለዩ ቀዳሞት ህዝቢ ኣለዉ። ሎሚ ፡ ሰባት ከይጠፍኡ ክጥቀሙሎም ዝፍትኑሎም ዘለዉ ካብ 60 ዝበዝሑ ናይ ቀዳሞት ህዝቢ ቋንቋታት ኣለዉ። ቀዳሞት ህዝቢ ኣብ ዓበይትን ነኣሽቱን ከተማታት ካናዳ ይነብሩ። ከባቢ ፍርቆም ዝኾኑ "ሕዙእ" ብዝብል ስያሜ ንኽጥቀሙሉ ተባሂሉ ኣብ ዝተፈለየሎም መሬት ይነብሩ። ብዙሓት ካልኦት ኣብ ርእሰን-ዝማሓድራ ሃገራት ይነብሩ፡ በዚ መሰረት ኣብ ናይ ከባቢኦም ዘቤታዊ ጉዳያት ውሳነ ክውስኑ ይኽእሉ።




**ለ) ኢንዊት**

ኣብ ሰፊሕ ክፋል ናይ ሰሜናዊ ኣውራጃ ካናዳ ክም ንኣሽቱ ሕብረተሰብ ኮይኖም ይነብሩ። ኢንዊት ብቛንቛኦም ኢኑክቲቱት "ህዝቢ" ማለት እዩ። ኢንዊት ፡ ኣብ መሬት ፡ ባሕሪ ን እንስሳታት-መሮርን ዘለዎም ኣፍልጦ ኣብ'ቲ ንኽትነብረሉ ኣጸጋሚ ዝኾነ ናይ ኣርክቲክ ከባቢ ክነብሩ የኽእሎም። ሎሚ ከም ቀደም ንምግቦም ይሃድኑን ከም ካሪቡን ዓሳ ነባሪን ዝዓይነቶም ዓሳታት ይገፉን።




**ሐ) ሜቲስ**

መቦቆሎም ካብ ኤውሮጳውያን ነጋዶ ጸምሪን ካብ ናይ ቀዳሞት ህዝቢ ደቅንስትዮን ዝተወልዱ እዮም። ሜቲስ ፡ ኣብ ናይ ጸምሪ ንግዲ ዝግበረሎም መስመራት ናቶም ባህሊ ዘለዎም ዝተፈልዩ ህዝቢ ኮይኖም። ሎሚ ኣብ ካናዳ ብፍላይ ኣብ ኦንታርዮን ኣብ ምዕራባዊ ግዝኣታት ይነብሩ።




ኣብ መጀመርታ 1600ታት ኣብ'ዚ ሕጂ ካናዳ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታ ኤውሮጳውያን መጻእተኛታት ግዝኣታት ክሰርሑን ክነብሩን ጀሚሮም። መግዛእቲ ማለት ኣብ ካልኦት ህዝቢ ሰፊሮምሉ ዝርከቡ መሬት ምውናንን ምንባርን እዩ። በዚ መሰረት ደቀባት ህዝቢ ብ ኤውሮጳውያን ተቖማጦ ተገዚኦም'ዮም።




2. "ፈረንሳውያን ካናዳውያን" ን ኣካድያውያን ፣ ኩወቤካውያንን ካልኦት ፈረንሰኛ ዝዛረቡ ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ሕብረተሰባትን ዘካተቱ እዮም።


ኣካድያውያን ሕጂ ኣብ ኣትላንቲክ ተባሂሉ ናይ ዝጽዋዕ ኣውራጃ ናይ ፈረንሰኛታት ተቖማጦ ተወለድቲ እዮም። ሎሚ ናይ ኣካድያን ባህሊ ይደምቕ ኣሎን ምዉቕ ኣካል ፈረንሳይኛ ዝዛረቡ ክፋል ካናዳን እዩ።

ኩወቤካውያን ኣብ ኩወቤክ ዝነብሩ ሰባት እዮም። መብዛሕትኦም ኣብ ሞንጎ 1600 ክሳብ 1700 ዓ.ም. ናይ ዝመጹ ፈረንሳይኛ ዝዛረቡ ተቖማጦ ተወለድቲ እዮም። ኩወቤካውያን ፍሉይ መንነትን ባህልን ቋንቋን ኣለዎም። ኣብ'ዚ ግዜ ከባቢ ሓደ ሚልዮን ዝኾኑ ተዛረብቲ ቋንቋ ፍረንሳይኛ ካብ ኩወቤክ ወጻኢ ይነብሩ።



3. "እንግሊዛውያን ካናዳውያን" ካብ 1600 ክሳብ 1900 ናይ ዝመጹ እንግሊዛውያን ፡ ወይላውያን ፡ ስኮትላንዳውያንን ኣየርላንዳውያንን ተወላዶ እዮም።

**ምዕራፍ 1 -** ሓፈሻዊ መግለጺ ካናዳ




ብዙሓት ደቀባት ናብ ኤውሮጳውያን ጽቡቕ ኣቀባብላ ነይሩዎም ፡ በዚ መሰረት ብሰላማዊ መንገዲ ምስኦም ይንግዱ ኔሮም።

ንኤውሮጳውያን ንናይ ካናዳ ናይ ሓጋይ ብርቱዕ ኲነታት ኣየር ከንብሮም ዘድልዮም ክእለታት እዞም ደቀባት ህዝቢ ኣምሂሮሞም።




ውዕላት ኣብ ሞንጎ ደቀባት ህዝቢን መንግስቲ ካናዳን ዝተገበሩ ስምምዓት እዮም። ቀዳሞት ነበርቲ ህዝቢ ከም መተካእታ ቅያር ናይ ሰፊሕ መሬቶም መብጽዓታት ቤት ትምህርትታት ፣ ዓመታዊ ክፍሊታት ከምኡ'ውን ንክሃድኑን ዓሳ ክገፉን ዘኽእሎም ገለ መሰላት ክወሃቦም ተሰማሚዖም። ደቀባት ህዝቢን መንግስቲ ካናዳን ብዛዕባ እዞም ውዕላት ዘለዎም ርድኢት ግን ይፈላለ እዩ። ካናዳ ነዞም ደቀባት ህዝቢ ዝተመባጽዑ ተግቢራቶ ዲያ ዝብል ሕቶ ክሳብ ሕጂ ኣካታዒ እዩ። ሎሚ ፡ ብዛዕባ ናይ ካናዳ ደቀባት ህዝቢ ታሪኽ ምንባብ ብዛዕብኦም ዝሓሸ ርድኢት ክህልወካ ይሕግዘካ።



ካናዳ ምስ ደቀባት ህዝቢ ዘለዋ ዝምድና ብመሰረት ኣፍልጦ ምሃብ ፣ ምክብባር ፣ ምትሕግጋዝን ሽርክናን ንምሕያል ወፍይቲ እያ።

ናይ ካናዳ ሕጊ ንመሰላት ናይ ደቀባት ህዝቢ ኣፍልጦ ይህብ እዩ። ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡



**1.** መሰላት ውዕል




**2.** ናይ ምህዳንን ምግፋፍ ዓሳን መሰላት



**3.** መሰላት መሬት



**4.** መሰል ርእሰ-ምምሕዳር



ብዘየሐጉስ ኣጋጣሚ መንግስቲ ካናዳ መሰል ደቀባት ህዝብታት ኩሉ ግዜ ኣየኽብርን ነይሩ።



ኣብ 2008 መንግስቲ ካናዳ ናይ ሓቅን መተዓራረቕን ኮሚሽን ኣቑሙ። እዚ ጉጅለ ኣብ ሞንጎ ደቀባት ህዝቢ ፡ መንግስቲ ካናዳን ካልኦት ካናዳውያንን ዘሎ ርክብ ዝሕክምን ምክብባር ዝሰፈኖ ንምግባር ይሕግዙ'ዮም ዝበሎም ሓሳባት ዝገልጽ ጸብጻብ ኣውጺኡ። እዚ መስርሕ "ዕርቂ" ዝበሃል ኮይኑ ቀጻሊ መስርሕ እዩ።

ምስ ደቀባት ህዝቢ ኣብ ዝግበር ናይ ዕርቂ መስርሕ ኩሉ ኣብ ካናዳ ዘሎ ሰብ ተራ ይጻወት እዩ።

**መምርሒታት፡** ናብ ዕርቂ ክመርሑ ይክእሉ'ዮም ተባሂሎም ዝምከሩ ምኽርታት ኣንብብ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ እገብሮም'ዩ ኢልካ ኣብ ትሓስቦም ተግባራት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1.** ብዛዕባ ደቀባት ህዝቢ ኣፍልጦኻ ኣስፍሕ



☐ **2.** ንደቀባት ህዝቢን ባህሎምን ኣኽብር



☐ **3.** ናይ ደቀባት ህዝቢ ስነጥበባዊ ስራሓትን ቢዝነሳትን ደግፍ




☐ **4.** ኣብ ናይ ደቀባት ህዝቢ ማሕበራዊ ፍጻመታት ተሳተፍ

ምዕራፍ 1 - ሓፈሻዊ መግለጺ ካናዳ

# 1.3 ካናዳ ካርታ

**መምርሒታት፡** ናይ ካናዳ ካርታ ተዓዘብ። ትነብረሉ ቦታ ትፈልጦ እንተኴንካ ረኺብካ ናይ "❌" ምልክት ግበረሉ።




★ ርእሲ-ከተማ ካናዳ ኦታዋ ትበሃል። ኣብ ሞንጎ ክፍለ-ሃገራት ኦንታርዮን ኩወቤክን ትርከብ።

ክልቲኦም ፡ እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ወግዓውያን ቋንቋታት ካናዳ እዮም። ብሕጊ መሰረት ፈደራላዊ መንግስቲ ኣብ ሙሉእ ክፋላት ካናዳ ብክልቲኡ ማለት ፡ ብንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ኣገልግሎታት ክህብ ይግባእ። ኩወቤክ ቋንቋ ፈረንሳይኛ ዝዝረበላ ክፍለ-ሃገር እያ። ናይ ብሩንስዊክ ወግዓውያን ቋንቋታት ፈረንሳይኛን እንግሊዝኛን እዮም። ኣብ ካልኦት ክፍለ-ሃገራትን ግዝኣታትን ዝርከቡ መብዛሕትኦም ሰባት እንግሊዝኛ ይዛረቡ። እዚ ይኹን እምበር ኣብ ካልኦት ክፋላት ካናዳ ፈረንሳይኛ ዝዛረቡ ሕብረተሰባት'ውን ኣለዉ።




ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዘለዉ ፈረንሳይኛ ዝዛረቡ ሕብረተሰባት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ Carte interactive sur les collectivités francophones ርአ።

# 1.4 ናይ ካናዳ ምልክታት

**መምርሒታት፥** ንናይ ካናዳ ምልክታት ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ እቲ ምልክትን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣራኽብ።

1. 

ናይ ንስሪ ክንቲት

2. 

Inuksuk

3. 

ምልክት መወዳእታ ኣልቦ

4. 

ቆጽሊ ቀቀብ

5. 

ቢቨር

6. 

ፖፒ

ሀ) ኣብ ናይ ሜቲስ ባንዴራ ኣሎ። ትርጉሙ ድማ ናይ ደቀባት ህዝቢን ኤውሮጳውያንን ባህልታት ሓቢሮመን ናይ ሜቲስ ህዝቢ ንዘልኣለም ክነብሩ ምኻኖምን ይገልጽ።

ለ) ልሙድ ካብ ዝኾኑ ገረብ ናይ ካናዳ እዩ። እዚ ገረብ ጥዑም ፈሳሲ ከፍርይ ከሎ ኣቑጽልቱ ድማ ሕብሮም ይልውጡ። ኣብ ናይ ካናዳ ባንዴራ ይረአ እዩ።

ሐ) ናይ ቀዳሞት ኣህዛብ ምስ ፈጣሪ ዘሎ ርክብ ዝገልጽ ናይ ቅድስና ምልክት። ኣብ ጽምብላት ይጥቀሙሉ።

መ) ምእንቲ ናጽነት ካናዳ ተዋጊኦም ዝሞቱ መዘከሪ ምልክት።


ሠ) ንግዲ ጸምሪ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ንቁጠባ ካናዳ ኣገዳሲ'ዩ ነይሩ።

ረ) ናይ ኢንዊት ንመረዳድኢ ትጠቅም ቅርጺ እምኒ። መንፈሳዊ ምልክት ወይ ኣብ ኣርክቲካዊ ከባቢ ንምንባር ትጠቅም መሳርሒት'ያ።


መልሲ፥ 1(ሐ)፣ 2(ረ)፣ 3(ሀ)፣ 4(ለ)፣ 5(ሠ)፣ 6(መ)

# 1.5 ወቕትታት

**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ዝርከቡ ኣርባዕተ ወቕትታትን ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዝሎ ኩነታት ኣየርን ኣንብብ፡፡



- ኣዝዩ ውዑይ (ልዕሊ 33 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ)
- ውዑይ (25ዲግሪ-ሰንቲግሬድ – 32 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ )
- ምውቕ (19 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ -24 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ)
- ዝሑል (6 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ -18 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ)
- ቆራሪ (-9 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ - 5 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ)
- ኣዝዩ ቆራሪ (-19 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ - -10 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ)
- ብዘይ-መጠን ቆራሪ (ትሕቲ -20 ዲግሪ-ሰንቲግሬድ)



# 1.6 ናይ ነፍስ-ወከፍ ወቕቲ ንጥፈታት

ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ሰባት ኣብ ነፍስ-ወከፍ ወቕቲ ዝነጥፉሎም ብዙሓት ንጥፈታት ኣለው።

**መምርሒታት፦** ወቕታዊ ንጥፈታት ትዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ንጥፈትን ዝግብኦ ወቕትን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።




መልሲታት፦ 1(ሠ፦ ለ) 2(ሐ፦ ሰ) 3(ረ፦ ሸ) 4(ሀ፦ መ)




ናይ ደቀባት ህዝቢ ምህዞታት ኣብ ናይ መጀመርታ ታሪኽ ካናዳ ኣብዚ ተራ ተጻዊቱ። ኣብ ካናዳ ኣብ ኩሉ ወቕቲ ሰባት ዝዛነዩሉም ንጥፈታት ኮይኖም ቀጺሎም ኣለዉ።

## 1.7 ንክረምቲ ተዳሊኻ ዶ?

ንቆራሪ ወይ ኣዝዩ ዝሑል ኩነታት ኣየር ልምዲ ዘይብሎም ሓደሽቲ መጻእተኛታት ናይ ካናዳ ሓጋይ ኣሰንባዲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ቀሊል ንፋስ ንኩነታት ኣየር ኣዝዩ ዝሑል ከምስሎ ይኽእል እዩ። ክሞቐካ ምእንተ ደራሪብካ ተኸደን።

**መምርሒታት:** ዛሕሊ ዘስግኦም ዝተፈላለዩ ክፋላት ኣካላትካ ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ክፋል ኣካላትን ንዖ ዝኸድኖ ክዳንን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።




**ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ሰባት ዓመት ሙሉእ ንጡፋት ኮይኖም ኣብ ነፍስ-ወከፍ ወቕቲ ግዳማዊ ንጥፈታት የዘውትሩ። ክዳንካ ብኣገባብ ምኽዳን ኣገዳሲ'ዩ።**

መልሲታት: 1(ሠ): 2(ሀ): 3(ረ): 4(ለ): 5(መ): 6(ሐ)

# 1.8 ገጻት ካናዳ

**መምርሒታት፡** ነቶም ሰባት ተዓዘቦም። ካናዳውያን'ዮም ኢልካ ኣብ ዝሓሰብካዮም ሰባት "✓" ምልክት ግበር።



☑ 1.



☐ 2.



☐ 3.



☐ 4.



☐ 5.




☐ 6.



☐ 7.




☐ 8.



☐ 9.



☐ 10.



☐ 11.



☐ 12.

መልሲታት፡ 1 (✓) 2 (✓) 3 (✓) 4 (✓) 5 (✓) 6 (✓) 7 (✓) 8 (✓) 9 (✓) 10 (✓) 11 (✓) 12 (✓)



ሓደስቲ መጻእቲ ክእለታቶም ሒዞም'ዮም ናብ ካናዳ ዝመጹ። ኣብ ሕብረተሰብ ዝገብርዎ ተሳትፎ ድማ ንናይ ካናዳ ዓወት ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ይሰርሑ ፡ ግብሪ ይኸፍሉ ፡ ዕርክነት ይምስርቱን ኣብ ሕብረተሰቦም ይዋስኡን።

ኣብ'ታ ሃገር ካብ ዝርከቡ 1 ካብ 5 ሰባት ካብ ካናዳ ወጻኢ ዝተወልደ እዩ።





ኣብ ካናዳ ዘልዉ ሰባት ዕድመ፡ ጾታ፡ ዓሌት፡ ማሕበራዊ ደረጃ፡ ኩነታት ሓዳር ወይ ስድራቤት ፣ ቋንቋ ፣ ሃይማኖት ፣ ዜግነት ፣ ኩነታት ስደት ፣ ወሲባዊ ዝንባለን ክእለትን ስንክልናን ብዘየገድስ ናብ ካልኦት ሰባት ተጻዋርነትን ምኽብባርን ከርእዩ ትጽቢት ይግበረሎም።


እዚ ድማ በዚ መሰረት ክትግበር ይኽእል፡



**1.** ኣዘራርባካን ኣካውናኻን ኣኽብሮት ብዘለዎ መንገዲ ምግላጽ።



**2.** ካብ'ቲ ንስኻ ትነብረሉ ኣገባብ ዝፍለ እንተኾነ'ውን ሰባት ከም ድሌቶም ክነብሩ ናይ ዘለዎም መሰል ምኽባር።



**3.** ሰባት ብዘይ ኣፈላላይ ብሚዛናዊ ኣገባብ ምዕንጋል።


**ምስ ህይወት ናይ ካናዳ ኣብ ትላመደሉ ግዜ ኣእምሮኻ ንሓደሽቲ ሓሳባት ክፉት ምግባር ፡ ተዓጻጻፊ ምዃንን ፍልልያት ምጽዋርን ክሕግዙኻ እዮም።**

## 1.9 ብዙሕነት

ካናዳ ንብዙሕነት እተኽብር ሃገር እያ። ሕግታት ካናዳ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ይምልከቱ። ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዘሎ ብዙሕነት ቀጺሎም ኣብ ዘለዉ ገጻት ናይ'ዚ መጽሓፍ ዕዮ ተመልከት።



**መምርሒታት፡** ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዘሎ ብዙሕነት ጾታዊ ባህሪያት ፡ ጾታዊ መንነት ፡ ኣገላልጻ ጾታን ጾታዊ ዝንባለን ከምኡ'ውን መሰላት ኣንብብ።



### 1. ባህርያት ጾታ

ምስተወልድና መብዛሒቱ ጌዜ ብመሰረት ባዮሎጂካዊ ምልክታት ጾታ ይወሃበና እዩ። ብመሰረት ምስልናን ኣካላትና ዝቖሙሉ ኣገባባትን መብዛሒቱ ጊዜ ብሓካይምን ወለድናን ተባዕታይ ♂ ወይ ኣንስታይ ♀ ምኳንና ይንገረና። ገለ ሰባት ድማ ብተፈጥሮ ሕዋስ ናይ ተባዕታይን ኣንስታይን ባዮሎጂ ○ ሒዞም ይውለዱ። ኩላትና ጾታዊ ባህርያት ኣለና። ብዛዕባ ናትካ ሕሰብ።




### 2. ጾታዊ መንነት

ናይ ባዕልና ኣንስታይ ♀፡ ተባዕታይ ♂፡ ክልቲኡ ⚧ ወይ ሓዲኦም'ውን ዘይኮነ ⊖ ጾታዊ ርድኢት። ጾታዊ ርድኢትና ምስ'ቲ ክንውለድ ከለና ዝወሃበና ጾታ ተመሳሳሊ ወይ ዝተፈላለየ ክኸውን ይክእል። ኩላትና ናይ ጾታዊ መንነት ኣለና። ጾታዊ መንነትና ንሕና ጥራይ ኢና ንፈልጦ ማንም ክነግረና ኣይክእልን። ናይ ጾታ ርድኢትና ክቕየር ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ናትካ ጾታ ሕሰብ።



### 3. ኣገላልጻ ጾታ


ጾታና ወይ ጾታዊ መነንትና ከመይ ከምንገልጾ። ናይ ጾታና መግለጺ ተባዕታዊ ♂ ፡ ኣንስታዊ ♀ ፡ ናይ ክልቲኡ ⚥- ሕዋስ ወይ ካልእ ክኸውን ይኽእል። ናይ ጾታና መግለጺ ከም ናይ ኣከዳድና ምርጫ ፣ ኣመሻሽጣ ጸጉሪ ፣ ምምልኻዕ ፣ ኣካላታዊ ቋንቋ ፣ ድምጺን ጠባይን የጠቓልል። ንጥቀመሉ ስምናን ክንድ-ስምን ጾታና ካብ ንገልጸሉም መንገድታት እዮም። ኣገላልጻ ጾታና ክቅየር ይክእል እዩ። ኩላትና ጾታና ብዝተፈላለየ መንገድታት ንገልጽ። ናትካ ጾታ ብከመይ ከም ትገልጽ ሕሰብ።



## 4. ጾታዊ ዝንባለ

ናትና ኣካላዊ ፣ ፍቕራዊን ስምዒታዊን ስሕበት ናብ ካልኦት ሰባት። ናብ ካልእ ጾታ ዘለዎ ፣ ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎ ፣ ካብ ሓደ ጾታ ንላዕሊ ዘለዎ ወይ ጾታ ዘይብሉ ክንሰሓብ ንኽእል። ኩላትና ጾታዊ ዝንባለ ኣለና። ብዛዕባ ጾታዊ ዝንባለ ዘለና ርድኢት ክፈላለ ይኽእል እዩ። ናብ መን ከም ትሰሓብ ሕሰብ።

ኣብ ካናዳ ዘሎ ሕጊ ሰባት ብሰንኪ ጾታዊ ባህርያቶም ፡ ጾታዊ መንነቶም ፡ ኣገላልጻ ጾታኦምን ጾታዊ ዝንባሌኦምን ብዘይቅኑዕ ኣገባብ ከይረኣዩ ይከላኸል።



**ሀ)** ንዝተፈላለየ ጾታ ዘለዎምን ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎምን ሓዊስካ መርዓ ናይ ኩሉ ሰብ መሰል እዩ።





**ለ)** ዝኾነ ጾታዊ መንነቱ ካብ'ቲ ምስ ተወለደ ዝተዋህቦ ጾታ ዝፈላለ ኮይኑ ምስ ዝስምዖ ጾታኡ ብሕጋዊ መንገዲ ክቕይር ይኽእል'ዩ። ናይ ካናዳ ፓስፖርትን መንነት ወረቐትን ሰባት "ተባዕታይ" ፡ "ኣንስታይ" ወይ "ካልእ ጾታ"(✕) ክመርጹ የፍቅድ።



**ሐ)** ኣብ ካናዳ ሰባት ጾታዊ ዝንባሌኦም ፡ ጾታዊ መንነቶምን ጾታዊ ኣገላልጻኦምን ብዝመረጽዎ ኣገባብ ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎም።




**ኤውሮጳውያን ሰፈርቲ ቅድሚ ምምጽኦም ዝተፈላለየ ጾታዊ መንነት ዘለዎም ሰባት ኣብ ካናዳ ይነብሩ ነይሮም። ሎሚ ፡ ናይ ጾታ መንነቶም ካብ ተባዕታይ ወይ ኣንስታይ ወጻኢ ዝኾኑ ገለ ካብ ደቀባት ህዝቢ "ክልተ-መንፈስ" ተባሂሎም ይልለዩ። ንገለ ካብ ደቀባት ህዝቢ "ክልተ-መንፈስ" መንፈሳዊ ትርጉም'ውን ኣለዎ።**



# 1.10 ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ካናዳ




ስንክልና ዘለዎም ሰባት ማህሰይቲ ፡ ግዱብ ናይ ምንቅስቓስ ክእለት ከማኡ'ውን ናይ ተሳትፎ ግትኣት ኣለዎም። ገሊኦም ስንክልናታት ዝረኣዩ ክኾኑ ከለዉ ካልኦት ድማ ዘይረኣዩ ኣለው። ሓደ ሰብ ምስ ስንክልና ክውለድ ወይ ብሰንኪ መጉዳእቲ ፡ ሕማም ፡ ዕድመ ስንክልና ከጋጥሞ ይኽእል።



ኣብ ካናዳ 1 ካብ 5 ሰባት እንተወሓደ ሓደ ስንክልና ኣለዎ።




ስንክልና ዘለዎም ሰባት ማዕረ ኩሉ ኣብ ካናዳ ዝነብር ሰብ ትሕዝቶ ህይወት ናይ ምስትምቓር መሰል ኣለዎም። ንስኻ ወይ ኣባል ስድራቤትካ ስንክልና ምስ ዝህልወኩም መሰልኩም ተጠቂምኩም ምስ ዝሕግዙኹም ሰባት ብዛዕባ ዘድልየኩም ነገር ተዘራረቡ።



ኣብ ካናዳ ፣ ቢዝነሳት ፣ ቤት ትምህርትታት ፣ ትካላትን ከምኡ'ውን ሕብረተሰባት ድሌታት ናይ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ንምምላእ ይሰርሑ ኣለው።

ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡




1. ብቐሊሉ ክእተው ዝከኣል ህዝባዊ ቦታታትን ህዝባዊ መጓዓዝያን ብምድላው።



2. ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኣብ ትምህርቲ ክሕግዙ ዝኽእሉ ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ወይ ገንዘባዊ ድጋፋት ምቕራብ።



3. ስንክልና ዘለዎም ሰባት ክሰርሑ ዝኽእሉሉ ከባቢ ምእንቲ ክኸውን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታታት ለውጥታት ምግባር።



4. ኣብ ምቑጻር ስራሕ ፡ ትምህርቲ ፡ ገዛን ካልኦት ሸነኻት መዓልታዊ ሂወትን ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ምንጻግ።




**ንዓኻ ወይ ንኣባል ቤተሰብካ ስንክልና ምስ ዝህልወኩም ንመእለዪ ዝኸውን ዋጋ ክሕግዘካ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ኣለዉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ንዝመወሉኻ ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ወይ ብሕታዊ መወልትካ ተወከስ።**




# 1.11 ርክባት ምስ ኣብ ካናዳ ዘለዉ ስንክልና ዘለዎም ሰባት

**መምርሒታት፡** ኣጋጣሚታት ናይ ስንክልና ዘለዎም ሰባት ተዓዘብ። ንነፍስ-ወከፍ ኣጋጣሚ ምስ መግለጺኡ መስመር ብምስኣል ኣራኽቦ።



1.



2.



3.



4.



5.



6.

**ሀ)** ምስ ዝህግዞም ዘሎ ሰብ ዘይኮነስ ምስ'ቲ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብቐጥታ ተዛረብ።

**ለ)** ስንክልና ዘለዎ ሰብ ምንም ክገብር ኣይክእልን'ዩ ኢልካ ኣይትሕሰብ።

**ሐ)** ነቲ ሰብ እምበር ነቲ ስንክልናኡ ኣይትርኣ።

**መ)** ብዘይ ፍቓዶም ንስንክልና ዘለዎ ሰብ ወይ መሐገዚ ንብረቶም ኣይትተንከፍ።


**ሠ)** ከይተሓተትካ ካብ ትሕግዝ ሓገዝ ይደሊ እንተኾይኑ ንስንክልና ዘለዎ ሰብ ኣቕዲምካ ሕተት።

**ረ)** ስንክልና ንዘለዎ ሰብ "ዘይጥዑይ" ኢልካ ኣይትጸውዖ።


መልሲታት: 1(ሐ): 2(ረ): 3(ሀ): 4(ለ): 5(ሠ): 6(መ)



# 1.12 ኣድልዎ ኣብ ካናዳ




ኣድልዎ ንሰባት ካልኦት ሰባት ብናጻ ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገራት ካብ ምግባር ይኸልክሎም። ንሓደ ሰብ ብኣድልዎ ክትሪኦ ማለት ኣሉታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ካብ ካልኦት ሰባት ፈሊኻ ክትርእዮ ማለት'ዩ።



ኣብ ካናዳ ዘለዉ ሰባት ኣድልዎ ከምዘሎ ይፈልጡ'ዮም። ዋላ'ኳ ካናዳ ሕብረ-ብሄራዊትን ተቐባሊት ሕብረተሰብን እንተኾነት ı ካብ 5 ሰባት ኣድልዎ ኣጋጢሙዎ ይፈልጥ እዩ።

ኣፈላላይ ብዝተፈላለየ መልክዓት ከጋጥም ይኽእል። ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ከተለልዮ ቀሊል'ዩ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ድማ ሕቡእ ክኸውን ይኽእል።

ኣድልዎ ፡ ንዕቀት ወይ ጸርፊ ዘለዎ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ዝቐጻለ ተሞኩሮ ክመስል ይኽእል። ካብዞም ጸርፍታት ነዚኦም ክመስል ይኽእል፡




**1.** ከም ዘይመስተውዓሊ ትሕሰብ



**2.** ከም ተጠርጣሪ ትሕሰብ



**3.** ብጌጋ ከም ናይ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ትረአ




**4.** ኣገልግሎታት ኣኣብ ትረኽበሉ ግዜ ብዘይግቡእ ኣቀባብላ ትእንገድ

**ብመሰረት ሕግታት  ካናዳ ሰባት ብሰንኪ መንነቶም ብሕማቕ ወይ ብዘይ ኣገባብ ምእንጋድ ዘይሕጋዊ እዩ።**



**መምርሒታት፡** ኣብነታት ናይ ኣድልዎ ተመልከት። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ኣብነትን ዓይነት ናይቲ ኣድልዎ መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



“ካበይ ሃገር መጺእካ? ናብ ሃገርካ ተመለስ!”

1.



“ጋንታና ተጻወትቲ ርእሶም ክሸፈኑ ኣየፍቅድን’ዩ። ክትጻወት ኣይትኽእልን ኢኻ።”

2.



“መደያየቢት ተሰቢራ ኣላ”

3.



**ሀ)** ስንክልና መሰረት ዝገበረ ኣፈላላይ




**ለ)** ዜግነት መሰረት ዝገበረ ኣፈላላይ



**ሐ)** ሃይማኖት መሰረት ዝገበረ ኣፈላላይ

መልሲታት፡ 1.(ለ) 2.(ሐ) 3.(ሀ)



4.

“ክልተ ሰብኡት ኣብ
ህዝባዊ ቦታ ኢድ ን ኢድ
ተተሓሒዞም! ዘይሓፍሩ!”




5.

“ደቅንስትዮ ነዚ ስራሕ
ክሰርሓ ኣይክእላን እየን።”




6.

“ከማኻ ዓይነት ሰባት
ኣብ’ዚ ዝኾነ ነገር ክገዝኡ
ኣይክእሉን’ዮም!”




7.

“ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ኣብ’ዚ
ምምጻእ ኣንተቀጺሎም እዚ ከባቢና
ውሕስነት ኣይህልዎን’ዩ።”




**መ)** ጾታዊ መንነት መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ



**ሠ)** ጾታ መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ



**ረ)** ንመን ተፍቅር (ጾታዊ ዝንባለ) መሰረት
ዝገበረ ኣድልዎ



**ሰ)** ዓሌት መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ

(ሀ)ረ :(ሙ)፱ :(ጠ)ና :(ገ)ቱ :ፏፊሀሃሙ

# 1.13 ኣተኣላልያ ኣፈላላይነት ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ኣድልዎ ዘለዎም ኮይኖም ዝተሰምዑኻ መስርሓት ወይ ተግባራት ብኣገባብ ክትሓትት መሰል ኣለካ።


**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ኣድልዎ ብግቡእ ክትኣልየሎም ዘኽእሉኻ ምኽርታት ተዓዘብ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ክትገብሮም ኣብ ትኽእል ንጥፈታት "✓" ምልክት ግበር።




☐ **1.** ብዛዕባ ሓያል ጎንኻ ሕሰብ።



☐ **2.** ምስ ትኣምኖም ሰባት ተዘራረብ።



☐ **3.** ዝከኣል ምስ ዝኾውን ነዚ ዘሸግረካ ዘሎ ሰብ ከቋርጽ ሕተቶ።





☐ **4.** ጸብጻብ ዘጋጠመ ኩነታት ፡ እንታይ ከም ዘጋጠመ ፣ ኣስማት ፣ ዕለት ፣ ሰዓትን ቦታን ጸሓፍ። እዚ ተደጋጋሚ ናይ ኣድልዎ ተግባራት ምህላው ኣብ ምፍላጥ ክሕግዝ'ዩ።





☐ **5.** ካብ ናይ ኣእምሮ ሰብ ሞያ ጥዕና ሓገዝ ሕተት።

☐ **6.** ምኽሪ ምስ ትደሊ ናይ ህጹጽ ረድኤት ብዝይኮነ ካልእ መስመር ናብ ፖሊስ ክትድውል ትኽእል።






☐ **7.** ምስርጣይ እንተቐጺሉ ኣስራሒኻ ናይ ጸረ-ምስርጣይ ፖሊሲ ከም ዘለዎ ኣረጋጊጽካ ነቲ መምርሒታት ተኸተል።

☐ **8.** ኣብ ሓደጋ ምስ ትህሉ ናብ 911 ደውል።

**ኣድልዎ ሓንሳብ ሓንሳብ ናብ ጎነጽ ክመርሕ ይኽእል እዩ። ጎነጻዊ ኣፈላላይ ኣብ ካናዳ ልሙድ ተርእዮ ኣይኮነን። እዚ ዓይነት ጎነጽ ከቢድ ጥሕሰት ሕጊ'ዩ።**

# 1.14 ኣብ ካናዳ ሰባት ዝገብርዎም ነገራት

ኣብ ካናዳ ፡ ካብ ንስኻ ወይ ትፈልጦም ሰባት ተገብሩዎም ነገራት ብዝተፈልየ ሰባት ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ዝገብሩዎ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።


**መምርሒታት:** ኣብ ካናዳ ልሙዳት ዝኾኑ ባህርያት ተዓዘብ። ንዓኻ ሓደሽቲ ኣብ ዝኾኑ ባህርያት "✓" ምልክት ግበር።




☐ **1.** ኣብ መስመር ምስራዕ




☐ **2.** መጻምዲ ክሰዓዓሙ (እንኮላይ ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎም መጻምዲ)




☐ **3.** ዓይኒ ንዓይኒ ምርእኣይ



☐ **4.** ንጓና ሰላም ምባል ወይ ፍሽኽ ምባል




☐ **5.** ሃይማኖታዊ ክዳን ወይ ምልክታት ምኽዳን



☐ **6.** ሓጺር-ስረን ቲሸርትን ምክዳን



☐ **7.** ኣብ ህዝባዊ ቦታ ምጥባው



☐ **8.** ናይ ቱሽቱሽ መጥፍኢ ሕማቕ ሽታ ምጥቃም



**ኣብ ካናዳ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ጎሓፍ ምጕሓፍ ፡ ጡፍ ምባል ፡ ምሻንን ኣፍካ ከይሸፈንካ ምስዓል ወይ ምህንጣስ ከምዘይቅቡላት ተግባራት እዮም ዝውሰዱ።**





# 1.15 ሕግታት ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናዳ ሰለስተ ደረጃታት ሕጊ ኣለው።









1. **ፈደራላዊ ሕጊ**
   እዞም ሕግታት ንነፍስ-ወከፍ ኣብ ካናዳ ዝነብር ሰብ ይመልከቱ። ናይ'ዚ ኣብነታት ናይ ስደተኛታት ሕግታት ን ግብሪ እቶትን እዮም።
2. **ኣውራጃውን ግዝኣታዊን ሕግታት**
   እዞም ሕግታት ከም ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ይፈላለዩ። ናይ'ዚ ኣብነታት መንበሪ ገዛ ፡ ትምህርትን ስድራቤትን እዮም።
3. **ሕግታት ምምሕዳር ከተማ**
   እዞም ሕግታት ኣብ ውሱን ዓቢይ ወይ ንእሽተይ ከተማ ተግባራዊ ይኾኑ። ንከም ሕግታት ኣብ ድምጺ ፡ ሽጋራ ምትካኽ፡ ጓሓፍ ምጉሓፍ ወይ መኪና ምዕሻግ የጠቓልሉ።



**ሀ)** ኣብ ትሕቲ ሕጊ ካናዳ ሰባት ገበነኛታት ምኳኖም ክሳብ ዘይተረጋገጸ ከም ንጹሃን'ዮም ዝሕሰቡ።



**ለ)** ኣብ ካናዳ ፖሊስ ንኹሉ ብማዕረ ክርኢ ኣለዎ። ኣብ ግዜ ህጹጽ-ኩነት ክሕግዙ ይኽእሉ።



**ሐ)** ፖሊሳት ካብ ኩሉ ዓይነት ጾታ ኣለዉ።



**መ)** ፖሊስ ናይ ሕበረተሰብ ድሕነት ንምሕላው ፡ ገበናት ንምምርማርን ንግዳያት ናይ ገበን ንምሕጋዝን ይሰርሑ። ብመሰረት ሕጊ ሰባት ክኣስሩን ክኸሱን ይኽእሉ።



**ሕግታት ናይ ምፍላጥን ምርዳእን ከምኡ'ውን ምስትሰብሮም ንሳዕቤናቶም ሓላፍነት ኣለካ።**

# 1.16 ኣብ ካናዳ ዘይሕጋዊ

**መምርሒታት፥** ዘይሕጋውያን ተግባራት ኣብ ካናዳ ተዓዘብ። ሳዕቤኑ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ምስ ዝኸውን "$" ምልክት ግበር። እቲ መቕጻዕቲ ምእሳር ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ዝኸውን "Ш" ምልክት ግበር።



[Ш] 1. ፍቓድ ዘይብልካ ብረት ምሓዝ



[ ] 2. መቐነት-ድሕነት ከይገበርካ ምዝዋር



[ ] 3. ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ሽጋራ ምትካኽ



[ ] 4. ኣስጊልካ ከለኻ ምዝዋር



[ ] 5. ፍቃድ ዘይብልካ ምህዳን ወይ ዓሳ ምግፋፍ




[ ] 6. ዘይተደልየ ጾታዊ ምትንኻፍ ወይ ምትንባህ



[ ] 7. ንካልእ ሰብ ወይ ኣባል ስድራቤት'ውን እንተኾነ ኣካላዊ መጉዳእቲ ምስዓብ

መልስታት፥ 1 (Ш)፤ 2 ($)፤ 3 ($)፤ 4 ($)፤ 5 ($)፤ 6 ($ ከምኡ'ውን Ш)፤ 7 (Ш)




8. ንሰራሕተኛ መንግስቲ ጉቦ ምሃብ



9. ዘይሕጋዊ መድሃኒታት ምሻጥ፡ ምጥቃም ወይ ምጉዕዓዝ



10. ኣብ ሓደ ግዜ ምስ ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ ምምርዓው



11. ቆልዑ ምስ ዕርቃኖም ምስኣል ፡ ስእሎም ምውናንን ምምቕራሕን



12. ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ናይ ሓደ ነገር (ድራግ ፣ ኣልኮሆል ፣ መድሃኒታት) ኴንካ ተሽከርካሪ ምዝዋር



13. ንኻልኦት ንመርዓ ምግዳድ



14. ምስ ትሕቲ-ዕድመ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም



15. ደቅንስትዮ ምኽንሻብ



ካብዞም ናይ ካናዳ ሕግታት ኣየኖት እዮም ሓደሽቲ ንዓካ?

መልሲታት፡ 8 (ጠ); 9 (ጠ); 10 (ጠ); 11 (ጠ); 12 (ጠ); 13 (ጠ); 14 (ጠ); 15 (ጠ)

# 1.17 ኣብ ካናዳ ሕጋዊ

ኣብ ካናዳ ዘለዉ ሰባት ካብ ትነብረሉም ዝነበርካ ቦታታት ዝፍለ ናጽነታት ክህልዎም ይኽእል'ዩ። ኣብ ካናዳ ስለዝነበርካ ጥራይ ብዛዕባ እዞም ነገራት ምስኦም ክትሰማማዕ ወይ ንስኻ'ውን ክትገብሮም ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ግን ዋላ ኣይትሰማማዕ ሰባት ነዞም ነገራት ናይ ምግባር መሰሎም ክተኽብር ኣለካ።





1. ልዕሊ 18 ዕድመ እንተኺንካ ንመንን መዓስን ትምርዖ ክትውስን። መጻምዲ ተመሳሳሊ ጾታ እንተሃለዎ'ውን።



2. ጥንሲ ንምውራድ።



3. ምህርትታት ካናቢስ ምጥቃም (ንዓበይቲ ጥራይ)።



4. ኣልኮል ምጥቃም (ንዓበይቲ ጥራይ)።



5. ሓደ ሰብ ዘይሓዊ ሕማም ወይ ስንክልና ምስ ዝህልዎ እሞ ይሳቐ እንተደኣ ኣልዩ ንኽመውት ሕክምናዊ ሓገዝ ምርካብ።



6. ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር መንግስቲ ምግባር።



7. ቆልዑ ክህልዉኻ፡ ን መጻምዲ ዘይብሎም ወይ ተመሳሳሊ ጾታ ዝውንኑ መጻምዲ ሓዊስካ።



8. ናይ ዝኾነ ሃይማኖት ተኸታሊ ክትከውን ወይ ሃይማኖት ዘይብልካ ክትከውን።




9. ብሕጋዊ ኣገባብ ጾታኻ ምቕያር (ተባዕታይ ♂፡ ኣንስታይ ♀፡ ካልእ ጾታ ×)።




ኣብ ካናዳ ሓደ ሰብ እኹል ተባሂሉ ዝሕሰበሉ ዕድመ 18 ወይ 19 ዓመት ምስ ገበረ እዩ። ካብ ሓደ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ናብ ካልእ ድማ ይፈላለ'ዩ።



# 1.18 ስድራቤታዊ ምትእስሳር

ኣብ ካናዳ ፡ ስድራቤታት ካብ’ቲ ትነብረሉ ዝነበርካ ቦታ ዝነበሩ ስድራቤታት ዝተፈልዩ ክመስሉ'ኻ ይኽእሉ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ስድራቤት ሓላፍነት ናይ ነፍስ-ወከፍ ኣባል’ታ ስድራቤት ይፈላለ እዩ።






1. ናይ ኣባላት ስድራቤት ሓላፍነት ስለዝቕየር ናብ ሓድሽ ሃገር ምግዓዝ ንስድራቤታት ይጸልው እዩ። እዞም ለውጥታት ድማ ኣጨነቕቲ ክኾኑ ይኽእሉ።



2. ነዞም ለውጥታት ሽግር ንዘለዎም ኣባላት ስድራቤት ብከም ምዝርራብን ድጋፋት ብምሃብን ብጥዑይ ኣገባብ ምፍታሕ ይከኣል።



3. ገሊኦም ሓደሽቲ መጻእተኛታት ወለዲ ኣብ ካናዳ ምንባር ከቢድ’ዩ ይብሉ እዮም። ነቲ ሓድሽ ባህሊ ደቆም ካብኦም ቀልጢፎም ይለምዱዎ። ወለዲ ፡ ምስ ገለ ገለ ደቆም ዝገብሩዎም ነገራት ከም ኣከዳድና ፡ ኣዘራርባን ተግባራትን ኣይሰማምዑን እዮም።

ዋላ’ኳ ጭንቀት ይሃሉ ናይ ስድራቤት ጎነጽ ኣብ ካናዳ ዘይሕጋዊ ምዃኑ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ’ዚ ኣንብብ፡

**መምርሒታት፡** ኣብነታት ስድራቤታዊ ጎነጻት ትዓዘብ። ኣብ ምንጎ ነፍስ-ወከፍ ኣብነትን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



1.



2.



3.



4.



5.



6.

**ሀ)** ናይ ቆሎዓ ወይ ዓቢ ሰብ ድሌታት ሸለል ምባል

**ለ)** ሰነዳት ምቁጽጻር ወይ ናይ ካላኦት ሰባት ገንዘብ ብዘይ ኣገባብ ምጥቃም

**ሐ)** ኣባል ስድራቤት ምህራም


**መ)** ናይ ስድራቤት ክብሪ መምለሲ ኢልካ ንኣባል ስድራቤት ምቕታል

**ሠ)** ናይ ቃል ወይ ናይ ስምዒት ወይ ናይ ክልቲኡ ሃሰያ ምግባር

**ረ)** ንኣባል ስድራቤት ናይ ጾታዊ ንጥፈት ንኽገብር ምግዳድ

መልስታት፡ 1(ሐ)፡ 2(ረ)፡ 3(ለ)፡ 4(ሠ)፡ 5(ሀ)፡ 6(መ)

ሓደ ሰብ ኣብ ሓዳሩ ክቕጽል ምስ ዘይደሊ ሓደ ካብቶም መጻምዲ ንፍትሕ ከመልክት ይኽእል። ኣብ ካናዳ ቤት ፍርዲ ጥራይ'ዩ ፍትሕ ከፍቅድ ዝኽእል። ወለዲ እንተተፋቲሖም ክልቲኦም ብዛዕባ ምክንኻን ደቆም ክሰማምዑን ብገንዘብ'ውን ክድግፍዎም ኣለዎም።




ኣብ ካናዳ ናይ ስደተኛ ደረጃኻ ክትዕቅብ ኢልካ ኣብ ገፋዒ ዝምድና ክተጸንሕ የብልካን። ናይ ቀዋሚ መንበሪ ደረጃኻ ከይትኸስር ኢልካ ምስ ዝመወልካ ሰብ (መጻምዲን ብጻይን ሓዊስካ) ክትጸንሕ የብልካን።

ምፍርራሕ እንተበጺሑካ ፡ ብዝኾነ መልክዕ እንተተጎዲእካ ወይ ካብ ጎነጽ እንተሃዲምካ ነዚ ዝስዕብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።




1. ንናይ ህጹጽ እዋን ፖሊስ ንምርካብ ናብ 911 ደውል።

2. ንማሕበራዊን ጥዕናዊን ኣገልግሎታት ንምርካብ ናብ 211 ደውል ወይ 211.ca ኢልካ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ድለይ።



3. ኣብ www.sheltersafe.ca. መጽለሊ ርኸብ።



4. ኣማኻሪ ደሊኻ ምኽሪ ሕተት።

# 1.19 ካናዳ ንቆልዑ ስነስርዓት ምትሓዝ



ሕግታት ካናዳ ንቆልዑ ካብ ሽለልትነትን ዓመጽን ይከላኸሉሎም። ኣብ ቆልዓ ዝወርድ ዓመጽ ምስዝህሉ ኩሉ ሰብ ናይ ምንጋር ሓላፍነት ኣለዎ። ስድራቤታት ንቆልዑ ክከናኸኑን ስድራቤቶም ብግቡእ ክጥርንፉን ዝወሃብ ድጋፍ ኣሎ። ይኹን እምበር እቲ ሕጊ ንመንግስቲ ካብ ውሑስ ዘይኮነ ገዛ ቆልዑ ክኣሊ የፍቅደሉ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ኣተሓሕዛ ስነስርዓት ንቆልዑት ኣብ ካናዳ ቅቡላት ኣይኮኑን፡



**1.** ምህራም ፡ ምጉሳጥ ፡ ምቕጥቃጥ ፡ ምቕላዕ



**2.** ንምህሳይ ወይ ንምቕታል ምፍርራሕ




**3.** ምግቢ ወይ ካልእ መሰረታዊ ነገር ምንፋግ



**4.** ፍቕሪ ንምርኣይ ምእባይ ወይ ሽለል ምባል

ወላዲ ክገብሮ ዝኽእል ኣንብብ።



**1.** ምስ ትሓርቕ ግዜ ወሲድካ ተረጋጋእ።



**2.** ኣብ ሞንጎ ቆልዑን ዓበይትን ኣብ ብስለት ፣ ዕድመ ፣ ፍልጠት ፣ ብርታዕን ተመኩሮን ዘሎ ፍልልያት ዘክር።



**3.** ንቆልዓ ንከሃድእ ኣብ ውሑስ ዝኾነ ቦታ ንደቓይቕ ንበይኑ ግደፎ።



**4.** ናይ ቆልዓ ኣድህቦ ናብ ካልእ ንጥፈት ምራሕ።




**5.** ንጽቡቕ ጠባይ ሽልማት ሃብ።



**6.** ናይ ዘይቅቡል ባህርያት ሳዕቤናት ንጹር ግበር።



**7.** ሸግራት ምስ ዘጋጥሙኻ ካልኦት ትረኽቦም ወለዲ ርኸብ።



**8.** ብዛዕባ ካልኦት ኣገባባት ኣተሓሕዛ ስነስርዓት ምስ ኣኣማኻሪ ተዘራረብ።



**9.** ሓለፋታት ከልክል ከምኡ'ውን/ ወይ ገደባት ኣቐምጥ።

**ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ስነስርዓት መትሓዚ ኣገባባት ኣብ ስድራቤትካ ኣየናይ ክሰርሕ ይኽዕል?**

# ምዕራፍ 2
# መገሻ



# ምዕራፍ 2
# መገሻ



## 2.1 ኢሚግሬሽን/ ስደት፡- ተስፋን ፍርሕን

ናብ ካናዳ ክስደዱ ዝሓስቡ ክልተ ሰባት ተራኸቡ።
ናብ ካናዳ ምስ ከዱ ሂወቶም ከመይ ይቕየር ኢሎም ከም ዝሓስቡ ተሓቲቶም ኔሮም። ነፍስ-ወከፎም ድማ ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዝህልዎም ሓድሽ ሂወት ተስፋታቶምን ፍርሕታቶምን ገሊጾም።

**መምርሒታት፡** ንዞም ዘንታታት ኣንብብ። ኣብ ብዛዕባ ምንባር ኣብ ካናዳ ዘለዉኻ ተስፋታትን ፍርሕታትን "✔" ምልክት ግበር።

**1.** ምስ ___________________________ ተላለ። .

ወዲ 24 ዓመት እዩ። ንዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ካብ ሃገሩ ወፃኢ ምስ በዓልቲ ቤቱ ይነብር ኔሩ።

ናብ ካናዳ ክስደድ ተቐባልነት ምስ ረኸበ ነዚ ዝስዕብ ዝርዝር ኣስፊሩ፡-



ተስፋታቱ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡




☐ **ሀ)** ናይ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይን ኢንዱስትሪን ዝምልከት ናይ ቋንቋ ክእለቱ ንምምሕያሽ



☐ **ለ)** ኣብ ውሑስን ድሕነት ኣብ ዘለዎ ሃገር ምንባር




☐ **ሐ)** ኣብቲ ሓድሽ ስርሑ ክዕወትን ስድርኡ ክድግፍን


ፍርሕታቱ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡



☐ **ሀ)** ካብ ኣዝማዱን ፈተውቱን ምርሓቕ



☐ **ለ)** ነዊሕን ዝሑልን ሓጋይ



☐ **ሐ)** በዓልቲ ቤቱ ቅድሚ ሕጂ ዝነበራ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ካናዳ ኣፍልጦ ከምዘይወሃባን ከም ብሓድሽ ክትጅምር ከምዘድልያን

**2.** ምስ________________________________ ተላለ፡፡




ጓል 36 ዓመት እያ፡፡ መፃምድታ ሞይቱ፡፡ ንዝሓለፉ 5 ዓመታት ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ትነብር ኔራ፡፡ ከም ነርስ ኮይና ሰሪሓ እያ፤ ምስ ክልተ ደቃ ድማ ከም ሓጋዚት ነርስ ኮይና ክትሰርሕ ናብ ካናዳ ትመፅእ ኣላ፡፡

ኣብ ትሕቲ ፓይሎት ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ/ EMPP/PVAME ናብ ካናዳ ክትስደድ ተቐባልነት ምስ ረኸበት ነዚ ዝስዕብ ዝርዝር ኣእትያ፡-

ተስፋታታ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡



☐ **ሀ)** ንዕዓን ንደቃን ዝሓሸ ናይ መጻኢ ሂወት ንክህልዎም



☐ **ለ)** ብቕዓታ ኣፍልጦ ክረክብን ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ካናዳ ከም ነርስ ኮይና ክትሰርሕ ንምኽኣል



☐ **ሐ)** ኣብ ትነብረሉ ሓድሽ ሕብረተሰብ ጽቡቕ ተቐባልነት ክህልዋን መሓዙት ክህልዉዋን

ፍርሒታታ ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡



☐ **ሀ)** ኣታዊኣ ምምሕዳርን ናይ ኢሚግሬሽን/ ስደት ልቓሓ ንምምላስ ባጀት ምውፃእን



☐ **ለ)** ካብ ሃገራን ስድራቤታን ኣዝያ ክትርሕቕ ምኳና



☐ **ሐ)** ንደቃ ብሓድሽ ባህሊ ከተዕቢ ምኳና

ብዛዕባ ናብ ካናዳ ዝተሓዋወሰ ስምዒታት ናይ ተስፋን ፍርሕን ክህሉ ባህርያዊ እዩ፡፡ ተቐሪቦም ኣብ ዘለው መስመራት ዘለዉኻ ተወሰኽቲ ተስፋታትን ፍርሒታትን ጸሓፍ፡፡


________________________________

________________________________

________________________________

ኣብ ካናዳ ከም ሓድሽ መፃኢ ከመይ ጌርካ ከም እትዕወት ዝሕግዙ ምኽርታት ዝምልከት ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፡-

## 2.2 ጉዕዞኻ



ናብ ካናዳ ትገብሮ ጉዕዞ ነዊሕን ኣድካምን ክኸውን እዩ። ካብ ትነብረሉ ዘለኻ ሃገር ናብ ካናዳ ዝኸይድ ቀጥታ በረራ ዘይክህሉ ይኽእል እዩ። ናብ መዕለቢኻ ንኽትበጽሕ ካብ ሓደ በረራ ንላዕሊ ክትወስድ ከድልየካ ይኽእል እዩ። በረራ ብዙሕ ሰዓታት ወይ ውሑድ መዓልታት ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን ጉዕዞኻ ኣብ ሆቴል ንምሕዳር መሰናድዎ ኽትገብርን ገንዘብ ክትከፍልን የድልየካ ይኸውን። ብዛዕባ እቲ ናብ ካናዳ ዝግበር ጉዕዞ ዚገልጽ ሓበሬታ መርምር እሞ ኣቐዲምካ መደብ ግበር፣ ገለ ኻብዚ ናብ ካልእ በረራ ንምስጋር ነዊሕ ምድንጓያት ኬጓንፎ ይኽእል እዩ። ኣመልኪትካ ተቐባልነት ምስረኸብካን ብዛዕባ ጉዕዞኻ ዝርዝር ሓበሬታ ምስ ተቐበልካን ንኣስራሒኻ ሓብሮ።


**መምርሒታት:** ናይ ዓለም ካርታ ተመልከት። ሕጂ ትነብረሉ ዘለኻ ቦታ ርኸቦ እሞ "❌" ምልክት ግበረሉ። ካናዳ ብናይ ቀቀብ ቆጽሊ ምልክት ተጌሩላ ኣሎ። ኣብ ሞንጎ እዞም ቦታታት መስመር ብምስኣል ኣራኽቦም።



## 2.3 ጉዕዞ ናብ ካናዳ


እዚ ዝስዕብ ሓበሪታ ብዛዕባ ናይ ካናዳ ጉዕዞኻ ኣገዳሲ እዩ።

**መምርሒታት:** ብዛዕባ ናይ ካናዳ ጉዕዞኻ ዘሎ ሓበሬታ ምልኣዮ። ክሳብ ሒደት መዓልታት ቅድሚ ምብጋስካ ዝተርፉኻ ኩሉ እዚ ሓበሬታ ዘይምፍላጥካ ንቡር እዩ። ኣብ ተዳልዩ ዘሎ መስመራት ነቲ ሓበሪታ ጸሓፍ ወይ ምስ ጉዕዞኻ ዝተተሓሓዙ መልስታት ብ "◯" ምልክት ኣኽብበሎም።



**1.** ትብገሰሉ መዓርፎ ነፈርቲ:


_______________________



2. ናብ ካልእ በረራ ትሰጋገረሉ መዓርፎ ነፈርቲ:

___

___



3. ካብ ዝተበገስካሉ ሃገር ክሳብ ካናዳ ትበጽሕ ዝወሰደልካ ሰዓታት:

___

___




4. መጀመርታ ኣብ ካናዳ ትዓርፈሉ መዓርፎ ነፈርቲ:

**ሀ)** ቶሮንቶ

**ለ)** ቫንኩቨር

**ሐ)** ካሊጋሪ

**መ)** ካሊእ ___



5. መጨረሻ ትዓልበሉ መዓርፎ ነፈርቲ:

___


___



6. ኣብ ካናዳ ትነብረሉ ንእሽተይ ወይ ዓቢ ከተማ:

___

___



7. ካብ መዓርፎ ነፈርቲ ናብ ትነብረሉ ከተማ ትኸደሉ ዓይነት መጓዓዝያ:

**ሀ)** ነፋሪት

**ለ)** ናይ ውሽጢ ከተማ ኣውቶቡስ

**ሐ)** ናይ ግሊ ተሽከርካሪት ወይ ታክሲ

**ኣብ ትሕቲ እቲ ናብ ካናዳ ንምግዓዝ እትጥቀመሉ ቍጠባዊ ምንቅስቓስ ፓይለት ኣሰራሒኻ ወይ እቲ ዘድግፈካ ማሕበረሰብ ካብ መዓርፎ ነፈርቲ ናብታ እትነብረላ ከተማ ንኽትከይድ መደብ ከተውጽእ ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ። ብኸመይ ኪሕግዙኻ ኸም ዚኽእሉ ሕተቶም።**

# 2.4 ናይ መጓዓዝያ ልቓሕካ




ብመንገዲ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት /EMPP/ PVAME ናብ ካናዳ ዝስደዱ ውልቀሰባት ንናይ መጓዓዝያ ልቓሕ ከመልክቱ ይኽእሉ። ልቃሕ መጓዓዝያ ነቲ ናብ ካናዳ ዝግበር ጉዕዞ ኣየርን ካብ IOM ዝወሃብ ሓገዝን ዝሸፍን እዩ ። እዚ ልቃሕ እዚ ወለድ ዘይብሉ ኮይኑ ውልቀ-ሰባት ናብ ካናዳ ምስ መጹ ክኽፈል ኣለዎ።

ናይ ገዛእ ርእሶም ጉዕዞ ከመዝግቡ ዝመረጹ ስደተኛታት ንናይ መጓዓዝያ ልቓሕ ብቑዓት ኣይኮኑን።




1. ናይ መገሻ ዋጋ ንምሽፋን ናይ መጓዓዝያ ልቓሕ ክትጥቀም እንተመሪፅካ ቅድሚ ምብጋስካ ናይ ልቓሕ ሰነድካ ክትፍርም ትሕተት። ንዋጋ መገሻኻ ዝምልከት ሓበሬታ ዘጠቓልል ኮይኑ ድሕሪ ናብ ካናዳ ምምፃእኻ ክትመልሶ ኣለካ። እዞም ወረቓቕቲ ከም ሕጋዊ ሰነዳት ይቑፀሩ።



2. ብሓፈሽኡ እቲ ናይ መጓዓዝያ ልቃሕ ካብ መበገሲካ ክሳብ ኣብ ካናዳ ቐዳመይቲ መዓርፎ ነፈርቲ ዝሸፍን ኢዩ ። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ኣብ ካናዳ ክትጐዓዝ ከለኻ ኣብ ሆቴል ንክትሓድር ምድላዋት ክትገብርን ገንዘብ ክትከፍልን የድልየካ ይኸውን።




3. ነዚ ልቓሕ ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ድሕሪ ሓደ ዓመት ክትከፍሎ ትጅምር።



4. እዚ ልቓሕ ወለድ የብሉን።



5. ነዚ ልቓሕ መዓስ ምኽፋል ክትጅመር ከምዘለካ ፡ ክንደይ ግዜ ክወስደለካ ከምዘለዎን ብከመይ ክትከፍሎ ከምዘለካን ዝሕብር መልእኽቲ መንግስቲ ካናዳ ክሰደልካ እዩ። ብዛዕባ ናይ ስደተኛ ልቓሕ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ናብ 1-800-667-7301 ደውል ወይ ብኢመይል collection@cic.gc.ca ጸሓፍ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ስደተኛ ልቓሕ ኣብ'ዚ ተመልከት፡



6. ነዚ ልቓሕ ኣብ ምኽፋል ሽግራት ምስ ዝህልውኻ ንመንግስቲ ካናዳ ክትሕብር ኣለካ። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ወርሓዊ ዝኽፈል መጠን ንምጒዳል ዝሕግዝ ኣገባብ ክግበር ይከኣል እዩ።

## 2.5 ዓይነታት ሻንጣ



1. **ናይ ኢድ ሳንጣ**
   እዚ ዓቐኑ ንእሽተይ እዩ። ተጓዓዝቲ ምስኦም ኣብ ነፋሪት ሒዞሞ ይድይቡ። ኣብ ትሕቲ ኮፍ መበሊ ወይ ኣብ ላዕሊ ክፋል ናይ ነፋሪት ኣብ ዘሎ ቦታ ክኣትው ክኽእል ኣለዎ።



2. **ዝፍተሸ ዓቢ ሻንጣ**
   መብዛሕትኡ ግዜ እዚ እቲ ዝዓበየ ሻንጣ ተጓዓዝቲ ሒዞሞ ዝመጽኡ እዩ። እቲ መንገዲ ኣየር ኣብ ናይ ነፋሪት ናይ መኽዘን ቦታ ይቕመጥ ተጓዓዝቲ ነዚ ሳንጣ ንመንገዲ ኣየር ኣብ ዝህቡሉ እዋን ቅብሊት ይወሃቦም'ዩ። ሳንጣኦም ከም ኣጋጣሚ እንተጠፊኡ ነዚ ቅብሊት ምስኦም ሒዞም ጸኒሖም ክቕርቡዎ ኣለዎም። ተጓዓዝቲ በረራ ኣብ ዝወድኡሉ ግዜ ሳንጣኦም ይርከቡ።



3. **ውልቃዊ ንብረት**
   እዚኦም ነኣሽቱ ንብረታት ኮይኖም ከም ኣብ ቦርሳ ዘሎ ላፕትፕ ፣ ቦርሳ-ሰነድ  ወይ ንእሽተይ ቦርሳ የጠቓልሉ።




ዝፍተሸ ዓቢ ሻንጣ መብዛሕትኡ ግዜ ብዓቐን ፣ ቅርጺን ሕብሪን ተመሳሳሊ እዩ። ናትካ ሻንጣ ከተለልዮ ኣለካ። ኣብ ኩሉ ሻንጣታትካ ሙሉእ ስምካ ጸሓፈሉ። ብቐሊሉ ከተለልዮ ዝሕገካ ኣብ ዓቢ ሻንጣኻ ዝኾነ ምልክት ወስኸሉ።



## 2.6 ገደብ ሻንጣ

ነፍስ-ወከፍ መንገዲ ኣየር ናቱ ዝኾነ ናይ ሻንጣ ገደባት ኣለዉዎ። ብዛዕባ ናይ ሻንጣኻ ገደብ ንምፍላጥ ኣብ ናይ ገያሾ መጽሓፍ ሓበሬታ ተወከስ ወይ ንሰራሕተኛታት IOM ተወከስ። እዞም ገደባት ነዞም ዝስዕቡ ይውስኑ፡










1. ናይ ዝኾነ ተምጽኦ ሻንጣ እቲ ዝዐበየ መጠን ዕቤት ብሴንቲ-ሜተር። ንውሓት ፣ ጎድኒን ቁመትን ብምዕቃን ነዚ ዓቐን ክትረክቦ ትኽእል።
2. ናይ ነፍስ-ወከፍ ሻንጣ እቲ ዝዐበየ ዝፍቀድ መጠን ክብደት ብ ኪሎ-ግራም። ንነፍስ-ወከፍ ሻንጣ ኣብ ሚዛን ምምዛን ከድልየካ'ዩ።
3. ብመሰረት ዕድመ ንነፍስ-ወከፍ ሰብ ዝፍቀድ ቁጽሪ ሻንጣ።.

**መምርሒታት፡** ተዳልዮም ኣብ ዘለዉ መስመራት ንመንገድካ ዝፍቀዱ ናይ ሻንጣ ገደባት ጸሓፍ።






1. **2ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ትጓዓዝቲ**
   ነፍስ-ወከፍ 2ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ተጓዓዚ ክንደይ ካብ ነፍስ-ወከፍ ዓይነት ሻንጣ ሒዙ ናብ ካናዳ ክመጽእ ይፍቀደሉ?

2. **ትሕቲ 2 ዝዕድሚኦም ትጓዓዝቲ**
   ነፍስ-ወከፍ ትሕቲ 2 ዝዕድሚኡ ተጓዓዚ ክንደይ ካብ ነፍስ-ወከፍ ዓይነት ሻንጣ ሒዙ ናብ ካናዳ ክመጽእ ይፍቀደሉ?

3. ዝፍቀድ ዝዓበየ መጠንን ክብደትን ናይ ነፍስ-ወከፍ ሻንጣ ክንደይ እዩ?



ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ትሕቲ 2 ዝዕድሚኦም ትጓዓዝቲ ናቶም ዝኾነ ኮፍ መበሊ ኣይሕዙን እዮም። ስለ'ዚ እዮም ፍሉይ መጠን ሻንጣ ዝፍቀደሎም።

ብናይ መገዲ ኣየር ተቀሚጡ ዘሎ ክብደትን ቍጽርን ሳንጣ ተከተል። ከምኡ እንተ ዘይጌርካ መገዲ ኣየር ሳንጣካ ምቅባል ኪኣብየካ ይክእል እዩ።

# 2.7 ምስ ነፍስ-ወከፍ ሻንጣ እንታይ ይኣትው?

**መምርሒታት፡** ነዞም ነገራት ተዕዘብ።

ኣብ ናይ ኢድ **ሻንጣኻ ክቕመጡ** ዝኽእሉ ነገራት ክቢ "◯" ሰኣል።



ኣብ ዓቢ **ሻንጣኻ ክቕመጡ** ዝኽእሉ ነገራት ትርብዒት "□" ሰኣል።



ውልቃዊ **ንብረትካ ንዝበሃሉ** ነገራት ስሉስ ኩርናዕ "△" ሰኣል።



ክትውስን ከለኻ ናይ ነፍስ-ወከፍ ሻንጣ ናይ ዓቐንን ክብደትን ገደብ ኣብ ግምት ኣእትው።



△ **1.** ውሑድ ናይ ህጻን ምግብን ጨርቂ-ሽንቲን




□ **2.** ላፕቶፓትን ታብሌታትን



□ **3.** ሞባይል ቴለፎንን ስማርት ቴለፎንን



□ **4.** ካሜራታት



□ **5.** ካልኦት ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት (ምስ 110 – 120 ቮልት ዝሰማምዑ)



□ **6.** ስልማት



□ **7.** ክዳውንትን ጫማታትን



□ **8.** መጻወቲ ቆልዓ




□ **9.** ሃይማኖታዊ ነገራት

መልስታት: 1 (△); 2 (△); 3 (△); 4 (△); 5 (□); 6 (◯); 7 (□); 8 (□); 9 (□)

“○” =  “□” =  “△” = 



10. ውልቃዊ ናይ ክንክን ንብረትታት (ሞዴስክ ሓዊስካ)




11. ውሑድ ዓቐን ናይ ፈሰስቲ ፡ ክሬም ፡ ጀል (ነፍስ-ወከፍ ትሕቲ 100 ሚ.ሊ. ኣብ ጽሩይ መትሓዚ)




12. ፈሰስቲ ፡ ክሬም ፡ ጀል (ነፍስ-ወከፍ ልዕሊ 100 ሚ.ሊ.)



13. ሽጋራ (ክሳብ 200 ጥቕሉል ሽጋራታት ፡ 20 ሽጋራታት ከምኡ'ውን 200 ግራም ስሩሕ ትምባኾ)




14. መመሸጢን መጽረዪ ስኒን



15. ኣልኮል (ክሳብ 8.5 ሊትሮ ቢራ ፡ 1.5 ሊትሮ ወይኒ ፡ 1.14 ሊትሮ ኣልኮላዊ መስተ)



16. ሰነዳትን ሰርትፊኬታትን



17. ግላዊ ስእልታት



18. ገንዘብ



19. መጽሓፍትን መዝገበ-ቃላትን




20. መኣዘዚ ዘለዎም መድሃኒታት



21. ዕሹግ መግቢ

መልሰታት: 10 (○); 11 (○); 12 (□); 13 (□); 14 (○); 15 (□); 16 (△); 17 (○); 18 (△); 19 (□); 20 (○); 21 (□)

“○” =  “□” =  “△” = 




☐ **22.** እዚ መጽሓፍ



☐ **23.** ንመንገዲ ዝኾኑ ድምጺ ዘይብሎም መጻወቲ ቆልዑ




☐ **24.** ዕሹጋት ቁርሲ



☐ **25.** ክትድርብዎ ትኽእል ክዳውንቲ



☐ **26.** ጽላላት (ኩነታት ኣየር መሰረት ብምግባር)



☐ **27.** ሰዓት



☐ **28.** መጽሓፍ ወይ መጽሄት



☐ **29.** ናይ ቆልዑ መዛወሪ



☐ **30.** መኳኳሊ



ናብ ካናዳ ሒዝካዮ ኣብ ትመጽእ ናይ ገንዘብ መጠን ምንም ኣይነት ገደብ የለን። ከም ስድራቤት ልዕሊ 10,000 ዶላር ካናዳ ሒዝካ ወይ ከንድኡ ዝዋግኡ መሳርሒ ሒዝካ ናብ ካናዳ ምስ ትኣትው ኣብ ናይ ካናዳ ጉምሩክ ክትሕብር ኣለካ። እዚ እንተዘይኮይኑ ብገንዘብ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ክትቕጻዕ ትኽእል። ናብ ካናዳ ብመልክዕ ጥረ ገንዘብ ፣ መኣዘዚ ገንዘብ ፣ ቸክ ፣ ኣክስዮን ክተምጽእ ወይ ካብ ባንክኻ ናብ ናይ ካናዳ ባንክ ክተመሓላልፍ ድጋፍ ገንዘብ ናብ ካናዳ ክተምፅእ ትኽእል። እዚ ተፍልጦ መጠን ገንዘብ ደሓር ንእትረኽቦ ደረጃ ገንዘባዊ ድጋፍ ክጸሉ ይኽእል። ናብ ካናዳ ብመልክዕ ጥረ ገንዘብ ፣ መኣዘዝ ገንዘብ ፣ ቸክ ፣ ኣክስዮን ክተምጽእ ወይ ካብ ባንክኻ ናብ ናይ ካናዳ ባንክ ብዝመሓላለፍ ድጋፍ ገንዘብ ናብ ካናዳ ክተምፅእ ትኽእል። እዚ ተፍልጦ መጠን ገንዘብ ደሓር ንእትረኽቦ ደረጃ ገንዘባዊ ድጋፍ ክጸሉ ይኽእል።




መልሓታት: 22 (□); 23 (○); 24 (○); 25 (○); 26 (○); 27 (○); 28 (○); 29 (△); 30 (□)

## 2.8 ገዲፍካዮም ክትከይድ ዘለካ ነገራት

ናብ ካናዳ ከተምጽኦም ዘይትኽእል ነገራት ኣለው። ኣምጺእካዮም ምስ ዘይትሕበር ፡ ምስ ክትቀጻዕ ወይ ክትከሰስ ትኽእል።


ዘይፍቀዱ ገዲፍካዮም ክትመጽእ ዘለካ ነገራት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡




**1.** መግቢ (ስጋ፡ ጻባ፡ ውጽኢት ጻባን ፍሩታ/ ኣሕምልቲን ሓዊስካ))




**2.** ኣትክልቲ ፡ ሓመድን ዕንጨይትን



**3.** ቆርበት ሓዊስካ ክፋላት እንስሳታት




**4.** ምኡዝ-ተኽሊ ፡ ቀመማትን ኣዝርእቲን



**5.** ዓበይቲ ኤለክትሮኒካዊ ንብረታት (ቴለቪዥናትን ናይ ገዛ መሳርያታትን ሓዊስካ)



**6.** ብረት ፡ ጥይትን ኣጽዋርን



**7.** ናይ ሰብ ኣዕጽምቲ



**8.** ተሽከርከርቲ



**9.** መድሃኒታት

# 2.9 ኣብ ናይ ኢድ ሻንጣ ክልከላ ዝግበረሎም







1. ፈሰስቲ ፡ ክሬማትን ጀልን (ነፍስ-ወከፍ ልዕሊ 100 ሚሊ)



2. ላሕትን ሓደገኛታት ንብረታትን (መቑረጺ ጽፍሪ ፡ ክርቢት ፡ መወልዒ ፡ ንኣሸቱ ካራ ፡ ተባራዒ ነገራትን ናይ ስፖርት ንብረታትን)



3. ብሂወት ዘለዉ እንስሳታት ሒዝካ ናብ ካናዳ ኣብ ምምጻእ መደብ ከተውጽእ ሓላፍነትካ እዩ። እንተላይ ናይ መጓዓዝያ፡ ሕክምናዊ ሰነዳትን ክታበታትን። ንኣስራሒኻ ወይ ንኣአንጋዲኻ ድማ ሃብሮ።ናይ ኣገልግሎት እንስሳ ንምምጻእ ናይ መጓዓዝያ፡ ሕክምናዊ ሰነዳትን ክታበታትን ክትከፍል ኣለካ ። ህያዋን እንስሳታት ናብ ካናዳ ንምምጻእ ቀይድታት ኣሎ ተወሳኺ ወጻኢታትን ምድላዋትን ድማ የድሊ ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡



4. ቆልዑ ሒዞም ዝጓዓዙ ሰባት ኣብ ናይ ኢድ ሻንጣኦም መግቢ-ቆልዓን ጸባን (ኣብ ነኣሽቱ መትሓዚታት) ክሕዙ ይፍቀደሎም ምኻኑ የረጋግጹ።

# 2.10 ቅድሚ ምጉዓዝካ

**መምርሒታት፡** ንምጉዓዝ ክትዳለወሎም ዘለካ ነገራት ተዓዘብ። ኣብ ምንን ነፍስ-ወከፍ ንጥፈትን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



1.



2.



3.



4.



5.

**ሀ)** ዓበይቲ ፡ ዘይሕጋውያን ወይ ኣብ ካናዳ ዝወሃቡኻ ንብረት ኣውጽኣዮም።

**ለ)** ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ንብረታትካ ኣብ ናይ ኢድ ሻንጣኻ ኣቐምጦም።

**ሐ)** ኣገደስቲ ሰነዳትካ ኣክብ ኣባዝሓዮም ድማ።

**መ)** ሻንጣኻ ከተለልዮ ከምትኽእልን ክዕጸው ከምዝኽእልን ኣገራርጽ።

**ሠ)** ክትጥርንፎም ትደሊ ንብረታትካ ብመሰረት ኣገዳስነቶም ፡ ናይ ውሕስነት ገደባትን ክብደቶምን ጠርንፍ።

# 2.11 መገሻኻ ምውጣን

ብመንገዲ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ መንገድታት ፓይሎት/ EMPP/PVAME ናብ ካናዳ ዝስደዱ ውልቀሰባት ብኽልተ መንገዲ ይጓዓዙ፡-


1. **ብናይ ባዕሎም/ ብዘይ ሓገዝ፡-** ውልቀ-ሰባት ሰነዳት ምድላውን ትኬት ነፋሪት ምዕዳግን ሓዊስካ ጉዕዞኦም ናይ ምድላው ሓላፍነት ኣለዎም። መስርህ ኢሚግሬሽን መበገሲ መዓርፎ ነፈርቲ ምውዳእ ከምኡውን ኣብ ካናዳ መስርህ ቁጽጽር ስደተኛታት ምዝዛም።

2. **ብሓገዝ IOM ምጉዓዝ፡-** IOM ንውልቀ-ሰባት ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገርን ኣህጉራውን መጓዓዝያ ናይ መሠጋገሪ መዓርፎ ነፈርቲ እውን ዘጠቓልል ናይ ጉዕዞ ሓገዝ ይህቦም ኢዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ እተወሰነ ኽፍሊት ተመርኲስካ እዩ ዚወሃብ ። ኣብ መዓልቲ መገሻ እዞም ውልቀሰባት ምልክት IOM ዘለዎ ቦርሳ ክወሃቦም እዩ። ምስ ጉዕዞ ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ኣገደስቲ ሰነዳት ዝሓዘ እዩ። ነዚ ቦርሳ ኣብ ሙሉእ ጉዕዞ ክሳብ ኣብ ካናዳ እትዓልብ ብውሑስ መንገዲ ኣቐምጦ።





መልሲታት: 1(ሐ): 2(ሠ): 3(ለ): 4(መ): 5(ሀ)

ብሓገዝ IOM ናብ ካናዳ ትጓዓዝ እንተኾይንካ ፆታዊ መግለፂኻ ድማ ካብቲ ኣብ ሰነድካ ዘሎ ዝተፈልየ እንተኾይኑ ንመምርሕን ደገፍን ምስ ሰራሕተኛ IOM ብውልቀ ተዘራረብ።




**መምርሒታት፡-** ብናይ ባዕልኻ ይኹን ወይ ብሓገዝ IOM ብዘየገድስ ናብ ካናዳ ተጓዓዛይ ዝሰዕቡ ኣገደስቲ ዝኾኑ ሰነዳት ርኣይ። ኣብ መንጎ ነፍሲ ወከፍ ሰነድን ስሙን መስመር ስኣል።




1.

ሀ) መረጋገጺ ቀዋሚ መንበሪ



2.

ለ) ካልኦት ሰነዳት ከም ናይ መውጽኢ ሃገር ፍቓድ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን




3.

ሐ) ፓስፖርት ወይ መጉዓዚ ሰነድ



4.

መ) ቪዛ



5.

ሠ) ትኬት መንገዲ ኣየር



6.

ረ) ኣድላዪ ፣ምስ ዝኸውን ናይ ስደተኛ ሕክምናዊ ሰነድ



**መረጋገጺ ቀዋሚ መንበሪ ወግዓዊ ናይ ስደተኛ ሰነድካ'ዩ። ምስ በጻሕካ ድሕሪ ብዙሓት ሰሙናት ናይ ቀዋሚ መንበሪ ካርድኻ ክትወሃብ ኢኻ።ቀዋሚ መንበሪ ካርድኻ ንመረጋገጺ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ኣይትክኦን እዩ። ስለ'ዚ ንመረጋገጺ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ሰነድካ ኣብ ውሑስ ቦታ ከተቐምጦ ኣለካ።**

መልስታት: 1(መ): 2(ሠ): 3(ረ): 4(ሀ): 5(ለ): 6(ሐ)

## 2.12 እንታይ ዓይነት ሰነዳት ምሳኻ ተምጽእ?


**መምርሒታት፡** ተወሰኽቲ ክህልዉኻ ዝኽእሉ ሰነዳት ተመልከት። ኣብ ዘለዉኻን ምሳኻ ክትወስዶም ትደሊ ሰንዳት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1.** ናይ መድሃኒት መእዘዚ ወረቓቕትን መዛግብትን




☐ **2.** ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቓቕቲ




☐ **3.** ናይ ክታበት መዝገባት



☐ **4.** ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቓቕቲ



☐ **5.** ናይ መርዓ/ ፍትሕ ምስክር ወረቓቕቲ



☐ **6.** ናይ ኣገደስቲ ሰነዳት ትርጉም ጽሑፋት

**መምርሒታት፡** ተዳልዩ ኣብ ዘሎ መስመራት ካልኦት ዘድልዩኻ ኣገደስቲ ሰንዳት ጸሓፍ።

# 2.13 ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ

ናብ ሓድሽ ገዛኻ ካናዳ ኣብ ትኸደሉ ግዜ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ክትሓልፎም ዘለካ ብዙሓት መስርሓት ኣለው። በዞም መስርሓት ንልዕሊ ሓደ ግዜ ክትሓልፍ ከድልየካ ይኽእል እዩ።

**መምርሒታት፡** ንናይ መዓርፎ ነፈርቲ መስርሓት ትዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ናይ መኣኣርፎ ነፈርቲ መስርሕን ናቱ መግለጺን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



ናይ መንገዲ ኣየር መፈተሺ ባንኮ

1.



ናይ ስደተኛ መፈተሺ ነቑጣ

2.



ናይ ድሕንነት መፈተሺ ነቑጣ

3.




መበገሲ ማዕጾ

4.



ናይ ጉምሩክ መፈተሺ ነቑጣ

5.



ሻንጣ ትጠልበሉ

6.

**ሀ)** ሓደገኛ ንብረት ኣብ ነብስኻን ኣብ ሻንጣኻን ናይ ዘደልዩ ሰራሕተኛታት መምርሒታት ተኸተል። ንስኻን ሻንጣኻን ብ ኤሌክትሮኒካዊ መቋመቲ ምሕላፍ ከድልየኩም ይኽእል እዩ። ሓደገኛ ንብረት ንምድላይ ሰራሕተኛ ክትንከፈካ ይኽእል እዩ።

**ለ)** ሻንጣኻ መዚንካ ምልክት ግበረሉ። ናይ መስቀሊ ይሕለፍ ወረቐትን ናይ ሻንጣኻ ዝተመዝገበሉ ወረቐትን ተቐበል። ሻንጣኻ ምስ ሰራሕተኛታት መንገዲ ኣየር ግደፎ።

**ሐ)** ቁጽሪ ናይ ኮፍ መበሊን መጸበዪን ቦታ ንክትፈልጥ ትኬትካ ተዓዘብ። ናብ ነፋሪት ትስቀለሉ ቦታ እዩ። ንዝኾነ መግለጺታት ብጥንቃቐ ስማዕ።

**መ)** ብዛዕባ ኣብ ሻንጣኻ ዘለዉ ንብረታት ትሕተቶ መልስ።

**ሠ)** ዓቢ ሻንጣኻ ካብ'ዚ ዝንቀሳቐስ ቸንገያ ውሰድ። ሻንጣታት ይመሳሰሉ እዮም። ኣልዒልካ ትወስዶ ሻንጣ ናትካ ምዃኑ ኣረጋግጽ።

**ረ)** ካብ ሃገር ኣብ ትወጽኡን ናብ ሃገር ኣብ ትኣትወሉን ሰነዳትካ ንመርመራ ንሰራሕተኛ መንግስቲ ኣቕርብ።

መልሲታት፡ 1(ለ)፡ 2(ረ)፡ 3(ሀ)፡ 4(ሐ)፡ 5(ሠ)፡ 6(መ)

# 2.14 መሳርሒታት ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ

ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣብ ጉዕዞኻ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ መሳርሒታት ኣለዉ።


**መምርሒታት፦** ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ዘለው መሳርሒታት ትዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ መሳርሒን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣራኽብ።


ናይ ሻንጣ ዓረብያ

1\.


ዝንቀሳቐስ መኸዲ

2\.


መርኣዩ ሓበሬታ


3\.


ናይ ኣንፈት ምልክታት

4\.


ኣውቶማቲክ ደረጃታት

5\.


መደየቢታት

6\.

ሀ) ናይ በረራታት ግዜን ናይ መንገዲ ሓበሬታታት ከም”መዓስ ኣበይ የብጽሓን ካበይ ይብገሳን የርእይ

ለ) ናይ ሻንጣ ዓረብያ ሒዝካ ኣብ ውሽጢ መዓርፎ ነፈርቲ ክትጓዕዝ እንተደሊኻን ንስንክልና ዘለዎም ሰባትን

ሐ) ናብ ክትከዶ ደሊኻ ዘለኻ ብምምልካት ይሕግዘካ

መ) ሻንጣኻ ኣብ ውሽጢ መዓርፎ ነፈርቲ ከትጓዓዕዝ ይሕግዘካ

ሠ) ኣብ ውሽጢ መዓርፎ ነፈርቲ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ክትከይድ ምስ ትደሊ


ረ) ነዋሕቲ ርሕቀታት ብቁልጡፍ ክትጓዓዝ ይሕግዝ

መልስታት፦ 1(መ)፡ 2(ረ)፡ 3(ሀ)፡ 4(ሐ)፡ 5(ሠ)፡ 6(ለ)

# 2.15 ሓበሬታ ኣብ ናይ ነፋሪት መሰቀሊ ወረቀት

መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ምሕላፍ ፍቓድ ወረቐት ከተርእይ ክትሕተት ኢኻ። ነፍስ ወከፍ ተጓዓዚ ነናቱ ኣለዎ። ኣብ ውሑስ ቦታ ብምቕማጥ ዓቅቦ።

**መምርሒታት፡** ንናይ መሕለፊ ፍቓድ ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ፊደል ናይ መሕለፊ ፍቓድን ምስኡ ዝዛመድ ስእልን መግለጽን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



10. ስም መንገዲ ኣየር



1. ናይ ተጓዕዚ ስም




2. ዕለት በረራ



9. ስም መንገዲ ኣየር



3. መበገሲ መዓርፎ ነፈርቲ








8. መሰቀሊ ሰዓት




4. መዕለቢ መዓርፎ ነፈርቲ



7. መበገሲ ደገ



6. በረራ ዝጅመረሉ ሰዓት




5. ቁጽሪ ሴድያ

መልሲታት፡ 1(ለ)፡ 2(መ)፡ 3(ሠ)፡ 4(ረ)፡ 5(ቀ)፡ 6(በ)፡ 7(ሸ)፡ 8(ሰ)፡ 9(ሐ)፡ 10(ሀ)

# 2.16 ነፋሪት

**መምርሒታት፡** ካርታ ውሽጣዊ ምስሊ ነፋሪት ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ክፋል ናይ ነፋሪትን ኣብ ካርታ ዝዕኡ ዝውክል ቁጽርን መስመር ብምስኣል ኣራኽብ።




መልስታት፡ ሀ(3)፡ ለ(1)፡ ሐ(2)

# 2.17 ኣብ ኮፍ መበሊኻ

**መምርሒታት፡** ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ኣብ ኮፍ መበሊ እንታይ ከም ዘሎ ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ስእልን መግለጺን መስመር ብምስኣል ኣራኽብ።



**መዕቆሪ ተምላስ**

1\.


ሀ) ድሕነትካ ንምሕላው ክትክተሎ ዘለካ መምርሒ



**ጓንቴራ**

2\.

ለ) ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ኮፍ ኢልካ ክትጥቀመሉ ትክእል ጸፊሕ ቦታ



**"መቐነት ተቐነት" ዝብል ምልክት**

3\.

ሐ) ናይ በረራ ሰራሕተኛ ኣድህቦ ትረኽበሉ ኣገባብ




**መጸውዒ መልጎም**

4\.

መ) ከተምልስ ምስ ትደሊ ትጥቀመሉ ፌስታል


መልሲታት፡ 1(መ)፡ 2(ለ)፡ 3(ሀ)፡ 4(ሐ)



**5.** **መብራህቲ**



**6.** **ናይ ውሽጢ በረራ መዘናግዒ**



**7.** **ልዕሊ ርእሲ ዝርከብ ናይ ሻንጣ መቐመጢ**



**8.** **ናይ ድሕነት መግለጺ ካርድ**

**ሠ)** ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ብዛዕባ ድሕነት ዝነግረካ ንእሽተይ ወረቐት

**ረ)** ናይ ኢድ ቦርሳኻ ተቐምጠሉ ቦታ

**ሰ)** ውሻጠ ጸልማት ምስዝኸውን ፡ ንምንባብ ወይ ካልእ ዕላማታት ትጥቀመሉ

**ሸ)** ፊልም ብምዕዛብ ፡ ሙዚቃ ብምስማዕ ወይ ጌም ብምጽዋት ግዜ ተሕልፈሉ መንገዲ

**ካብ ነፋሪት ከም ናይ ድሕነት ጃኬት ዝኣመስሉ ናይ ድሕነት ንብረታት ምልዓል ክልኩል እዩ።**

መልሲታት: 5(ሰ): 6(ሸ): 7(ረ): 8(ሠ)

# 2.18 ኣብ ነፋሪት ክትገብሮም ትኽእል ነገራት

**መምርሒታት፡** ኣብ ነፋሪት ኮይንካ ክትገብሮም ትክእል ንጥፈታት ተዓዘብ። ኣብ ግዜ በረራ ክትገብሮም ንዝመደብካዮም ንጥፈታት "✓" ምልክት ግበረሎም።



☐ **1.** ምግብኻ ምብላዕን ብዙሕ ፈሳሲ ምስታይን





☐ **2.** ምድቃስን ምዝናይን



☐ **3.** ቆልዑት ብንጥፈታት ምጽማድን ኣብ ሴድያኦም ከይረበሹ ኮፍ ከምዝብሉ ምግባርን



☐ **4.** ሽቓቕ ምጥቃም



☐ **5.** ኣድላዪ ምስ ዝኸውን መድሃኒትካ ምውሳድ



☐ **6.** ንኻልኦት ትጓዓዝቲ ብትሑት ድምጺ ምዝራብ



☐ **7.** ናይ ሰራሕተኛታት መንገዲ ኣየር መምርሒታት ምኽታል

**ኣብ ግዜ ምብጋስን ምዕላብን ከምኡ'ውን ብሰራሕተኛታት መንገዲ ኣየር ምስ ትሕበር ምቕነትካ ተቐነት።**

# 2.19 መን ክሕግዘካ ይኽእል?

**መምርሒታት፡** ኣብ ናይ ካናዳ ጉዕዞኻ ዝሕግዙኻ ሰባት ተዓዘብ። ኣብ ምንጎ ነፍስ-ወከፍ ኩነትን ክሕግዝካ/ክሕግዙኻ ዝኽእል/ዝኽእሉ ሰብ/ሰባትን መስመር ብምስኣል ኣራኽብ። ገሊኦም ኩነታት ካብ ሓደ ቅኑዕ መልሲ ንላዕሊ ክህልዎም ይኽእል።




1. ኣብ ነፋሪት ከለኻ ትጠሚ ፣ ትጸምእ ወይ ሓዝሕ የድልየኻ።



2. ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ናይ መጠንቀቕታ ድምጺ ይፍና እሞ ህጹጽ እዋን ይኸውን።



6. ኣብ ናይ ሻንጣ መጠየቒ ቦታ ኣለኻ ግን ሳንጣኻ ክትረኽቦ ኣይከኣልካን።



ሀ ናይ መረጋገጺ ባንኮ ሰራሕተኛ

ለ ናይ መዓርፎ ነፈርቲ ድሕነት


ሐ ሰራሕተኛታት መዓርፎ ነፈርቲ

መ ናይ መዓርፎ ነፈርቲ ናይ ሓበሬታ ቦታ

ሠ ናይ በረራ ሰራሕተኛ



5. ናብ ትቕጽል ነፋሪት ክትከይድ ደሊኻ ግን መእተዊ በየን ምዃኑ ኣይፈለጥካን።




4. ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ዘሎ ኮፍ መበሊኻ ካብ ናይ ስድራቤትካ ምስ ዝርሕቕ።



3. ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጠፊእካ።

ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ይኹን ኣብ ውሽጢ ነፋሪት ወይ ኣብ መሰጋገሪ ስድራቤትካ ብሓንሳብ ከምዘሎ ኣረጋግጽ ንደቅኻ'ውን ተኸታተሎም።


መልሲታት፡ 1(ሠ)፡ 2(ሀ ፡ ሐ ፡ መ)፡ 3(ሐ ፡ መ)፡ 4(ሀ ፡ ሠ)፡ 5(ሐ ፡ መ)፡ 6(ሐ ፡ መ)

# 2.20 ናይ ቀዋሚ መንበሪ ኩነታት

ኣብ ካናዳ ምስ በጻሕካ ምስ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ሓጻር ቃለ-መጠይቕ ክትገብር ኢኻ። ድሕሪኡ ሰነዳት ክትፍርም ክትሕተት ኢኻ።

እዚ ምስ ተወድአ ኣብ ካናዳ ንኽትነብር መሰል ዘለካ ቀዋሚ ትቕማጢ ትኸውን።

**ምሳኻ ናብ ካናዳ ዘይስደድ መፃምድቲ፣ በዓል ቤት፣ ፅግዕተኛ ውላድ ወይ ወዲ ወዲ ኣለካ ድዩ? ኣብ መፃኢ ናብ ካናዳ ድዮም ክስደዱ? ከምኡ እንተኾይኑ ቅድሚ ናብ ካናዳ ምብፃሕኩም ብዛዕባ ዝምድናኹም ንመንግስቲ ክትነግሩ ኣለኩም። ብዛዕባ እቲ ዝምድና ንመንግስቲ ዘይምሕባር ኣብ መፃኢ ምስቲ ኣብ ካናዳ ዘሎ ኣባል ስድራቤት ዳግማይ ክትራኸብ ኣዝዩ ከፀግመካ እዩ።**




ቀዋሚ ነባሪ ካናዳ ከምዝኾንካ ዝገልጽ ካርድ ክስደደልካ እዩ። ናይ ቀዋሚ መንበሪ ካርድ ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። ኩነታት ቀዋሚ መንበሪ ግዚኡ ኣይሓልፍን'ዩ እታ ካርድ ግን ትሓርር እያ። ካርድኻ ግዚኣ ምስ ትውድእ፡ ምስ ትስረቕ ወይ ትጠፍእ ንሓድሽ ካርድ ከተመልክት ኣለካ።

ናይ ቀዋሚ መንበሪ ካርድኻ ክሳብ ዝውዳእ ብዙሕ ግዜ ክትህብ ኣለካ።

ንዓኻን ንፅግዕተኛታት ኣባላት ስድራቤትካን ምስ ቀዋሚ መንበሪ ዝተኣሳሰር ወፃኢታት ንምሽፋን ካብ ወለድ ነፃ ዝኾነ ልቓሕ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። ነዚ ልቓሕ ክትመልስ ትፅቢት ይግበር። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፡-

**ኣብ ካናዳ ምስ በጻሕካ ትወሃቦም ሰነዳት ኣገደስቲ'ዮም። ኣብ ውሑስ ቦታ ድማ ኣቐምጦም።**



# 2.21 መሰላትን ሓላፍነታትን ኣብ ካናዳ

ከም ቀዋሚ ተቐማጢ ካናዳ ብዙሓት መሰላት ኣለውኻ። ምስዞም መሰላት ከኣ ሓላፍነታት ኣለውኻ።

**መምርሒታት፡** ከም ቀዋሚ ተቐማጢ ካናዳ መሰላትካን ሓላፍነታትካን ርአ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ መሰልን ምስኡ ዝዛመድ ሓላፍነትን መስመር ሰኣል።



**ናይ ምስራሕ ወይ ናትካ ቢዝነስ ናይ ምውናን** — 1.



**ሀ)** ናይ ኩሉ ሰብ ሰብኣዊ መሰል ኣኽብር



**ርእይቶኻ ከተስምዕ** — 2.





**ለ)** ንነብስኻን ስድራቤትካን ደግፍን ግብሪ ክፈልን




**ንኹሉ ሰብኣዊ መሰላት** — 3.



**ሐ)** ንኹሎም ሃይማኖታት ኣኽብር



**ሃይማኖትካ ክትክተል** — 4.





**መ)** ቆልዑት ይመሃሩ ምህላዎም ኣረጋግጽ



**ነጻ ናይ መሰረታዊ ህዝባዊ ትምህርቲ** — 5.



**ሠ)** ናይ ካልኦት ሰባት ርእይቶታት ኣኽብር


መልስታት፡ 1(ለ)፡ 2(ሠ)፡ 3(ሀ)፡ 4(ሐ)፡ 5(መ)



6. ንብረት ክትውንን



ረ) ከባቢኻ ምክንኻን




7. ብህዝቢ ዝድጎም ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ክትረክብ





ሰ) ናብ ካናዳ ዳግማይ ንኽትኣትው ክፍቀደልካ ቅቡል ናይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ካርድ ኣርኢ



8. ኣብ ጽሩይን ንጥዕና ምቹእ ከባቢ ክትነብር




ሸ) ግብርታት ክፈል



9. ካብ ካንዳ ወጻኢ ክትጓዓዝ





ቀ) ናይ ንብረት ቀረጻት ክፈል

መልሰታት: 6(ቀ)፡ 7(ሸ)፡ 8(ረ)፡ 9(ሰ)

# 2.22 ቀወምቲ ነበርቲ


ከም ቀዋሚ ተቐማጢ ካናዳ ልክዕ ከም ዜጋታት ተመሳሳሊ መሰላት ኣለካ፡ ብዘይካ ንስኻ፡፡









1. ኣብ ናይ ፌደራል ምርጫታት ከተድምጽ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡
2. ንልዑል-ዝደረጃኡም ስራሓት መንግስቲ ከተመልከት ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡
3. ናይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድካ ክትዕቅብ ንገለ ውሑድ መዓልታት ኣብ ካናዳ ብኣካል ክትህሉ ኣለካ፡፡




ናይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ብከቢድ ገበን ገበነኛታት ኮይኖም ምስ ዝርከቡ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓዶም ክኸስሩዎ ይኽእሉ፡፡



# 2.23 መዓስ ንዜግነት ካናዳ ከተምልክት ትኽእል?

ቅድሚ ንናይ ካናዳ ዜግነት ምምልካት ነዞም ዝስዕቡ ከተማልእ ኣለካ፡








1. ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ካናዳ ክትህሉ ኣለካ፡፡ ንዜግነት መዓስ ከተመልክት ከምእትኽእል ንምፍላጥ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡
2. እኹል ኣፍልጦ ናይ ቋንቋታት እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ክህልወካ ኣለዎ፡፡
3. ብዛዕባ ካናዳ ኣፍልጦ ከምዘለካ መረጋገጺ ፈተና ምሕላፍ፡፡




ናይ ካናዳ ዜግነት ምስተወሃበካ ንናይ ካናዳ ፓስፖርት ከተመልከት ትኽእል ኢኻ፡፡

# ምዕራፍ 3
# ድጋፋትን ኣገልግሎታትን



# ምዕራፍ 3

# ድጋፋትን ኣገልግሎታትን




ኣብዚ ምዕራፍ ዝወሃብ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ንቁጠባዊ ስደተኛታት ዝወሃብ ኣገልግሎታት እዩ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ደጊምካ ምንባብ ጠቓሚ እዩ።.




ኣብ መጀመርታ ዝዓረፍካሉ መዓርፎ ነፈርቲ ናይ ስደተኛ መስርሓት ምስ ሓለፍካ ቀዋሚ ተቐማጢ ትኸውን። ከም ቀዋሚ ተቐማጢ ምስ ናይ ካናዳ ህይወት ክትለማመድ ዝሕግዘካ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓገዛት ክትረክብ ትኽእል።
ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦

ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረሰብካ ናይ ምጥያስ ሰራሕተኛታት ነቲ ሓድሽ መዓልታዊ ህይወትካ ንኽትለምዶ ኺሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም ። ንብሕታዊ ድሌትካን ንስድራ ቤትካን ዘማልእ ብመንግስቲ ዚምወል ትካል ርኸብ።



## 3.1 ናብ ካናዳ ዝወስድ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ መንገድታት



ናይ ካናዳ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት (EMPP/PVAME) ንኽኢላታት ውልቀሰባት ብመደባት ቁጠባዊ ኢሚግሬሽን (ስደት) ኣቢሎም ንቐዋሚ መንበሪ ብቑዓት ክኾኑ ዕድል ይህብ።
ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦


**መምርሒታት፦** ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መንገድታት ኢሚግሬሽን (ስደት) ዝምልከት ሓበሬታ ኣንብብ። ምስ ናብ ካናዳ ዝገበርካዮ ስደት ዝተኣሳሰር ሳንዱቕ ናይቲ መደብ "✓" ዝብል ምልክት ኣቐምጥ።

## 1. ከባብያዊ መንገድታት ምንቅስቓስ




### ሀ) ፕሮግራም ኢሚግሬሽን/ስደት ኣትላንቲክ (AIP/PICA)

ኣብ ሓንቲ ካብተን ኣርባዕተ ኣውራጃታት ኣትላንቲክ ካናዳ ክሰርሑን ክነብሩን ንዝደልዩ ክኢላታት ወፃእተኛታት ሰራሕተኛታትን ዓለምለኻውያን ምሩቓትን ናብ ቀዋሚ መንበሪ ዝወስድ መንገዲ። ውልቀሰባት ካብ ኣብ ኣትላንቲክ ካናዳ ካብ ዝተመደበ ኣስራሒ ናይ ስራሕ ዕድል ይደልዩ። ውልቀሰባት ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረሰቦም ምስ ኣገልግሎታት ሰፈራ ክራኸቡ ይኽእሉ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦




### ለ) ፕሮግራም ሕፁያት ኣውራጃታት (PNP/PCP)

ኣብ ቁጠባ ካናዳ ኣበርክቶ ክገብሩ ዝኽእሉ ክእለት፣ ትምህርትን ናይ ስራሕ ተሞክሮን ዘለዎም ውልቀሰባት ናብ ቀዋሚ መንበሪ ዝወስድ መንገዲ። ነፍሲ ወከፍ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ንገለ ጉጅለታትን ናይ ገዛእ ርእሶም ጠለባትን ዝዓለመ መደባት ኢሚግሬሽን/ስደት ኣለዎ። ውልቀሰባት ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረሰቦም ምስ ኣገልግሎታት ሰፈራ ክራኸቡ ይኽእሉ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦




### ሐ) ፕሮግራም ኢሚግሬሽን/ስደት ገጠርን ሰሜናውን (RNIP/PICRN)

ብማሕበረሰብ ዝምራሕ መንገዲ ናብ ቀዋሚ መንበሪ ክእለት ዘለዎም ውልቀሰባት፣ ረብሓታት ቁጠባዊ ስደት ናብ ንኣሽቱ ማሕበረሰባት ንምዝርጋሕ ዝተዳለወ። ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ብቕዓት ረቛሒታት፣ ናይ ስራሕን ናይ ምምልካት መስርሕን ኣለዎ። ማሕበረሰባት ንውልቀሰባት ምስቲ ዘሎ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎትን ናይ ምምራሕ ዕድላትን የራኽብዎም። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦

## 2. ፈደራላዊ መገድታት ምንቅስቓስ



### ሀ) ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ ምስ ዚህልወካ

### ለ) ብዘይ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ

ኣብ ሓደ ውልቀ ሰብ ናይ ስራሕ ተመክሮን ቋንቋን እተመስረተ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ክልተ መገድታት ምንቅስቓስ ኣሎ። እቲ ሓደ መገዲ ምንቅስቓስ ውልቀ-ሰባት ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ ክረኽቡ ይሓትት እቲ ኻልኣይ ግን ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ ኣይሓትትን ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ፈደራላዊ መገዲ ምንቅስቓስ እተፈላለየ መኣቀኒ ኣለዎ ። ውልቀ-ሰባት ብቐጥታ ንመንግስቲ ካናዳ የመልክቱ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ብቑዕ ምዃንን ብኸመይ ከም እተመልክትን ኣብዚ ኣንብብ።

**መንገዲ ኢሚግሬሽንካ/ስደትካ ብዘየገድስ ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረሰብካ ካብ ዝርከቡ ብመንግስቲ ዝምወሉ ትካላት ናይ ነዊሕ ግዜ ኣገልግሎት ሰፈራ ክትረክብ ይግባእ። ኣስራሒኻ ወይ ማሕበረሰባዊ ትካል ምስዘም ኣገልግሎታት ክራኽበካ ሕተቶ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 3 ንጥፈት 3.9 ርአይ።**

## 3.2 ብገንዘብ ዓርስኻ ምኽኣል



ብናይ ቁጠባዊ ኢሚግሬሽን/ስደት መደባት ናብ ካናዳ ዝስደዱ ውልቀሰባት፣ ንቁጠባዊ መንገድታት ፓይሎት(EMPP/PVAME)እውን ሓዊስካ፣ ካናዳ ካብ ዝኣተዉሉ ቅፅበት ጀሚሮም ብገንዘብ ዓርሶም ክኽእሉ ትፅቢት ይግበረሎም።

ብዘይካ እቲ ዝኽፈል ስራሕ፣ ቅድሚ ምብጋስካ ወይ ምስ መፃእካ ወፃኢታትካ ንምሽፋን ዝተፈላለዩ መደባት ልቓሕ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ነዞም ልቓሓት ክትመልሶም ትግደድ ኢኻ። ንመጀመርታ ግዜ ደሞዝ መዓስ ከም እትኽፈልን ኣቀዲምካ ክትክፈል ከም እትኽእልን ምስኣሰራሒኻ ተዘራረብ። ብውድብ መገላግልትኻ ቅድሚ ምምጻእካ ነዚ ልቓሕ እዚ ኣመልኪትካዮ ትኸውን ኢኻ።



**1. ናይ መጓዓዝያ ልቓሕ**

ወለድ ዘይብሉ ልቓሕ ካብ መንግስቲ ካናዳ ነቲ ኻብ ወጻኢ ሃገር ናብ ናይ መወዳእታ መዓርፎኻ እትገብሮ ጉዕዞ ዚሽፍን እዩ። እዚ ልቓሕ እንታይ ከም ዚሽፍን ዝርዝር እንተ ደሊኻ ኣብ ምዕራፍ 2 ንጥፈታት 2.4 ርአ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፦



**2. ናይ ቀዋሚ ነባሪ ክፍሊት ልቓሕ መሰል**

ኣብ ካናዳ ቐዋሚ ነባሪ ንምኳን ዚወጽእ ወጻኢታት ዚሽፍን ወለድ ዘይብሉ ልቓሕ ካብ መንግስቲ ካናዳ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፦




**3. ዊንድሚል ማይክሮለንዲንግ ልቓሕ**

ኣብ ካናዳ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ እንተ ኣልዩካ ካብ ዊንድሚል ማይክሮለንዲንግ ትሑት ወለድ ዘለዎ ልቓሕ ንቑጠባዊ ስደተኛታት ብቑዕ ንኽትከውን ዜኽእለካ ገንዘብ ከም ዘሎካ ንምሕባር ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ገንዘብ እዚ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሒደት ኣዋርሕ ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ዚኸውን ወጻኢታት ንምሽፋን ኣብ ካናዳ ኺውዕል ትጽቢት ይግበረሉ ።ናብ ካናዳ ቕድሚ ምብጻሕካ ወይ ድሕሪ ምምጻእካ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ነዚ ልቓሕ እዚ ኣመልኪትካ ኽትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ኻብ መንግስቲ ካናዳ እተዋህበ ልቓሕ ኣይኰነን ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፦

ውልቀ-ሰባት ካብ መንግስቲ ካናዳ ልቓሕ ሓገዝ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ካልእ ልቓሕ ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ልቓሕ እዚ ክራይ ገዛ፣ምግቢ፣ክዳውንቲ፣ኣቕሑ ገዛ ከምኡውን ስራሕ ንምርካብ ዜድሊ ነገራት ንምሽፋን እዩ። ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ጥራይ ጌርካ ኽትጥቀመሉ ዚግባእ ወለድ ዘይብሉ ልቓሕ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፦

# 3.3 ናይ ሓባር ኣገልግሎት ስፈራ

ኩሎም ብናይ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ መንገድታት ፓይሎት(EMPP/PVAME) ናብ ካናዳ ዝስደዱ ቀወምቲ ነበርቲ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክረኽቡ ይኽእሉ፦




1. ንህይወት ካናዳ ክትዳሎን ቅድሚ ምምፃእኻ ብግቡእ ዝተሰነየ ምርጫታት ክትገብርን ዝሕግዘካ ብኣካልን ብኢንተርነትን ዝሕግዝ ነፃ ኣገልግሎት ሓበሬታን ኦሬንቴሽንን እዩ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦



2. ካብ መንግስቲ ካናዳ ዝወሃብ ናይ ኢሚግሬሽን/ ስደት ልቓሕ ንዋጋታት ጉዕዞኻ ናብ ካናዳ ዝሽፍን ኮይኑ ናይ መጓዓዝያ፣ ሓገዝን ቀዋሚ መንበሪ ክፍሊትን ይሓውስ። ነዞም ካብ ወለድ ነፃ ዝኾኑ ልቓሓት ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ክትመልሶም ክትጅምር ትግደድ ኢኻ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦



3. ቀፃሊ ድሌታትን ንብረትን ምግምጋምን ናብ ደገፉትን ኣገልግሎታትን ምልኣኽን፣ ብመንግስቲ ዝምወላ ትካላት ንሓደሽቲ መፃእቲ ነዚ ገምጋማትን ሪፈራላትን የቕርብ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 3 ንጥፈት 3.7 ርአ።




4. ምምዛን ቋንቋን ትምርቲ ቋንቋን ንዓበይቲ ተማሃሮ ብቋንቋ ፈረንሳይን እንግሊዝን ክልቲኡ፣ ብዛዕባ ትምህርቲታት ቋንቋ ዓበይቲ ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 6 ንጥፈት 6. 10 ርአ።

**ብመንግስቲ ዝምወላ ትካላት ንሓደሽቲ መፃእቲ ናይ ምድጋፍ ሓላፍነት ኣለወን። ንብሕትውናኻ/privacy ክሕልዉዎ ኣለዎም። ብዛዕባኻ ሓበሬታ ንኽልኡት ቅድሚ ምክፋሎም ፍቓድካ ክረኽቡ ይግደዱ። ትኣምኖ ሰብ እንተረኺብካ ዝኾነ ስክፍታ ወይ ብድሆታት እንተሃልዩካ ኣካፍሎ ምእንቲ ደጋፊ ክኸውን።**






**5.** ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ኣገልግሎታት ንዓኻን ኣባላት ስድራቤትካን፣ ንሞያኻ ክትውጥንን ምስ ኣስራሕትን ኣማኸርትን ክትራኸብ ዝሕግዙኻ፣ ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 7 ንጥፈት 7.8 ርአ።



**6.** ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረሰብካ ክትራኸብ፣ ክትድህስስን ናይ ዋንነት ስምዒት ክትሃንፅን ዝሕግዙኻ ኣገልግሎታት። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ:-




**7.** ኣገልግሎት ሰፈራ ብቛንቋ ፈረንሳይኛ እውን ይርከብ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ንሓደስቲ መፃእተኛታት ኣብ ካናዳ ንዝህልዎም ሓድሽ ህይወት ብዝመረፅዎ ቋንቋ ንኽዳልዉ ይሕግዞም። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ:-




ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ ማሕበረሰባት ካናዳ ኣብዚ Carte interactive sur les collectivés francophones ርኣዩ።

ኩቤክ ብዕሊ ናይ ፈረንሳይኛ ተዛረብቲ ኣውራጃ እያ። ወግዓዊ ቋንቋታት ኒው ብራንስዊክ ፈረንሳይኛን እንግሊዝኛን እዮም። ኣብ ካልኦት ኣውራጃታትን ግዝኣታትን ዝርከቡ መብዛሕትኦም ሰባት እንግሊዝኛ ይዛረቡ፣ ኣብ መላእ ካናዳ ግን ፈረንሳይኛ ዝዛረቡ ማሕበረሰባት ኣለዉ። ኣገልግሎት ማሕበረሰብ፣ ትምህርትን ክንክን ጥዕናን ብኣውራጃታትን ግዝኣታትን ይመሓደር። ብቛንቋ ፈረንሳይኛ ምህላዎም ኣብቲ ዞባ ይምርኮስ።




## 3.4 ንሰፈራኻ ምውጣን

ኣብ ሓዱሽ ሃገር ምቕማጥ ግዜን ፃዕርን ይሓትት። ግቡእ ኣጀማምራ ምግባር ስሉጥ ምስግጋር ንምርግጋጽ ክሕግዘካ ይኽእል።

**መምርሒታት፦** ኣብ ካናዳ ንኽትሰፍር ኣብ ምጅማር ኣገደስቲ ስጉምትታት ርአ። ኣብ ጎኒ እቲ ናብ ካናዳ ክትሰደድ ከለኻ ክትወስዶ ዝሓሰብካዮ ስጉምትታት "✓" ዝብል ምልክት ኣቐምጥ።



☐ **1.** ቅድሚ ምምፃእኩም ኣብ ካናዳ ግዝያዊ መንበሪ ድለዩ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 4 ንፕፊት 4.1 ርአይ።



☐ **2.** ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ናብቲ ግዝያዊ መንበሪኻ ዝግበር መጓዓዝያ ከመይ ጌርካ ክፍሊት ከም እትገብር ሓዊስካ መደብ/ ትልሚ ሓዝ።



☐ **3.** ቅድሚ ስራሕ ምጅማርካን ናይ መጀመርታ ደሞዝካ ምቕባልካን ኣብተን ቀዳሞት ሰሙናት ክንደይ ገንዘብ ከምዘድልየካ ትልሚ/ መደብ ግበር።



☐ **4.** ብገንዘብ ንዓርስኻ ንምኽንካ ንምርግጋፅ ዘድልየካ ዝኾነ ይኹን ልቓሕ ኣመልክት።



☐ **5.** ዝኾነ ልቓሕ ንምምላስ መደብ ሓዊሱ ወፃኢታት ስድራቤት ባጀት ምግባር። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 8 ንፕፊት 8.1 ርአይ።



☐ **6.** ኣብ ኣውራጃኻ ወይ ግዝኣትካ ብህዝቢ ዝምወል ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ንምርካብ ናይ ምፅባይ ግዜ እንተሃልዩ ናይ ግልኻ ሕክምናዊ መድሕን ግዛእ።




☐ **7.** ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኹም ኩሉ ሻንጣን ሰነዳትን ንመእተዊ ኣገባብ ንምፍፃም ድሉው ክኸውን ኣለዎ።



- [ ] **8.** ንኣስራሒኻን ንዝኾነ ይኹን ዚድግፉ ውድባትን ማሕበረሰብን ብደሓን ናብ ካናዳ ኸም ዝመጻእካ ሃብር።




- [ ] **9.** ቁፅሪ ማሕበራዊ መድሕን፣ ኣውራጃዊ መለለዪ መንነት፣ ወይ ቀዋሚ ነባሪ ካርድ ሓዊሱ ኣገደስቲ ሰነዳት ኣመልክት።



- [ ] **10.** ኣብ ኣውራጃኻ ወይ ግዝኣትካ ብህዝቢ ዝምወል ወይ ናይ ህዝቢ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣመልክት።



- [ ] **11.** ብዛዕባ ዝኾነ ህፁፅ ሕክምናዊ ድሌታት፣ ብዛዕባ ኣለርጂን ጠለባት ኣመጋግባን እውን ንሓደ ትኣምኖ ሰብ ኣፍልጦ።



- [ ] **12.** ናብ ካናዳ ክትስደድ ከለኻ ክሕግዘካ ዝኽእል ኣብ ማሕበረሰብካ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ድለይ።



- [ ] **13.** ናይ ባንክ ሒሳብ ከፊትካ ኣብ ካናዳ ገንዘብ ከመይ ጌርካ ከም እትጥቀመሉን ከም እትረኽቦን ተማሃር።



- [ ] **14.** ሰነዳትካ ምስጢራዊን ውሑስን ጌርካ ምሕላው፣ ከመይ ጌርካ ከም እትጥቀመሉን ኣብ ግዜኡ ከም እተሐድሶን ተማሃር።



- [ ] **15.** ቀዋሚ መንበሪ ገዛ ምድላይን ናይ ክራይ መመልከቲ ሰነድ ምድላውን።



16. ኣብ ስድራቤትካ ህፃናት ኣብ መዓልታዊ መንከባከቢ ህፃናት፣ መዋእለ ህፃናት ወይ ቤት ትምህርቲ ኣመዝግብ። ትምህርታውን ማሕበራውን ምዕባለኦም ተኸታተል።





17. ንዓርስኻን ኣብ ስድራኻ ዘለዉ ዓበይቲ ሰባትን ኣብ ነፃ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ምምዝጋብ።



18. ሓድሽ ናይ ክራይ ውዕልካ (ሊዝ) ተረዲእካ ምፍራም።



19. ኣብ መንበሪ ገዛኻ ከመይ ጌርካ ውሑስ ክትከውን ከም እትኽእል፣ ከመይ ጌርካ ማዕፆ ትዓፅዎ፣ ከመይ መሳርሒታት ትጥቀም፣ ከመይ ነቲ ቦታ ብፅቡቕ ኩነታት ተፅርዮን ተፅንሖን፣ ከምኡ'ውን ኅሓፍ ትድርብዮ ተመሃር።



20. ህዝባዊ መጓዓዝያ ብዓርስኻ ተጠቐም፤ ንኸይትጠፍእ ድማ ኣገደስቲ ኣድራሻታት ሒዝካ ድሉው ኩን።



21. ኣብቲ ሓድሽ ማሕበረሰብካ ንጡፍ ኩን ምስ ካልኦት ሰባት ድማ ተራኸብ።

ከከም ኣየናይ ፕሮግራም ኣብ ትሕቲ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት (EMPP/PVAME) ናብ ካናዳ ክትሰደድ ከም እትጥቀም፣ ሓደ ኣስራሒ ወይ እቲ ዝድግፈካ ዘሎ ማሕበረሰብ ንሰፈራኻ ትልሚ/መደብ ንክተውፅእ ክሕግዘካ ይኽእል። ብኸመይ ክሕግዙኻ ከም ዝኽእሉ ሕተቶም። ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ምፍጣር ብሕታዊ ትልሚ/መደብ ሰፈራ ኣብዚ ኣንብቡ፦

# 3.5 ኣብ ውሽጢ ካናዳ ምጕዓዝ



ኣብ ካናዳ ኣበይ ከም እትነብር ናይ ምምራፅ መሰል ኣለካ። ይኹን እምበር ናብቲ መበገሲ ቦታኻ ክትጕዓዝ ኣትሪርና ንሕብር። ካብቲ ትሽዶ ማሕበረሰብ ወፃኢ ኣብ ካልእ ቦታ ምንባር ምስቲ ክትሰርሕ ዝሓሰብካዮ ናይ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ መንገድታት ፓይሎት (EMPP/PVAME) ኣስራሒ ስራሕ ክትስእን ከም እትኽእል ኣስተውዕል።


ቅድሚ ቦታ ምቕያርካ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ግምት ኣእትዎም፡



1. ናብ ካልእ ማሕበረሰብ ክትጓዓዝ እንተደሊኻን ድሕሪ ደጊም ኣብቲ ዕድል ዝረኸብካሉ ስራሕ ዘይትሰርሕን እንተኾንካ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ንኣስራሒኻ ብፅሑፍ ክተፍልጥ ኣለካ።



2. ናብ ካልእ ቦታ ክትቅይር ምስ ትመርፅ ዝተፈለየ ማሕበረሰብ ትጋዐዘሉን መንበሪን ሓዊስካ ዘለዉ ኩሎም ወጻኢታት ሓላፍነት ናትካ እዩ።



3. ናብ'ቲ ሓድሽ መዓልቦኻ ዝኸውን መኸዷኻን ግዚያዊ መዕቆቢኻን ክተዳሉ ኣለካ።




4. ስራሕ ኣልቦ ኣብዝኾንካሉ እዋን ንነብስኻን ንዝኾነ ኣባል ስድራቤትካን ንምድጋፍ ከፀግመካ ይኽእል እዩ።



5. ኣብ መንጎ ኣውራጃታትን ግዝኣታትን ክትጓዓዝ እንተኾይንካ ነተን ተገዳስነት ዘለወን ንመንግስታት ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ክትሕብር ኣለካ።


# 3.6 ኣገደስቲ ሰነዳት ኣብ ካናዳ

ናይ መንነት ሰነዳትካ ናትካ እዮም። ዝኾነ ሰብ ማለት መወልትኻ ይኹኑ ፡ ናይ ምጥያሽ ሰራሕተኛታት፡ ኣባላት ስድራቤት ወይ ሰራሕተኛኻ ሰነዳትካ ክሕዙልካ የብሎምን። ከም ሓድሽ ቀዋሚ ተቐማጢ ካናዳ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ሰነዳት ድሕሪ ሓጺር ግዜ ምእታውካ ክትረኽቦም ኣለካ፡





## 1. ናይ ቀዋሚ መንበሪ ካርድ

እዚ ቀዋሚ ተቐማጢ ካናዳ ከምዝኾንካ ወግዕዊ መረጋገጺ እዩ። እዚ ሰንድ ብፖስታ ክስደደልካ እዩ። እዚ ሰነድ ነቲ ናብ ካናዳ ክኣቱ ከለኻ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ዝፈረምካዮ መረጋገጺ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ኣይትክኣን እዩ። ንክልቲኦም ክትዕቅቦም ኣለካ።




## 2. ናይ ማሕበራዊ መድሕን ቁጽሪ (SIN/NAS)

እዚ ቁጽሪ ኣብ ካናዳ ንምስራሕን ኣብ መንግስታዊ ፕሮግራማትን ጥቕምታትን ንምምልካት የድልይ። ነዚ ቁጽሪ ብጽቡቕ ኣቐምጦ ካልኦት ሰባት'ውን ክጥቀሙሉ ኣይተፍቅድ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተመልከት፡







## 3. ኣውራጃዊ ናይ ጥዕና ካርድ

ናይ ሕክምና ኣገልግሎታት ንምርካብ ካብ ትነብረሉ ኣውራጃ ናይ ጥዕና ናይ መድሕን ካርድ የድልየካ። እዚ ካርድ ንስኻ ጥራይ ኢኻ ትጥቀመሉ። ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝመጻኣካሉ ግዜ ንናይ ጥዕና ካርድ ኣመልከት።

**ናይ ኣገደስቲ ሰነዳትካ ቅዳሓት ኣዳሉን ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጥን። ሰንዳትካ ምስ ዝጠፍኡ ወይ ዝስረቑ ዳግማይ ንክተስርሖም ክፍሊት ምኽፋል ከድልየካ'ዩ።**



# 3.7 ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ንኹሎም ሓደሽቲ መጻእተኛታት




እዞም ትካላት ናይ ምጥያስ ወኪላት'ውን ዝበሃሉ ኮይኖም ኣብ ካናዳ ዝውቱራት እዮም። ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ኣብ ሓድሽ ሕብረተሰብ ኣብ ምጥያስ ይሕግዙ። ከም ቀዋሚ ተቐማጢ ክሳብ ዜግነት ናይ ካናዳ ትሕዝ ነዞም ናይ ነዊሕ ግዜ ኣገልግሎታት ክትረክብ ትኽእል። እዞም ኣገልግሎታት ብነጻ እዮም ዝወሃቡ። ኣብዞም ዝስዕቡ ክሕግዙኻ ይኽእሉ፡




**1.** ብነጻ ናይ ቋንቋ ቤት ትምህርትታት ክትምዝገብ (እንግሊዝኛ/ ፈረንሳይኛ)



**2.** ስራሕ ከመይ ከም ትደሊ ክትመሃር




**3.** ምስክር ወቓቕትኻ ከመይ ኣፍልጦ ከምትረኽበሎም ምምኻር



**4.** ክእለታትካ ንኽተመሓይሽ ምሳኻ ይሰርሑ



**5.** ኣብ ሕብረተሰብ ይሳተፉ




**6.** ናይ ምጥያሽ ብድሆታት ይፈትሑ

ናይ መንግስቲ ካናዳ ናይ ኢንተርነት መስመር ኣብ'ዚ ብምጥቃም ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ንሓደሽቲ መጻእተናታት ዝሕግዙ ክትረክብ ትኽእል።



# 3.8 ናይ ምጥያሽ ኩነታት

**መምርሒታት፡** ናይ ምጥያሽ ኩነታት ኣንብብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ኩነታትን መፍትሒኡን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



**1.** ምስ መንበሪ ገዛኻ ዝተተሓሓዘ ብዙሕ ሽግራት ኣሎ።



**2.** ንኣስራሒኻ ብተሌፎንን ብኢመይልን ተራኺብካ ኣለኻ ግን ካብኡም ምንም ኣይሰማዕኻን።



**3.** ካብ ሓደ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ንልዕሊ ሰሙን ምንም ኣይሰማዕኩምን። ኣገደስቲ ሰነዳት ምምልካት ንክትጅምር፣ ትምህርቲ ቋንቋ ንክትጅምርን ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ከተመዝግብን ትደሊ።



**4.** ኣብ ካልእ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ዓርኪ ኣለካ። ሽዑ ንሽዑ ናብ'ቲ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ክትከይድ ይደልዩኻ።



**ሀ)** ናብ ኣስራሒኻ ምድዋል ወይ ምፅሓፍ ቀፅል። ንልዕሊ 2 ሰሙን መልሲ እንተዘይረኺብኩም ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ርክብ ግበር።



**ለ)** ክትንቀሳቐስ ቅድሚ ምውሳንካ ከስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤናት ንምርዳእ ካብ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ምኽሪ ሕተት።



**ሐ)** ናብ ዋና ገዛኻ ደዊልካ ነቲ ፀገማት ብትሕትና ግለፅ።



**መ)** ደውለሎም፡ ኩነታትካ ግለጸሎም ንቆጸሮ ምሓዝ ሕተት።

መልሲታት: 1(ሐ)፣ 2(ሀ)፣ 3(መ)፣ 4(ለ)

# 3.9 ኣብ ሕብረተሰብካ ካልኦት ናይ ነዊሕ ግዜ ናይ ምጥያሽ ሓገዛት

ብዙሓት ከባቢታት ቀወምቲ ነበርቲ ሓዊስካ ኩሎም ሰባት ብሕሱር ዋጋ ወይ ብናጻ ክጥቀሙሎም ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ይህቡ እዮም። እዚ ትነብረሉ ሓድሽ ከባቢ እዞም ናይ ነዊሕ-ግዜ ኣገልግሎታት ወይ ውሑት ካብኦም ክህልውዎ ይኽእሉ።

**መምርሒታት፡** ንናይ ነዊሕ-ግዜ ናይ ምጥያስ ድጋፋት ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ኣገልግሎትን ዝወሃበሉ ቦታን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።


1. ናይ ነጻ ኮምፒዩተራት፡ ኢንተርነት፣ መጻሕፍቲ፣ ጋዜጣጣት፣ ሙዚቃታትን ፊልምታትን ኣገልግሎታት ርኸብ። ናይ ዝተፈላለዩ ጉጅለ መደባት ኣለዉ።



2. ዝተፈላለዩ ስፖርታትን መዘናግዒታትን ኣዘውትር።




3. ናይ መዛወሪ ግዜ ይሃሉኻን ንካልኦት ኣብ ሕብረተሰብካ ዘለዉ ርኸብን። ቆልዑ ብናይ ግዳም መጻወቲታት ክጻወቱ ይክእሉ እዮም።



4. እምነትካ ምስ ካልኦት ኾይንካ ተኸተል።



5. ካብ ሓደ ውሱን ሃገር ወይ ባህሊ ዝኾኑ ሰባት ርኸብ።



6. ቋንቋ እንግሊዝኛ/ ፈረንሳይኛ ወይ'ውን ክልቲኡ ብነጻ ተመሃር። ብዛዕባ ናይ ካናዳ ባህሊ ተማሃር ከምኡ'ውን ምስ ሓደሽቲ ሰባት ተላለ። ኣብ ገሊኦም ግዝኣታት ወይ ኣውራጃታት ናይ ቋንቋ ትምህርቲ እናተመሃርካ ገንዘባዊ ሓገዛት ተቐበል።





7. ብዛዕባ ናይ ካናዳ ታሪኽ፡ ባህሊን ስነጥበብን ተማሃር።





ሀ) ህዝባዊ መናፈሻታት




ለ) ባህላዊ ማእከላት



ሐ) ህዝባዊ ቤት መጻሕፍቲ



መ) ቤት መዘክራት



ሠ) ናይ ሕብረተሰብ ማእከላት



ረ) ናይ እምነት ቦታታት




ሰ) ብመንግስቲ ዝድጎሙ ናይ ቋንቋ መምሃሪ ማእከላት

መልስታት፡ 1(ሐ)፡ 2(ሠ)፡ 3(ሀ)፡ 4(ረ)፡ 5(ለ)፡ 6(ሰ)፡ 7(መ)

ምስ ትጉሂ፡ ትሓስብ ወይ ትጭነቕ ምስ ትኣምኖ ሰብ ተዘራረብ። ጥዕናኻ ከትዕቅብ ዘኽእለካ ናይ ነጻ፡ ስቱርን ዘትንቀፈሉን ኣገልግሎት እዩ።



8.

ምስ ገንዘብ ዝተተሓሓዙ ጉዳያት ሕተት።



9.

ንኣብ ሓድሽ ሕብረተሰብካ ምስ ትምህርትን ስራሕ ምቑጻርን ዝተተሓሓዙ ናይ ነዊሕ ግዜ ናይ ምጥያሽ ድጋፋት ሕተት።




10.

ምስ ሕጊ ዝተተሓሓዙ ፍሉይ ጉዳያት ምኽርታት ሕተት።



11.

ዝርዝር ተመኩሮ ኣብ ተዳልወሉ፡ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ መእተዊ ቃለ-መጠይቕ ኣብ ትገብረሉ ሓገዝ ርኸብ።





12.

ዜድልየካ ምግቢ ንምዕዳግ እኹል ገንዘብ እንተ ዘይብልካ ብናጻ ምግቢ ተቐበል።



13.


ኣብ ግዜ ሓደገኛ ኩነት ውሑስ መጽንሒ ምስ ትደሊ ደቅስ።



14.



ሸ) ሕጋዊ ናይ ሓገዝ ክሊኒክ



ቀ) መጽለሊታትን ውሑስ ገዛታትን




በ) ባንክታት



ተ) ነጻ ናይ ኣእምሮ ሕክምናታት



ቸ) ናይ ስራሕ መቑጸሪ ማእከላት



አ) ብመስግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ንሓደሽደሽቲ መጻእተኛታት



ነ) ናይ መግቢ ባንክታት

መልስታት: 8(ተ): 9(በ): 10(ቸ): 11(ሸ): 12(ቸ): 13(ነ): 14(ቀ)

# 3.10 ነጻ ናይ ሓበሬታ ምንጭታት ኣበይ ክትረክብ ትኽእል?


1. ወግዓዊ ሓበሬታ ብዛዕባ መንግስቲ ካናዳን ኣገልግሎታት መንግስትን → Government of Canada / Gouvernement du Canada
www.canada.ca
ወይ ናብ 1-888-622-6232
(ኣገልግሎት ማእከል ካናዳ) ደውል።

2. ብዛዕባ ፈደራላዊ ኣውራጃዊ ከምኡውን ዞባኣዊ ረብሓታት ዚገልጽ ሓበሬታ →



benefitsfinder.services.gc.ca

3. ንመጥፋእቲ ሓዊ፡ ኣምቡላንስ ወይ ፖሊስ ናብ 911 ደውል →





911 ደወል

4. ንዝተፈላለዩ ናይ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ናይ ነጻ፡ ስቱርን ብብዙሕ ቋንቋ ዝወሃቡ ሓበሬታ ኣገልግሎታት ናብ 211 ደውል →




211 ደወል

5. ሓበሬታ ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ናብ ከባቢኻ ትዛወር ድማ ካርታ ተወከስ →



ካርታታት

ንመጥፋእቲ ሓዊ፡ ኣምቡላንስ ወይ ፖሊስ ንምርካብ ናብ 911 ደውል።



# ምዕራፍ 4

# መንበሪ ገዛ




# ምዕራፍ 4
# መንበሪ ገዛ



## 4.1 ግዝያዊ መንበሪ

ኣብ ካናዳ ውሑስን ብርትዓዊ ዋጋን ቀዋሚ ኣባይቲ ንምርካብ ግዜን ፃዕርን ይሓትት።

መጀመርታ ኣብ ዝመፃእኻሉ እዋን ንገለ ሰሙናት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ግዝያዊ መንበሪ ክትፀንሕ ከድልየካ ይኽእል እዩ። ኣብ ማሕበረሰብካ ቀዋሚ መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ምህላው ዝምርኮስ ክኸውን እዩ።



ብዝተኻእለ መጠን ብኣግኡ ክትነብረሉ እትኽእለሉ ቦታ ምድላይ፣ ዋላ ናብ ካናዳ ቅድሚ ምብፃሕካ ግዝያዊ መንበሪ ምድላውን ኣብ ግምት ምእታውን ሓላፍነትካ እዩ። ኣብ ትሕቲ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት(EMPP/PVAME) በየናይ ፕሮግራም ናብ ካናዳ ክትስደድ ከም እትጥቀመሉ ዝምርኮስ ሓደ ኣሰራሒ ወይ እቲ ዝድግፈካ ዘሎ ማሕበረሰብ ንስፈራኻ ክትጅምር ክሕግዘካ ይኽእል። ብኸመይ ክሕግዙኻ ከም ዝኽእሉ ሕተቶም። ንሓደሽቲ መፃእቲ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል እውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**መምርሒታት፦** መግለፂታት ግዝያዊ መንበሪ ኣንብብ። ኣብ ካናዳ ምስ በጻሕካ ክትሓድረሉ እትኽእል ዓይነታት መንበሪ ኣባይቲ ኣብዚ ሳንዱቕ ብመሰረት ድሌታትካን ባጀትካን "✓" ዝብል ምልክት ኣቐምጥ።



☐ **1. ክፍልታት ሆቴል ወይ ሞተል**

መሰረታዊ ክፍልታት እንተተረኺቦም መብዛሕትኡ ግዜ ነፍሲ ወከፎም ናይ ገዛእ ርእሶም ሽቓቕ ዘለዎምን ንዝተወሰነ ግዜ ብተለዋዋጢ ዋጋ ዝካረዩን እዮም።

**ብኢንተርነት መንበሪ ገዛ ክትደሊ ከለኻ ካብ ምትላል ተጠንቀቕ። ገለ መወዓውዒታት መደናገሪ እዩ፣ እቲ መንበሪ ገዛ እውን ዘይከሀሉ ይኽእል እዩ። እቲ መንበሪን ዋጋን ኣዝዩ ፅቡቕ እንተመሲሉ ምናልባት ምትላል እዩ።**





☐ **2. ናይ ሓጺር ግዜ ክራይ**

መንበሪ ክፍሊ፣ ኣፓርታማ ወይ ገዛ ናይ ሓባር ወይ ዝተፈላለየ ክኸውን ዝኽእልን ንሓጺር ግዜ ክካረ ዝኽእልን እዩ። ምግቢ ንምድላው ናብ ክሽነ ምእታው ክህልዎ ይኽእል እዩ። ተወሳኺ ወፃኢታት ንመገልገሊታት፣ ንጽሬትን ናይ መቕሚ መኻይን ክፍሊት ከጠቓልል ይኽእል።




☐ **3. ካልእ ግዝያዊ መንበሪ**

ግዝያዊ መንበሪ ኣብ ናይ ዓርክኻ ገዛ ወይ ዘመድካ ምክፋል፤ ክሳብ ምቹው ቀዋሚ መንበሪ ቦታ ዝርከብ። ብኣስራሒኻ ክቐርብ ይኽእል እዩ።



እትነብረሉ ቦታ ኣብ ዘይረኸብልካሉ ኩነታት ዓርስኻ እንተረኺብካ ብዛዕባ ህጹጽ ኣባይቲ ኣብዚ ኣንብብ፡-

☐ ከም ሓደ ሓድሽ መፃኢ ናብ ካናዳ መጠን ኣገደስቲ ሰነዳት እትረኽበሉን ንህፃናት ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብን ኣድራሻ ክተቕርብ የድሊ እዩ። ኩሉ ኣድራሻታት ምክትታል ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ናይ ሕጂን ቅድሚ ሕጂን ዝነበርካሉ ቦታታት ኣድራሻ ክተቕርብ ስለ እትግደድ።

# 4.2 ቀዋሚ መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናዳ ትሑት ዋጋ ዘለዎ ኣባይቲ ምርካብ ኣፀጋሚ እዩ። ኣማራፂታት ኣባይቲ ድሩት ወይ ግዱብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ድሌታትካን ባጀትካን ዘማልኡ ኣማራፂታት ምርካብ ሓላፍነትካ እዩ። ኣብ ካናዳ ክትነብረሉ እትኽእለሉ ቦታ ንምርካብ ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብብ፦

**መምርሒታት፡** ነዞም ህንጻታት ተዓዘብ። ኣብ ሳንዱቅ ናይ ኣብነታት ናይ ቀዳሞት ቀዋሚ መንበሪ ገዛ ዝኾኑ "✓" ምልክት ግበር።



☐ 1.




☐ 2.



☑ 3.



☐ 4.




☐ 5.



☐ 6.



☐ 7.



☐ 8.



☐ 9.

ቀዋሚ መንበሪ ገዛ ኣብ ትካረየሉ ግዜ ሰለስተ ኣብ ግምት ከተእትዎም ዘለካ ነገራት ቦታ፡ ዋጋን ዓቐን መንበሪ ገዛን እዮም። ብዛዕባ እቲ ክትነብረሉ ዝሓሰብካሉ ከባቢ ምስ ድሕንነትን ተበፃሕነትን ህንፃታትን ከባቢታትን ዝተኣሳሰር ናይ ኦንላይን ግምገማታት ብምንባብ ፍለጥ። ብዛዕባ ኣባይቲ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ ሓደ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ንሓደሽቲ መፃእቲ ተዘራረብ።




መልሲታት፡ 3፣ 4፣ 6፣ 7፣ 8 (✓)


# 4.3 ዓይነታት ቀዋሚ መንበሪ ኣብ ካናዳ

**መምርሒታት፡** ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ቀዋሚ መንበሪታት ኣንብብ።

## 1. ኣፓርታማታት



**ሀ) ሓጺር-ደርቢ ህንጻ**
እዞም ህንጻታት ነዋሕቲ ኣይኮኑን መብዛሕትኡ ግዜ ድማ መደያየቢት የብሎምን። ነፍስ-ወከፍ ደርቢ ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣፓርታማ ክህልዎ ይኽእል።




**ለ) ነዊሕ-ደርቢ ህንጻ**
እዚኦም ነዋሕቲ ህንጻታት ኮይኖም መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ዝርከቡ መደያየቢት ዘለዎምን ኣብ ነፍስ-ወከፍ ደርቢ ልዕሊ ሓደ ኣፓርታማ ዘለዎምን እዮም።



**ሐ) ናይ ካልኣይ ደርቢ ኣፓርታማታት**
እዞም ኣፓርታማታት ኣብ ልዕሊ መኽዘን ወይ ቤት ምግቢ ክኾኑ ይኽእሉ። ካብ ኣብ ነዊሕ-ደርቢ ህንጻ ወይ ኣብ ሓጺር-ደርቢ ህንጻ ዝርከቡ ኣፓርታማታት ሕስር ዝበሉ ክኾኑ ይኽእሉ።



**መ) ናይ ትሕቲ ባይታ ኣፓርታማታት**
እዞም ኣፓርታማታት ኣብ ካናዳ ልሙዳት እዮም። ናይ ጸሓይ ብርሃን ከእትው ዝኽእሉ ነኣሽቱ መሳኹቲ ሃልዩዎም ብከፊል ኣብ ትሕቲ ባይታ ይርከቡ። ናይ ትሕቲ ባይታ ኣፓርታማታት ካብ ካልኦት ዓይነታት ኣፓርታማታት ብዋጋ ሕስር ዝበሉ እዮም።



ኣብ ካናዳ ኣፓርታማታት መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ መደቀሲ ክፍሊ ኣለዎም። ኣርባዕተ ወይ ልዕሊ ኣርባዕተ መደቀሲ ዘለዎም ኣፓርታማታት ክትረኽቦም ኣጸጋሚን ክቡራትን እዮም።



## 2. ገዛውታት



**ሀ) ንጽል መንበሪ ገዛታት**
መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ንጽል መንበሪ ገዛታት ሓደ ስድራቤት ጥራይ'ዩ ዝነብር። እዞም ዓይነታት ገዛ ንክትካረዮምን ክትገዝኦምን ክቡራት እዮም።



**ለ) ዝተላገቡ ገዛታት**
ኣብ ዝተላገቡ ገዛታት ነፍስ-ወከፍ ገዛ ናቱ ዝኾነ ማዕጾ ክህልዎ ከሎ ምስ ጎኑ ዘሎ ገዛ ግን ናይ ሓባር መንደቕ ኣለዎ። ነፍስ-ወከፍ ገዛ ብዝተፈላለዩ ሰባት ክካረ ወይ ክውነን ይኽእል።

## 3. ካልእ ቀዋሚ መንበሪ




**ሀ) ብቐሊሉ ክዝውተር ዝከኣል ገዛ**
እዚ ዓይነት መንበሪ ገዛ ንፍሉይ ድሌታት ናይ ምንቅስቓስ ሽግር ዘለዎም ወይ ንነብሶም ኣብ ምእላይ ዝሽገሩ ሰባት ይፈትሕ።



**ለ) ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ**
እዚ ዓይነት ኣባይቲ ብኽልተ ወይ ልዕሊኡ ሰባት ዝካረዩ ኮይኖም ናይ ሓባር መንበሪ ይካፈሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ነፍሲ ወከፎም ፍሉይ መደቀሲ ክፍሊ ክህልዎምን ገለ ክፋል ናይቲ ክራይ ገዛ ክኸፍሉን እዮም። ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ምክፋል ኣባይቲ ኣብዚ ኣንብቡ፡-

ንዓበይቲ ስድራቤታት መንበሪ ገዛ ክትረክብ ኣፀጋሚ እዩ።ኣብ ሓደ ቦታ ብሓባር ክነብሩ ዝኽእሉ ሰባት ደረት/ገደብ ኣለዎ። ንፍሉይ ሓበሬታ ብዛዕባ ምክራይ ወይ ልቓሕ ገንዘብ መግዝኢ ገዛ ኣብዚ ኣንብቡ፡-




# 4.4 ኣገደስቲ ቃላት ምስ መንበሪ ገዛ ዝተሓሓዙ

**መምርሒታት፡** ምስ መንበሪ ገዛ ዝተተሓሓዙ ቃላት ተዓዘብ። ኣብ ሞንን ነፍስ-ወከፍ ቃልን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።




**ተኻራዪ**

1.



**ዋና መሬት**

2.




**መሳርሒታት**

3.



**ናይ ተኻራዪ ውሕስና**

4.



**ናይ ትኪ መለለዪ**

5.



**መጉሓፊ ቆፎ**

6.

**ሀ)** ካልኦት ዝተኻረይዎ ቦታ ዝውንን ሰብ።

**ለ)** ኣብ ናይ ገዛ ስራሓት ዝሕግዙ ናይ ኤሌክትሪክ ማሽናት። መብዛሕትኡ ግዜ ዝካረዩ ገዛታት ብዘይካ ኣካራዪ ዝውንኖም ዓበይቲ ንብረታት ብዘይ ንብረት እዮም ዝመጹ።

**ሐ)** ሓዊ ክህሉ ከምዝኽእል ከጠንቀቐካ ዓው ዝብል ድምጺ ዘስምዑ ንብረታት።


**መ)** ንኽነብረሉ ንሓደ ቦታ ዝካረ ሰብ።

**ሰ)** ብሰንኪ ሃንደበታዊ ሽግራት ከም ስርቂ፡ ጉድኣት ወይ ሓዊ ንዝወርድ መጉዳእቲ ዝኸፈል ክፍሊት።

**ረ)** ዝተጠቐምካሉ ፕላስቲክ፡ ታኒካ ወረቐት ወይ ጥርሙዝ ትጉሕፈሉ መትሓዚ። ብዙሓት ከተማታት ነዞም ነገራት ኣኪቦም ኣብ ጽቡቕ ዕላማ የውዕሉዎም።

መልሲታት፡ 1 (መ)፡ 2 (ሀ)፡ 3 (ለ)፡ 4 (ሰ)፡ 5 (ሐ)፡ 6 (ረ)

# 4.5 ናይ ገዛ ሕግታት



ናይ ገዛ ሕግታት ናይ ተኻራዩን ዋና ገዛን መሰላትን ሓላፍነታትን ይነድፉ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ኣውራጃን ግዝኣትን ድማ ይፈላለዩ።

**መምርሒታት፡** ነዞም ሕቶታት ኣንብብ። ናይ መን መሰል ወይ ሓላፍነት ምዃኑ ንምግላጽ ኣብ ዝምልከቶ "✓" ምልክት ግበር። ገሊኦም ሕቶታት ካብ ሓደ ንላዕሊ ቅኑዕ መልሲ ኣለዎም።

1. ሙሉእ ናይ ክራይ ክፍሊት ኣብ ግዚኡ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ናይ መን እዩ?
   - [x] ሀ) ተኻራዪ
   - [ ] ለ) ዋና ገዛ


2. ብጽሑፍ መሰረት ብውሱን ዓቐን ናይ ክራይ ገንዘብ ናይ ምውሳኽ መሰል ዘለዎ ምን እዩ?
   - [ ] ሀ) ተኻራዪ
   - [ ] ለ) ዋና ገዛ

3. ንውሻጠ-ገዛ ብጽሬት፡ ብጽቡቕን ውሑስን ኣገባብ ምሓዝ ናይ መን ሓላፍነት እዩ?
   - [ ] ሀ) ተኻራዪ
   - [ ] ለ) ዋና ገዛ

4. ናይ ህንጻ ሕግታትን ከም መጠን ድምጺ ዝኣመሰሉ ናይ ከተማ ሕግታት ን ናይ ምኽባር ሓላፍነት ዘለዎ መን እዩ?
   - [ ] ሀ) ተኻራዪ
   - [ ] ለ) ዋና ገዛ

5. ነቲ ህንጻ ብውሑስን ብጽቡቕ ኣገባብን ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ናይ መን እዩ?
   - [ ] ሀ) ተኻራዪ
   - [ ] ለ) ዋና ገዛ

መልሲታት፡፡ 1 (ሀ)፡ 2 (ለ)፡ 3 (ሀ)፡ 4 (ሀ)፡ 5 (ለ)



6. ብተኻራዩ ዝወረደ ጉድኣታት ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ዘለዎ መን እዩ?

ሀ) ተኻራዪ

ለ) ዋና ገዛ



7. ናይ ተካርዩ ዘሎ ገዛ ጉድኣታት ንምጽጋን ንምእታው ፍቓድ ክሓትት ዘለዎ መን እዩ?

ሀ) ተኻራዪ


ለ) ዋና ገዛ



8. ስሩዕ ናይ ምዕራይ መደባት ናይ ምምዳብን ምኽፋልን ሓላፍነት ዘለዎ መን እዩ?

ሀ) ተኻራዪ


ለ) ዋና ገዛ



9. ናይ ክራይ ውዕል ኣቐዲምካ ምቁራጽ ምስ ዝድለ መን'ዩ ነቲ ሕጊ ክኽተል ዘለዎ?

ሀ) ተኻራዪ

ለ) ዋና ገዛ



10. መን'ዩ ናይ ቀዳማይ ወርሒ ናይ ክራይ ክፍሊትን ናይ ውሕስነት ወይ መጉዳእቲ ተቐማጢ ገንዘብን ክሓትት ዘለዎ?

ሀ) ተኻራዪ

ለ) ዋና ገዛ



**ዋና ገዛ ኣብ ክንዳኡ ኮይኑ ክራይ ዝእክበሉ፡ ነቲ ህንጻ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ዝዕቅበሉን ምትዕርራያት ዘካይደሉን ሰብ ክቖጽር ይኽእል። እዚ ሰብ'ዚ ናይ ንብረት ኣማሓዳሪ ይበሃል።**



መልሲታት: 6 (ሀ): 7 (ለ): 8 (ለ): 9 (ሀ : ለ): 10 (ለ)

## 4.6 ውዕል ክራይ

ውዕል ክራይ ኣብ ሞንጎ ተኻራዪን ዋና ገዛን ዝግበር ናይ ጽሑፍ ስምምዕ እዩ። ነዚ ውዕል ቅድሚ ምፍራምካ ኣንቢብካ ንኩሉ ክትርድኦ ኣለካ።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ኣብ መብዛሕትኦም ውዕላት ኣለዉ፡





ኣብ ኣውራጃኻ ወይ ኣብ ከባቢኻ ንኣባይቲ ዝምልከት ኣመሓዳሪ ኣካል ኣሎ። ንሓደሽቲ መፃእቲ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል፣ ሕቶታት ንምሕታት ምስቲ ኣመሓዳሪ ኣካል ብኸመይ ከም ዝራኸቡ፣ ወይ ድማ ብዛዕባ ምስ ኣባይቲ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ጥርዓን ከም እተቕርብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።


# 4.7 ኣብ ገዛኻ ብውሕስነት ምጽናሕ

ኣብ ገዛኻ ብውሕስነት ክትጸንሕ ዝሕግዙ ሓሳባት ኣብ'ዚ ኣለዉ።


**መምርሒታት:** ኣብ ሓድሽ ገዛኻ ብውሕስነት ክትጸንሕ ዝሕግዙ ምኽርታት ኣንብብ። ኣብ ካናዳ ምስ በጻሕካ ኽትገብሮ ዝመደ ብካ ናይ ድሕንነት ምኽርታት ብ "✓" ምልክት ግበረሎም።



**1.** ማዕጾ ምዕጻው




**8.** ንብረታት ከመይ ብውሑስ ከምትጥቀመሎም ምሕታትን ኣብ ገዛኻ ሓደጋታት ምክልኻልን




**2.** ብቀጻሊ ንናይ ትኪ መለለዪ ከም ዝሰርሕ ምፍታንን ናይ ህጹጽ እዋን መውጽኢ ምፍላጥን







**7.** ናይ ተኻራያይ መድሕን ምግዛእ




**3.** ስልማትን ካልኦት ክቡራት ነገራትን ኣብ ውሑስ ቦታ ምቕማጥ



**6.** ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዘለው ጡርጡራት ሰባት ንዝምልከቶ ምንጋር



**4.** ጎረባብትኻ ምፍላጥ



**5.** ጻናታት ኣብ ገዛኻ ዘይምእታው

# 4.8 ገዛኻ ብጽሬት ምሓዝ

ጥዕናኻ ንምዕቃብ ትትነብረሉ ገዛ ብጽሬት ምሓዝ ኣገዳሲ እዩ።


**መምርሒታት:** ቤትካ ጽሩይ ብምግባር ብኸመይ ጥዕና ኸም ትህልው ኣንብብ። እቲ ንዓኻ ሓድሽ ዝኾነ ሜላታት ጽሬት ብ "✓" ምልክት ግበረሉም።



**1.** ቀጻሊ ጎሓፍ ምፍላይን ምውጻእን ኣብ ዝእከበሉ ግዜ ድማ ምጉሓፍ




**7.** ከም ሞዴስክን መጽረጊ ሽንቲ ቆልዓን ዝኣመስሰሉ መጸራረዪ ንብረታት ኣብ ናይ ጎሓፍ ቆፎ ምጉሓፍ ኣብ ሽቓቕ ድማ ዘይምጉሓፍ




**2.** ምኹስታርን ዶሮና ብናይ ቫኪዩሚንግ መሳርሒ ምጽራይን






**6.** ሽቓቕ: ላቫንዲኖን ናይ መሕጸቢ ሰብነትን ምጽራይ



**3.** ናይ ገዛኻ መናድቕ ምጽራይ



**5.** ክዳውንትን መንጸፍ ዓራትን ምሕጻብ



**4.** ኣቕሑት ምሕጻብ

# ምዕራፍ 5

# ጥዕና



# ምዕራፍ 5

# ጥዕና



## 5.1 ክንክን ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ካናዳ




ኣብ ካናዳ ናይ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ክትረኽቡ ከለኹም መብዛሕቲኡ ብቀጥታ ክትከፍሉ ኣይትግደዱን። እዞም ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ዝድጎሙ ሰባት ብዝኸፍልዎ ግብሪ እዩ። እዞም ኣገልግሎታት ንምርካብ ክንደይ ዝኣክል ግዝ ይውድእ ንዝብል ከም ኣብ ካናዳ ትነብረሉ ቦታ ይውሰን እዩ። እቲ ዝወሃብ ግልጋሎት ከከምግዝኣታትን ኣውራጃታትን ይፈላለ እዩ።


ልክዕ ምስበፃሕኩም ወይ ድማ ካብ ሓደ ግዝኣት ናብ ካሊእ ግዝኣት ክትንቀሳቀሱ ከለኹም ንጥዕና ሓለዋ ሚንስቴር ክተፍልጡ ይግባእ።

ብህዝቢ ዝምወል ናይ ጥዕና ግልጋሎታት ንምርካብ ዘኽእሉ ካርድታት ንምርካብ ምስመፃእኹም ቀልጢፍኩም ክተመልክቱ ኣለኩም። ኣብ ካናዳ ናይ ጥዕና ሓለዋ ግልጋሎት ንዝምልከት ንዝደልይዎ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ የንብቡ፦



ብህዝቢ ዝምወል ነፃ ናይ ሕክምና ግልጋሎት ክረኽቡ ኣንተዘይክኢሎም ናይ ግሊ ጥዕና መድሕን ግልጋሎት ክትጥቀሙ ይምከር። ግዝያዊ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና እንተሃልዩ ንኣስራሒኻ ሕተቶ።

ገሊኦም ወጻኢታት ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ሙሉእ ብሙሉእ ክሽፈኑ ከለዉ ገሊኦም ድማ ብከፊል ይሽፈኑ ወይ ጠቕላላ ኣይሽፈኑን እዮም። ሰባት ቀጥታ ክኸፍሉሎም ዘለዎም ኣገልግሎታት ጥዕና ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፦



1. ብሕክምና ዝተኣዘዙ ናይ ዓይኒ መነጽራት



2. ናይ ስኒ ሕክምና



3. ብሓኪም ዝእዘዙ መድሃኒታት



4. ናይ ኣምቡላንስ ኣገልግሎታት



5. ንፍሉይ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ዘድልዮም ውልቀ-ሰባት ናይ ገዛ ናብዮት


ናይ ጥዕና ሓለዋ ግልጋሎት ዝምልከት ንመብዛሕቲኡ ዝሕተቱ ሕቶታት መልሲ ንምርኣይ ኣብዚ የንብቡ፡-




1. ንስኻ ወይ ኣባል ስድራቤትካ ስራሕ ምስ ትጅምሩ ኣስራሒ ብኣውራጃ ወይ ግዝኣት ዘይሽፈኑ ተወሰኽቲ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ይሸፍን ምዃኑ ሕተት።




2. ኣብ ሓደ ሓደ ግዝኣታት ወይ ኣውራጃታት ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሓኒታትን ናይ ስኒ ሕክምናን ንገሊኦም ሰባት ብነፃ ወይ ብሕሳር ዋጋ ዝወሃበሎም ኩነታት ኣለው። ንተወሳኺ ሓበሬታ ናይ ዝምልከተኩም ግዝኣታት ወይ ኣውራጃታት መርበብ ሓበሬታ ኣብዚ ይመልከቱ።




3. ኣብ ካናዳ መዓስ ቆልዑ ክትወልድን ክንደይ ክትወልድን ክትመርጽ ትኽእል። ብዛዕባ ውጥን-ስድራቤት ዘለዉኻ ኣማራጺታት ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ። ናትካ ሰብነት እዩ ስለ'ዚ ድማ መሰልካ'ዩ።




4. ብተፈጥሮ ሕውስዋስ ጾታዊ ባህርያት ሒዞም ዝውለዱ ህጻናት ብሕክምና ኣገዳሲ ኮይኑ እንተዘይተረኺቡ መጥባሕቲ ኣይገብሩን እዮም።



5. ሰባት ጾታኦም ካብ'ቲ ኣብ ዝተወልዱሉ ግዜ ዝተዋህቦም ዝተፈልየ ምስ ዝኾውን ጾታዊ መንነቶም ንከረጋግጹ መጥባሕቲ ምግባር ሕጋዊ እዩ።




**ኣብ ነፍስ-ወከፍ ብህዝቢ ዝድጎም ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ኣብ ትረኽበሉ እዋን ናይ ጥዕና ካርድኻ ከተርእይ ኣለካ። ናትካ ናይ ጥዕና ካርድ ተጠቀም ካርድኻ ድማ ንካልእ ሰብ ኣይተለቅሕ።**



# 5.2 ንካልኦት ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ናበይ ትኸይድ?

ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ይህቡ።


**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ወሃቢ ኣገልግሎትን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



1. ናይ ስድራቤት ሓካይም



2. ናይ ሕብረተሰብ ሓካይም




3. ናይ ህጹጽ እዋን ክፍልታት



4. ሆስፒታላት

**ሀ)** ጽንኩርን ህጹጽን ናይ ጥዕና ጸገም ምስ ዘጋጥመካ ትኸዶ ክፋል ናይ ሆስፒታል። ብመሰረት ናይ ጥዕና ጸገም ናብ'ቲ ቦታ ባዕልኻ ክትከይድ ትኽእል ወይ ናብ 911 ብምድዋል ብኣምቡላንስ ክትከይድ ትኽእል።

**ለ)** ናይ ሓፈሻዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ምኽርን ፍወሳን ዝህቡ ሰብ ሞያ። ናብ ክሊኒ'ውን ክመርሑኻ ይኽእሉ እዮም። ናብ ካናዳ ቅድሚ ምብጻሕካ ዝወሰድካዮ ናይ ሕክምና ፈተነታትን ክታበታትን ውጽኢት የርኢ።


**ሐ)** ዓበይቲ ናይ ኣገልግሎት ሕክምና ማእከላት ኮይኖም ጽንኩር ናይ ጥዕና ጸገማት ምስ ዝህሉ ከምኡ'ውን ፈተነ ወይ መጥባሕቲ ምስ ዘድሊ ትኸዶ።

**መ)** ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ናይ ስድራቤት ሓካይምን ነርሳትን ክረኽቡ ክኽዱሉ ዝኽእሉ።



ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ውልቃዊ ሕክምናዊ ሓበሬታኻ መን ክፈልጠልካ ከም ትደሊ ባዕልኻ ኢኻ እትውስን። ብድልየትካ ክሳብ ዘይነገርካ ወይ ክንገር ክሳብ ዘይፈቐድካ ንማንም ኣይንገርን እዩ። ብዛዕባ ጥዕናኻ ክትውስንን ንነብስኻ ክትጣበቕን ናትካ ሓላፍነት እዩ።

መልስታት፡ 1 (ለ)፡ 2 (መ)፡ 3 (ሀ)፡ 4 (ሐ)




**5.** ሠ) ኣብ ዝተወሰኑ ሕማማት ዘተኰሩን ኣብ'ቲ ቦታ ዕሙቕ ዝበለ ናይ ፍወሳ ትምህርቲ ዘለዎምን ሓካይም። ናይ ስድራቤት ሓኪምካ መብዛሕትኡ ግዜ ናብዞም ሓካይም እዩ ዝልእከካ። ህጹጽ ዘይኮነ ውከሳ ናብዞም ሓካይም ብዙሓት ኣዋርሕ ይወስድ።




**6.** ረ) ስንኻ ምስ ትሓምም ክትከዶ ዘለካ። መብዛሕትኦም ካብዞም ኣገልግሎታት ብህዝቢ ዝድጎሙ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ኣይሸፈኑን እዮም። ይኹን እምበር ገሊኦም ህዝባዊ ኣገልግሎታት ጥዓና ንገሊኦም ናይ ህጹጽ መጥባሕቲ ስኒ ኣብ ሆስፒታል እንተድኣተጌርም ይሽፍኑ እዮም።




**7.** ሰ) ንሂወት ዘየስግእ ሕማም ምስ ትሓምም፡ ናይ ስድራቤት ሓኪም ምስ ዘይህልወካ ወይ ናይ ስድራቤት ሓኪምካ ምስ ዘይህሉ  ትኸዶ ቦታ። ንክትክይድ ድማ ቆጸራ ምሓዝ ኣየድልየካ እዩ።




**8.** ሸ) ስምዒታዊ ሕማም ምስ ዝህልወካ ዝሕግዙኻ ሰብ ሞያ። እዚ ስምዒታዊ ሕማም ንናይ መዓልታዊ ሂወትካ ክጸሉ እንተጀሚሩ ካብ በዓል ሞያ ሓገዝ ሕተት።




**9.** ቀ) ብሕክምና ዝተኣዘዙ መድሃኒታትን ካልኦት ናይ ፍወሳ ምህርትታትን ክትገዝእ ትኽእሉ። ኣብ'ዚ ዘለዉ ሰብ ሞያ ጥዕና'ውን ብዛዕባ መድሃኒታት ዝመጹ ሕቶታት ክምልሱ ይኽእሉ ገሊኦም'ውን ክታበት ይሕዙ እዮም።




**ኣብ ካናዳ ናይ ስድራቤት ሓኪም ንምርካብ ግዜ ይወስድ እዩ።ክሳብ ሽዑ ዝኾነ ህጹጽ ዘይኮነ ሕማም ምስዝህሉን ሓኪም ክትርኢ ምስ ትደልን ናብ ቀጥታ ዝኸየድ ክሊኒክ ወይ ናይ ሕብረተሰብ ማእከል ጥዕና ክትከይድ ትኽእል።**



መልስታት፡ 5 (ሰ)፡ 6 (ሠ)፡ 7 (ረ)፡ 8 (ቀ)፡ 9 (ሸ)


# 5.3 ሕክምናዊ ቆጸሮታት





ንሕክምናዊ ቆጸሮኻ ኣብ ግዜኻ ክትርከብ ኣገዳሲ እዩ። ደንጉኻ እንተመጺእካ ሓኪምካ ምርኣይ ክኣብየካ ይኽእል። ንክትከፍለሉ ዘለካ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ደንጒኻ ምስ ተመጽእ ኣገልግሎት ከይረኸብካ ክትተርፍ ግን ከኣ ክትከፍል ክትግደድ ኢኻ። ስለ'ዚ ቆጸሮካ ክትዝክር ክሕግዘካ ዕለትን ሰዓትን መዝግብ።


**መምርሒታት፡** ናይዚ ስድራቤት ተመኩሮ ምስ ሕክምናዊ ቆጸሮታት ተዓዘብ።


1. 

2. 


3. 


4. 


5. 


6. 


# 5.4 ኣእምሮኣዊ ጥዕና




ኣእምሮኣዊ ጥዕና ምስ ሂወት ኣብ ትገጥመሉ ከመይ ከም ዝስመዓካ፡ ከመይ ከም ትሓስብን ጠባይካን የመልክት። ከምኡ'ውን ንጭንቀት፡ ሕርቃንን ጓህን ከመይ ከም ተገጥሞ'ውን ይገልጽ እዩ።



1. ዝኾነ ሰብ ናይ ኣእምሮኣዊ ሕማም ኪጋጥሞ ይኽእል እዩ። ንኩሉ ጾታ ፣ ዕድመ ፣ ደረጃ ትምህርቲ ፣ ደረጃ ኣታዊን ባህልን ዘለዎም ሰባት ይጸሉ።



2. ኣብ ካናዳ ኣብ ዝኾነ ዓመት 1 ካብ 5 ሰባት ናይ ኣእምሮ ሕማም የጋጥሞ።




3. ኣብ መበል 40 ዓመት ዕድመ ከባቢ 50% ናይ'ቲ ህዝቢ ናይ ኣእምሮ ሕማም ይህልዎም ወይ ነይርዎም ይኸውን።





4. ናብ 211 ብምድዋል ወይ ኣብ መስመር ኢንተርነት ብምድላይ እንታይ ዓይነት ናይ ኣእምሮ ሕክምና ኣገልግሎታት ከም ዘለዉ ርኸብ። ንዝኾነ ሓገዝ ንናይ ስድራቤትካ ሓኪም፡ ነርስ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ከተዛርብ ትኽእል። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓደሽቲ መጻእተኛታት ካናዳ ከመይ ጌሮም ናይ ኣእምሮ ጥዕናኦም ከምዝቆጻጸሩ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡



5. ናይ ኣእምሮ ሕክምና ንዘድልዮም ቆልዑ ናብ 1-800-668-6868 ደውል ወይ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡

# 5.5 ብድሆታት ንሓደሽቲ መጻእተኛታት


**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ዝገጥሙዎም ብድሆታት ተዓዘብ። ኣብ ካናዳ ክገጥሙኻ ንዝኽእሉ ብድሆታት "✓" ምልክት ግበር።




**1.** ንሓደ ውሑስ ዘይኮነ ክፋል ናይ ዓለም፡ ገዛኻ፡ ስድራቤትካን ኣዕሩኽትኻን ገዲፍካ ምኻድ




**2.** ክትነብረሉ ትኽእል ቦታ ምርካብ



**3.** ሓደሽቲ ኣዕሩኽ ምልላይ




**4.** ስራሕ ምርካብ




**5.** ስድራቤትካ ምድጋፍ



**6.** ኣብ ሓድሽ ሕብረተሰብ ምቕማጥ



**7.** ኩነታት ኣየር ምልማድ



**8.** ኣብ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ምምሃር ምጅማር

**ንስኻ ወይ እትፈልጦ ሰብ ምስ ኣጠቓቕማ ንጥረ-ነገራት/ሓሽሽ/ ብድሆታት የጋጥመካ እንተ ኣልዩ፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡**



## 5.6 ሓገዝ መዓስ ትሓትት?

ህይወት ኣብ ሓድሽ ሃገር ምጅማር ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ ከምኡ'ውን ንኽትለምዶ ግዜ ይወስድ እዩ። ኣብ ግዜ ምልምማድ ብዙሕ ስምዒታት ክስመዓካ ንቡር እዩ። እዚ ይኹን እምበር ስምዒታት ንናይ መዓልታዊ ምንቅስቓሳትካ ዝጸልዉ ምስ ዝኾኑ ሓገዝ ሕተት። ቀዳማይ ንነብስኻ ንምሕጋዝ ትወስዶ ስጉምቲ ምስ ትኣምኖ ሰብ ብዛዕባ ሽግራትካ ምዝርራብ እዩ። ንስኻ ወይ ትፈልጦ ሰብ ሓደ ካብዚኦም ምስ ዝስመዓካ ሓገዝ ሕተት፡



**1.** ጓሂ ወይ ተስፋ ምቑራጽ



**2.** ሕማቕ ሕልሚ ወይ ተዘክሮ




**3.** ዘይምጥማይ



**4.** ድቃስ ምስኣን



**5.** ድኻም ወይ ኣዚኻ ምህላኽ




**6.** ምብስጫው ወይ ምሕራቕ



**7.** ምሕሳብ ወይ ምጭናቕ




**8.** ብዩን፡ ንጹል ወይ ግሉል




**9.** ንነብስኻ ናይ ምጉዳእ ወይ ምሟት ሓሳባት ምህላው

# 5.7 ንነብስካን ንኻልኦትን ከመይ ጌርካ ትሕግዝ?


ምስ ትጉሂ ወይ ትጭነቕ ንነብስካን ንኻልኦትን ዝሕግዙ ክትገብሮም ትኽእል ኣለዉ። ከም ዘዛንዩኻ ወይ ዘሐጉሱኻ ትፈልጦም ንጥፈታት ብምግባር ጀምር።




**መምርሒታት፡** ነዞም ንጥፈታት ተዓዘብ። ኣብ ምልምማድ ህይወት ናይ ካናዳ ዝገጥሙኻ ሽግራት ኣብ ምስጋር ሓገዝቲ እዮም ትብሎም ንጥፈታት "✓" ምልክት ግበር።




**1.** ምስ ሰባት ወይ ንሰባት መግቢ ምብሳል




**2.** ንኻልኦት ምሕጋዝ




**3.** ምስ ስድራቤትን ኣዕሩኽን ርክብ ምግባር




**4.** ካብ ገዛ ወጺእካ ግዜ ምሕላፍ




**5.** ዝተመጣጠነ ምግቢ ምምጋብ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡



**6.** ምጽላይን ምስትንታንን




**7.** ስፖርት ምጽዋት ወይ
ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር




**8.** ምስ ትኣምኖም ሰባት
ምዝራብ



**9.** ኣብ ኣዎንታዊ ሸነኻት
ህይወት ምድሃብ




**10.** ናይ ባህልኻ ሸነኻት
ምዝውታር



**11.** ንነብስኻ ግዜ ምሃብን ትዛነየሉ
ነገር ከም መጽሓፍ ምንባብ ወይ
ካልእ ነገር ምስራሕ

**ናይ ስምዒት ጥዕናኻ ልክዕ ከም ኣካላዊ ጥዕናኻ ኣገዳሲ ክኸውን ከሎ ክልቲኦም ድማ ይተሓሓዙ እዮም። ልክዕ ከም ኣካላዊ ሽግራት ስምዒታዊ ቃንዛ ክህልወካ ከሎ'ውን ሓገዝ ክትሓትት ይግባእ።**



# 5.8 ናይ ጥዕና ጸገማት ብጽሬት ምክልኻል

ጽቡቕ ኣካላዊ ንጽህና ንነብስኻን ንኻልኦትን ካብ ሕማማት ንምክልኻል ኣገዳሲ እዩ።


**መምርሒታት፦** ነዞም ናይ ጥዕና ጸገማት ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ናይ ጥዕና ጸገምን ኣገባብ ምክልኻሉን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



1. ሕማቕ ናይ ኣፍ ሽታን ምሕሳኽ ስኒን



2. ኢንፍሉዌንዛ ፡ ውጽኣትን ፓራሳይትን



3. ምስፍሓፉሕ ሕማማት




4. ቁማል



ሀ) ምስ ትሓምም መሸፈን ኣፍ ምጥቃም፡ ኣብ ግዜ ምስዓልን ምህንጣስን ኣፍካ ምሽፋን ከምኡ'ውን ድሕሪኡ ኢድካ ምሕጻብ።



ለ) ክዳን፡ መመሸጢ ወይ ሽጎማኖ ምስ ካልኦት ሰባት ብሓባር ዘይምጥቃም።



ሐ) ኣስናንካ ካብ 2 ክሳብ 3 ግዜ ምምዋጽ ከምኡ'ውን መዓልታዊ ክሪ ጌርካ ምጽራይ።



መ) መግቢ ቅድሚ ምድላውካ ወይ ድሕሪ ሽቓቕ ምጥቃምካ ብፍላይ ንከባቢ 20 ሰከንዳት ኢድካ ብሳሙና ብስሩዕ ምሕጻብ።



ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት ሞዴስክ ምጥቃም ከምኡ'ውን ጨርቂ-ሽንቲ ድማ ንቆልዑን ንዓበይቲን ምጥቃም ንጽሬት ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ዝተፈልዩ ቦታታት ከም ህዝባዊ ሽንት- ቤታት ብስሩዕ ይቕየሩ።



መልሓት፦ 1 (ሐ)፡ 2 (መ)፡ 3 (ሀ)፡ 4 (ለ)

# ምዕራፍ 6

# ትምህርቲ



# ምዕራፍ 6


# ትምህርቲ



## 6.1 ትምህርቲ ኣብ ካናዳ

ብመሰረት ሕጊ ካናዳ ቆልዑ ኣብ ካንዳ ክመሃሩ ኣለዎም። ከከም ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ድማ ቆልዑ ካብ 4 ክሳብ 6 ዓመቶም ምስ ኮኑ ትምህርቲ ይጅምሩ ክሳብ 16 ን 18 ዝኾኑ ከኣ ክቕጽሉ ኣለዎም።





ኣብ ካናዳ ሓላፍነት ናይ ትምህርቲ ናይ ኣውራጃታት ወይ ግዝኣታት እዩ። ስለ'ዚ ከም ትነብረሉ ቦታ መሰረት ነኣሽቱ ፍልልያት ክህልዉ ይኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ትነብረሉ ቦታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡




ካናዳ ክልተ ወግዓውያን ቋንቋታት ኣለዋ፡ እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን። መብዛሕትኡ ግዜ ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ብሓደ ካብዞም ቋንቋ ትምህርቲ ይህባ።

ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ቤት ትምህርትታት፡ ትምህርቲ ብእንግሊዝኛ ይወሃብ ቋንቋ ፈረንሳይኛ ድማ ከም ካልኣይ ቋንቋ ይወሃብ። ኣብ ናይ ፈረንሳይኛ ቤት ትምህርትታት ድማ ቋንቋ እንግሊዝኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ይወሃብ። ፈረንሳይኛ ጠለቓን ዝምህራ ቤት ትምህርትታት ድማ ናይ ክልቲኡ ሕዋስ ይህባ።

ናይ ግዝኣት ኲወቤክ ወግዓዊ ቋንቋ ፈረንሳይኛ እዩ። ሓደሽቲ መጻእተኛታት ቆልዑ ትምህርቲ ብፈረንሳይኛ ናብ ዝወሃበሉ ቤት ትምህርትታት ይኸዱ። ኣብ ካልኦት ኣውራጃታትን ግዝኣታትን ብዛዕባ ብፈረንሳይኛ ዝወሃብ ትምህርቲ ንምርካብ ኣብ'ዚ ርአ፡



# 6.2 ናይ ትምህርቲ ኣማራጺታት ንቑልዑ

**መምርሒታት፡** ቆልዑ ኣብ ካናዳ ንምምሃር ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ኣንብብ። ብትነብረሉ ቦታ መሰረት ይፈላለዩ እዮም። ኣብ ካንዳ ምስ ኣተኻ ንዝመወሉኻ ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ወይ ብሕታዊ ትካላት ክትሓቶም ዝመደብካዮም ናይ ትምህርቲ ኣማራጺታት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1. ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት**

**ሀ)** እዚ ኣብ ካናዳ ካብ ኩሉ ዓይነት ንላዕሊ ዝውቱር ዝኾነ ቤት ትምህርቲ እዩ። ሰባት ብዝኸፍልዎ ግብሪ'ዩ ዝድጎም። ኣውራጃታትን ግዝኣታትን ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ልዑል ዝደረጃኡ ትምህርቲ ምህላዉ የረጋግጹ። ኣብዞም ቤት ትምህርትታት ዝሰርሑ መምሃራን ምስክር ወረቐት ዘለዎም ክኾኑን መንግስቲ ዘውጽኦ ስርዓት-ትምህርቲ ክኽተሉን ይግብኦም።



☐ **ለ) ፍሉይ ቤት ትምህርትታት**

እዚ ኣብ ገሊኦም ኣውራጃታት ወይ ግዝኣታት ጥራይ ዝረከብ ብህዝቢ ዝድጎም ቤት ትምህርቲ እዩ። እብዞም ቤት ትምህርትታት ናይ ሮማን ካቶሊክ ሃይማኖት ትምህርቲ ኣካል ናይ ስርዓት-ትምህርቲ እዩ።



☐ **2. ናይ ግሊ ቤት ትምህርትታት**

እዞም ቤት ትምህርትታት ተማሃሮ ንክመሃሩ ስድራቤታት ገንዘብ ክኸፍሉ ይሓቱ። ገለ ካብዘን ቤት ትምህርትታት ብመንግስቲ ዝወጸ ሕግታት ይኽተላ። ካልኦት ናይ ግሊ ቤት ትምህርትታት ተማሃሮኦም እንታይ ከም ዝመሃሩን መን ከምዝምህሮምን ይመርጹ። ኣብዘን ቤት ትምህርትታት ሃይማኖት ኣካል ናይ ስርዓት-ትምህርቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።




☐ **3. ናይ ገዛ ትምህርቲ**

ገሊኦም ስድራቤታት ደቆም ኣብ ገዝኦም ከመህሩ ይመርጹ። ከም መርኣያ ትምህርቲ ይረኽቡ ምህላዎም ተማሃሮ ምምዝጋብ የድልዮም እዩ። መብዛሕትኡ ወጻኢታት ስድራቤታት ይሸፍኑዎ ተማሃሮ'ውን እንታይ ከም ዝመሃሩ ይውስኑ። ንናይ ገዛ ትምህርቲ ዝግበር ቁጽጽር ካብን ናብን ኣውራጃን ግዝኣትን ይፈላለ።


ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ ናይ ትነብረሉ ግዝኣት ወይ ኣውራጃ ናይ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዌብሳይት ርአ።

# 6.3 ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኣብ ካናዳ

**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ንዝረከቡ ቆልዑ ብዛዕባ ልሙዳት ተርእዮታት ናይ ትምህርቲ ኣንብብ።



1. ዓመታዊ ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ ነሓሰ ወይ ኣብ መጀመርታ መስከረም ጀሚሩ ኣብ ወርሒ ሰነ ክውዳእ ከሎ ኣብ ሞንጎ ዓመታዊ ዕረፍቲ ኣለዎ። ኣብ ካናዳ ምስ በጸሕካ ዓመታዊ ትምህርቲ ጀሚሩ እንተጸናሓካ እኳ ዕድሚኦም ንትምህርቲ ዝበጽሐ ቆልዑ ከተመዝግብ ትኽእል ኢኻ።



2. ተማሃሮ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ብዘይካ ኣብ ህዝባዊን ቤት ትምህርታዊን በዓላት ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ።




3. መብዛሕትኡ ግዜ ቆልዑ ንኣስታት 7 ክሳብ 8 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ የሕልፉዎ። ነዚ ኩሉ ግዜ'ዚ ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብምጽናሕ የሕልፉዎ።



4. ዋላ እኳ ቋንቋታት እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ዘይዛረቡ እንተኾኑ ሓደሽቲ መጻእተኛታት ኣብ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ክፍሊ'ዮም ክኣትዉ ዝምደቡ። ነቲ ቋንቋ ንክመሃሩ ንዕኦም ዝኸውን ተወሳኺ ሓገዝ ኣሎ።




5. ንኣካላዊ፡ ጠባያውን ናይ ምምሃር ጸገማት ንዘለዎም ተማሃሮ ተወሰኽቲ ድጋፋት ኣለዉ። እዚ ሓገዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ካልእ ቦታ ይወሃብ። ናብ ካናዳ ምስ መጻእካ ምስ'ቲ ቤት ትምህርቲ፡ ዝመወሉኻ ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ወይ ብሕታዊ መወልትኻ ተዘራረብን ሓገዝ ሕተትን።

## 6.4 መሰረታዊ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ኣብ ካናዳ


**መምርሒታት፡** ናይ ቆልዑ ናይ ትምህርቲ ድረጃታት ተዓዘብ። ኣብ ገሊኦም ግዝኣታት ወይ ኣውራጃታት እዞም ደረጃታት ብቑሩብ ክፈላለዩ ይኽእሉ።



**መዋእለ ህጻናት፡** ካብ 3-5 ዝዕድሚኦም



**መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡** ካብ 6-10 ዝዕድሚኦም (ክፍልታት 1-5)



**ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡** ካብ 11-13 ዝዕድሚኦም (ክፍልታት 6-8)



**ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡**
14-18 ዝዕድሚኦም (ክፍልታት 9-12)




**ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዲፕሎማ**





**ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ቆልዑ ንገሊኦም ሕማማት ክታበት ክምዝተኸትቡ ክርእዩ ወይ ከም ዘይምልከቶም ከመልክቱ ኣልዎም። እዋናዊ ናይ ክታበት ሓበሬታ ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ።**




# 6.5 ኣብ ካናዳ ተማሃራይ ምዃን

**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ተማሃራይ ምዃን ከመይ ከም ዝኾነ ኣንብብ። ካብ ኣብ ትነብረሉ ዝነበርካ ሃገራት ዝተፈልዩ ሙሉእ ሓሳባት "✓" ምልክት ግበረሎም።



☐ **1.** ተማሃሮ መብዛሕትኡ ግዜ ዲቪዛ ኣይክደኑን'ዮም።



☐ **2.** መምህር ናብ ክፍሊ ክኣትው ከሎ ተማሃሮ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ኮፍ መበሊኦም ኣይትስኡን እዮም።



☐ **3.** ጾታ፡ ናይ ባህሊ ድሕረባይታ ወይ ክእለት ብዘየገድስ ተማሃሮ ብሓንሳብ የጽንዑን ዕዮታቶም ይሰርሑን።



☐ **4.** ተማሃሮ ኣብ ገዛኦም ኮይኖም ዝሰርሕዎ ናይ ቤት ትምህርቲ ስራሕ ኣለዎም። እዚ ድማ ዕዮ-ገዛ ይበሃል።




☐ **5.** ተማሃሮ ንሓድሕዶም ክተሃሳሰዩ ወይ ብሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ክህሰዩ ኣይፍቀድን። ኣብ ቤት ትምህርቲ ንካልኦት ብዕላማ ንዝሃሲ ጽንኩር ሳዕቤናት ኣለዎ።




☐ **6.** ተኸተልቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዝኾኑ ተማሃሮ ብሓንሳብ የጽንዑ። ንኩሎም ሃይማኖታት ድማ ብማዕረ ከኽብሩዎም ኣለዎም።



☐ **7.** ተማሃሮ ካብ ገዛኦም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝበልዕዎ ምሳሕ ሒዞም ይመጹ።




ብዙሓት ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ስድራቤታትን ተማሃሮን ንኣሰራርሓ ስርዓት ትምህርትን ከመይ ምስ ስርዓት ኣጸናንዓ ናይ ካናዳ ከምዝላመዱን ዝገልጹ ሰራሕተኛታት ኣለዎም።





8. ተማሃሮ ገሊኦም ዘድልይዎም ቀረባት ይቐረቡሎም'ዮም። ስድራቤታት ድማ ንገሊኦም ከም ቦርሳ፡ መጽሓፊ ጥራዝ፡ ባይንደርን መጉየዪ ጫማን ክገዝኡሎም ኣለዎም።



9. ተማሃሮ ኣካላቶም ከመይ ከምዝዓብዩን ዝልወጡን ይመሃሩ። ናይ ጾታ ትምህርቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንዝያዳ ሓበሬታ ነቲ ቤት ትምህርቲ ሕተት።



10. ተማሃሮ ከም ኣልኮል ወይ መድሃኒታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክጥቀሙ ኣይፍቀድን'ዩ።



11. ተማሃሮ ሓሳባት ብምዝታይ፡ ብጉጅለታት ብምስራሕን ሕቶታት ብምሕታትን ይመሃሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ተማሃሮ ንክሽምድዱ ጥራይ ኣይሕተቱን'ዮም።




12. ተማሃሮ ብቋንቋታት እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ ወይ ብክልቲኦም የጽንዑ።



13. ተማሃሮ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ኣብ ዝተመደቡ ንጥፈታት ይሳተፉ እዮም። ገለ ኣብነታት ስፖርት፡ ክለባት ወይ ናብ ቤት መዘክራት ምኺድን እዮም። በዚ መሰረት እዮም ተማሃሮ ዝንባለኦም ዘማዕብሉን ኣዕሩኽ ዝፈጥሩን።



14. ተማሃሮን መምሃራንን ዝተፈላለዩ እዮም። ካብ ዝተፈላለዩ ዓሌታት፡ ሃይማኖታት፡ ጾታታት፡ ጾታዊ ዝንባለን ክእለታትን እዮም።



**ኣብ ላዕሊ ካብ ዘለኻዮም ፍልልያት ኣየናት እዮም ንዓኻ ወይ ኣብ ስድራቤትካ ዘሎ ተማሃራይ በዳህቲ ዝኾኑ?**


## 6.6 ምድሃል

ምድሃል ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘጋጥም ዓይነት ኣድልዎ እዩ። ካብ ኩሉ ድሕረባይታን ሕብረተሰባትን ንዝመጹ መንእሰያት ይጸሉ።



**1.** ናይ ቃል ምድሃል ዝበሃል ንሓደ ሰብ ብስም ምጽዋዕ፡ ከተፈራርሖም ወይ ብዛዕባኦም ክትሓምይን እዩ።







**4.** ማንዛዊ ምድሃል ድማ ኢንተርነት፡ ማሕበራዊ ሜድያታት ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ተጠቂምካ ንሰብ ምህዳድ ፣ ምትሓት ፣ ወረ ምዝርጋሕ ወይ ምልጋጽ እዩ።

**2.** ኣካላዊ ምድሃል ድማ ምህራም ፣ ምትኳይ፣ ምቕንጣው ፣ ምህዳን ፣ ምጉናጽ ፣ ናይ ካልኦት ንምብረት ምስራቕ ወይ ምዕናው ወይ ዘይተደልየ ወሲባዊ ምትንካፍ እዩ።



**3.** ስምዒታዊ ምድሃል ድማ ንሓደ ሰብ ካብ ጉጅለ ምንጻል ወይ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ምውራድ እዩ።

ምድሃል ኣብ ቤት ትምህርትታት ዝርአ ዘሕዝን ኩነት እዩ። ኣብ መላእ ካናዳ ዝርከባ ቤት ትምህርትታት ነዚ ጉዳይ ንምፍታሕ ይሰርሓ ኣለዋ። ንስኻ ወይ ትፈልጦ ሰብ ምድሃል የጋጥሞ እንተደኣሎ ምስ ትኣምኖ ሰብ ፣ መምህር ፣ ርእሰ-መምህር ፣ ዝመወሉኻ ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ወይ ብሕታውያን መወልትኻ ተዛረብ።



# 6.7 ስድራቤትን ትምህርትን

ኣባላት ስድራቤት ናይ ተማሃሮ ትምህርቲ ንምድጋፍ ኣብ ትምህርቶም ንጡፍ ተራ ክጻወቱ ኣለዎም። እዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥



**1.** ኣብ ዕዮ ገዛታቶም ምሕጋዝ




**2.** ምስ መምሃራኖም ምርኻብን ምዝራብን



**3.** ኣብ ቤት ትምህርቶም ወልንተኛ ብምኳን

ትሕቲ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ኣብ ስራቤትካ ምስ ዝህልዉ ብዘይ ክትትል ናጻ ክድገፉ የብሎምን።

ቆልዑ ንምእላይ ኣማራጺታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡




**1.** ሓላፍነት ወሲዱ ዝሕልዎም ወይ ዝከታተሎም ቤተሰብ ወይ ዓርኪ ክህልዎም



**2.** ኣብ ሊቸንሳ ዘለዎ ናይ ቆልዑ ማእከል ክንክን ወይ መዋእለ ህጻናት ምምዝጋብ



**3.** ኣብ ገዝኦም ዝእመን ናይ ቆልዑ ክንክን ክግበረሎም



**4.** ተኸፊሉ ብሓላፍነት ዝከታተሎም ሰብ ምግባር

**ዋጋ ናይ ቆልዓ ክንክን ኣገልግሎት ኣብ ነፍስ-ወከፍ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ይፈላለ እዩ። ኣብ ገሊኦም ኣውራጃታት ወይ ግዝኣታት ብመንግስቲ ዝድጎም ማእከል ክንክን ቆልዓ ብርትዓዊ ዋጋ ኣሎ።**



## 6.8 ኩነታት ተማሃሮ


**መምርሒታት:** ናይ ተማሃራይ ኩነታት ኣንብብ። ንስካ ወይ ኣብ ስድራቤትካ ዘሎ ተማሃራይ ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት እንተዝህሉ እንታይ ምገበርኩ ነይረ ኢልካ ሕሰብ።



**1.** ተማሃራይ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ይኣቢ።



**2.** ወዲ 15 ዓመት ተማሃራይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ስፖርት ጋንታ ምስ ተሓወሰ ውጽኢቶም ይትሕት።



**3.** ጽን ኢሎም ክሰርሑ እናተገብአ ከሎ ተማሃራይ ንመምህር ብምኹላፍን ምስ ኣዕሩኽቱ ብምዝራብን ጠባይ ኣኽፊኡ ኣሎ።



**4.** 17 ዝዕድሚኡ ተማሃራይ ድሕሪ ቤት ትምህርቲ ናብ ኩሉ ጾታ ዝረከቡዎ ፓርቲ ተዓዲሙ ኣሎ።

## 6.9 እኹላት ተማሃሮ

**መምርሒታት:** እኹላት ሰባት ኣብ ካናዳ ዘጽንዑሉ ልሙዳት ምኽንያታት ኣንብብ። ኣብ ከም እኹል ሰብ ኣብ ካናዳ ክትመሃር ትደልየሉም ምኽንያታት "✓" ምልክት ግበር።




☐ **1.** ዘይወዳእካዮ ትምህርቲ ንምውዳእ




☐ **2.** ናይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ወይ ክልቲኡ ክእለትካ ከተመሓይሽ




☐ **3.** ሰርቲፊኬት ፣ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ብምርካብ ክእለትካ ከተዕቢ



☐ **4.** ኣብ ዝደልይዎ ናይ ስራሕ ከይዲ ንምስታፍ ብቑዓት ክኾኑ



**ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዝዘይወድኡ እኹላት ሰባት ዲፕሎማ ንክረኽቡ ዝሕግዞም ትምህርትታት ኣለዉ። እዞም ሰባት ዋላ እኳ ብገዛእ ቋንቋኦም ምንባብን ምጽሓፍን እንተዘይከኣሉ ካብዚኦም ናይ ትምህርቲ መደባት ገሊኦም ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ትምህርቲ ይህቡ።**



## 6.10 ናይ እኹላት ሰባት ናይ ቋንቋ መደብ ትምህርትታት



**መምርሒታት፡** ንኣብ ካናዳ ቀወምቲ ነበርቲ ዝኾኑ እኹላት ሰባት ተባሂሉ ብመንግስቲ ዝድጎሙ ናይ ቋንቋ መደብ ትምህርትታት ኣንብብ።





1. እንግሊዝኛ ወይ ድማ ፈረንሳይኛ ንምምሃር ዘኽእሉ ዝተዳለው ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣለው። ሓደ ሓደ ግዝኣታትን ኣውራጃታትን ንስራሕ ዝተመረፀ ናይ ቋንቋ ስልጠና ይህቡ እዮም።




2. ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንምጅማር መጀመርታ ነጻ ናይ ቋንቋ ግምገማ ክትገብር ኣለካ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣተኻ ንዝመወሉኻ ብመንግስቲ ዝድጎሙ ትካላት ወይ ብሕታውያን መወልትኻ ነዚ ግምገማ መዓስን ኣበይን ክትገብር ከምትኽእል ሕተቶም። ናይ በጺሕካዮ ዘለኻ ደረጃ ርድኢት ክህለወካ ምእንቲ ኣብ'ዚ ነብስኻ ፈትሽ፡



3. ትምህርቲ ሙሉእ-መዓልቲ፡ ገለ ሰዓታት ናይ መዓልቲ ፣ ኣብ ግዜ ቀትሪ ፣ ምሸት ወይ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ክኸውን ይኽእል።




4. ትምህርቲ ካብ ቋንቋ ወጻኢ ካልኦት ነገራት'ውን ይምህሩ እዮም። ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዘሎ ህይወት'ውን ክትመሃር ኢኻ።




5. ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣብ ትወስደሉ ግዜ ናይ ቆልዓ ክንክን፡ ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ትኬት ወይ ካልኦት ሓገዛት እንተደኣ ኣለዉ ሕተት።

# 6.11 ቀወምቲ ነበርቲ ስለምንታይ ናይ ቋንቋ ክላሳት ይመሃሩ?


**መምርሒታት:** ቀወምቲ ነበርቲ ናይ ቋንቋ ትምህርትታት ዝወስዱሉ ምኽንያት ኣንብብ። ከም እኹል ሰብ ኣብ ካናዳ እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ወይ ክልቲኡ ክተጽንዕ ትደልየሉ ምኽንያታት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1.** ስራሕ ንምርካብ



☐ **2.** ኣገልግሎታት ብቐሊሉ ንምርካብ



☐ **3.** ህዝባዊ መጓዓዝያ ተጠቂምካ ኣብ ከባቢኻ ክትዛወር



☐ **4.** ቆልዑ ኣብ ትምህርቶም ንምሕጋዝ



☐ **5.** ኣብ ትነብረሉ ሕብረተሰብ ምስ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ርክብ ንምግባር



☐ **6.** ዜጋ ንምዃን ዘድልይ መዐቀኒ ክእለት ቋንቋ ንምሕላፍ



☐ **7.** ትምህርቶም ንክቕፅሉ


# 6.12 ናይ ትምህርቲ ኣማራጺታት ንእኹላት ሰባት




1. እኹላት ተማሃሮ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ምስ ወድኡ ኣብ ኮሌጃት፡ ኢንስቲትዩታት ወይ ዩኒቨርስቲታት ክመሃሩ ክመርጹ ይኽእሉ።



2. ቦታታት ውሱናት'ዮም ተቐባልነት'ውን ብውድድር እዩ። ኩሉ ካባኻ ዝጥለብ ከም ዘማላእካን ኣብ ግዚኡ ከምዘመልከትካን ኣረጋግጽ።



3. እንታይ ከምተጽንዕ ቅድሚ ምውሳንካ ናይ ስራሕ ምርካብ ኩነታት ኣጽንዕ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ኣብ ኮሌጃት፡ ኢንቲትዩታትን ዩኒቨርሲቲታትን ዝወሃቡ ዝተፈላለዩ ትምህርትታት ኣብ'ዚ ኣንብብ።



4. ኣብ ካናዳ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ስለዘለካ ስራሕ ናይ ምርካብ ውሕስነት ኣይህበካን እዩ። እዚ ይኹን እምበር ገሊኦም ስራሓት ንክተመልክት ጥራይ ዲፕሎማ ወይ ዲግሪ ዝሓቱ ኣለዉ።



# 6.13 ናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክፍሊት


ንናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝኸፈል ክፍሊት
ከከም ትካል ትምህርትን መደብ ትምህርትን ይፈላለዩ።





ናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ
ዘሎ ክፍሊት ንምቅማር ሓገዝ
ንምርካብ ናብ 1-888-815-4514
ደውል ወይ እዚ ተጠቀም፡

ገንዘባዊ ሓገዝ ንናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ብመሰረት ኣድላዩነት እዩ ዝወሃብ። ገንዘባዊ ሓገዝ
በዞም ዝስዕቡ ክመጽእ ይኽእል፡



1. ደሓር ዝኽፈል ናይ ተመሃራይ ልቓሕ
   ካብ መንግስቲ።



2. ምኽፋል ዘየድልዮ ብሓገዝን
   ብስኮላርሺፕን ዝወሃብ።




3. ደሓር ዝኽፈል ናይ ተማሃራይ ውልቃዊ
   ልቓሕ ካብ ባንክ። ናይ ውዕል ግዜ ከም
   ናይ መንግስቲ ልቓሕ ኣይከውንን።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ገንዘባዊ ሓገዛት
ንናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ
ኣብ'ዚ ኣንብብ፡

# 6.14 ደረጃታት ናይ ድሕረ-ካልኣይ ትምህርቲ


**መምርሒታት፡** ነዞም ናይ እኹላት ሰባት ደረጃታት ናይ ድሕረ-ካልኣይ ትምህርቲ ተዓዘብ። ኣብ ገሊኦም ኣውራጃታትን ግዝኣታትን እዞም ደረጃታት ቁሩብ ክፍለዩ ይኽእሉ። "(no $)" ንክፍሊት ዘይብሉ'ዩ፡ "$" ንትሑት-ክፍሊት'ዩ፡ "$$" ንማእከላይ ክፍሊት'ዩ ከምኡ'ውን "$$$" ንልዑል ክፍሊት'ዩ።





# 6.15 ናይ ትምህርቲ ብቕዓት መለከዒ


ካብ ካናዳ ወፃኢ ኣብ ካሊእ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲትዩት፣ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርስቲ ዝተመሃርኩሞ ትምህርቲ ብቐጥታ ኣብ ካናዳ ተቐባልነት ከይህልዎ ይኽእል።



ናብ ካናዳ ክትመፁ ከለኹም ናይ ትምህርቲ ብቕዓት መረጋገፂ ወሲድኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፤ እዚ ናይ ብቕዓት መረጋገፂ ስራሕ ክትደልዩ ከለኹም ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ኣብ ካናዳ ቍጽጽር ኣብ ዝግበረሉ ስራሕ እንተኣቲኹም ግን ተወሳኺ ናይ ብቕዓት መረጋገፂ ክትወስዱ ይግበአኩም እዩ።

ንትኽክለኛ ሓበሬታ በዚ ስልኪ ቑፅሪ 1-416-962-9725
እዚ ሕተት ወይ ኣብዚ ኣንብብ፦

**መምርሒታት፡** ንትምህርቲ ዝኸውን ብቕዓታት ንምግምጋም ዝሕግዝ ስጉምትታት ኣንብብዎም። ኣብ ካናዳ ቅድሚ ምምጻእካ ክትጅምሮም ኣብ ትኽእል ስጉምትታት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1.** ንዞም ዝስዕቡ ዘጠቓለለ ዝከኣለካ ብዝሒ ሰነዳት ምእካብ፡
- **ሀ)** ዲፕሎማታት ፣ ዲግሪታትን ሰርተፍኬታትን
- **ለ)** ናይ ትምህርቲ ትራንስክሪፕት
- **ሐ)** መረጋገጺ ናይ ስራሕ ታሪኽ
- **መ)** ናይ ኣስራሒ/ ተቖጻጻሪ ምውካስ




☐ **2.** ክትመሃረሉ ትኽእል ቦታ ኣናዲ ከምኡ'ውን ዝምስጠካ መደብ ርኸብ። ብዛዕባ ናይ ምምልካትን ምቕባልን ጠለባት ኣንብብ።



☐ **3.** እንታይ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ገምጋም ከምዝቕበሉ ንምፍላጥ ናብ ናይ መቐበሊ ቤት ጽሕፈት ደዊልካ ርኸብ።




☐ **4.** ናይ ኣንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ቋንቋ ግምገማ የድልየካ እንተኮይኑ ኣረጋግጽ።



**ናይ ምስክር ወረቐት ግምገማ ግዜን ገንዘብን ይሓትት እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ብዝተመሃርካዮ ንምስራሕ ክትገብሮም ዘለካ ነገራት ኣብ'ዚ ኣንብብ።**



# ምዕራፍ 7

# ስራሕ






# ምዕራፍ 7

# ስራሕ




## 7.1 ስራሕ ኣብ ካናዳ

ብገንዘብ ዓርስኻ ንምኽኣል ስራሕ ምርካብን ምዕቃብን ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ድማ መደብ ምውፃእን ዘይምሕላልን የድሊ።




ሓድሽ ሂወት ኣብ ካናዳ ኣብ ምጅማርን ስራሕ ኣብ ምርካብን ክእለት ቋንቋታት እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ኣገዳሲ እዩ። ንሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንሓደሽቲ መጻእተኛታት ምዕራፍ 6፡ ንጥፈት 6.10 ተዓዘብ።



ዋላ እኳ ብመንገዲ ፓይሎት ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ/ EMPP/PVAME ናብ ካናዳ ዝስደዱ ውልቀሰባት ስራሕ ሒዞም ኪመጹ ይኽእሉ እዮም። መንግስቲ ካናዳ ምስመፃእኹም ስራሕ ውሕስነት ክህበኩም ኣይኽእልን እዩ። ንባዕልኻን ስድራኻን ብገንዘብ ክትድግፍ ሓላፍነትካ እዩ።




ኣብ ካናዳ ስራሕ ንምዕቃብ ባህሊ ናይቲ ስራሕ ቦታ ምርዳእን ስራሕኻ ብፅቡቕ መንገዲ ክትሰርሕ ከምትኽእል ምርኣይን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ስራሕ ቦታ ንኽትዕወቱ ዝሕግዙ ብዛዕባ ክእለት፣ ብቕዓታትን ኣተሓሳስባታትን ብዝበለፀ ኣብዚ ይፍለጡ፡-



ኣብ ካናዳ ዘለዉ ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ናይ ሂወቶም ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ነዚ ድማ ንክእለቶም ከሐድሱን ንሓድሽ ናይ ስራሕ ዕድላት ብቑዓት ንክኾኑን ይሕግዞም።



ኣብ ካናዳ ንሓደሽቲ መፃእቲ ብመንግስቲ ዝምወላ ትካላት ልሙዳት ኮይነን ብዙሓት ድማ ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰር ኣገልግሎት ይህባ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 3 ንጥፈት 3.9 ርአይ።



## 7.2 ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ምስራሕ እንታይ ይስመዓካ?

**መምርሒታት፦** ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ምስራሕ ምስ ዝተኣሳሰሩ ኣተሓሳስባታት መግለፅታት ኣንብብ። እንተ ተስማዕሚዕኩም ኣብቲ “👍” ዝብል ሳንዱቕ “✓” ዝብል ምልክት ኣእትዉ። ርግፀኛ እንተዘይኮይንኩም ኣብቲ “🤷” ዝብል ሳንዱቕ “✓” ዝብል ምልክት ኣቐምጥ። እንተዘይተስማዕሚዕኩም ኣብቲ “👎” ዝብል ሳንዱቕ “✓” ዝብል ምልክት ኣእትዉ።




**1.** ስራሕ ብእትደልዮ መጠን ደሞዝ ጥራሕ ኢኻ እትቕበሎ።

☐ 👍 ☐ 🤷 ☐ 👎



**2.** እቲ ስራሕ ካብ ዓቕምኻ ንታሕቲ እውን እንተኾነ ትቕበሎ ኢኻ።

☐ 👍 ☐ 🤷 ☐ 👎



**3.** ንነብስኻን ንስድራቤትካን ንክትድግፍ ክትሰርሕ ኢኻ። ካልኦት ገንዘባዊ ሓገዝ ክገብሩልካ ኣይትጽበይን ኢኻ።

☐ 👍 ☐ 🤷 ☐ 👎




**4.** ብወለንታ ቋንቋ ክትለማመድን ሓደሽቲ ሰባት ክትላለን ፍቓደኛ ኢኻ።


☐ 👍 ☐ 🤷 ☐ 👎

## 7.3 ኣብ ካናዳ መን'ዩ ዝሰርሕ?


**መምርሒታት፡** ነዞም ሰባት ተዓዘቦም። ኣብ ካናዳ ክሰርሑ መሰል ኣለዎም ኢልካ ኣብ ትሓስቦም ሰባት "✓" ምልክት ግበር።



1. ☑ 2. ☐ 3. ☐ 4. ☐



5. ☐ 6. ☐ 7. ☐ 8. ☐



9. ☐ 10. ☐ 11. ☐ 12. ☐

ኣሰራሕቲ ንሰራሕተኛታት ብመሰረት ጾታ ፣ ዕድመ ፣ ዓሌት ፣ ማሕበራዊ ደረጃ ፣ ኩነታት ሓዳር/ኩነታት ስድራቤት፣ ቋንቋ ፣ ሃይማኖት ፣ ዜግነት ፣ ኩነታት ስደት ፣ ጾታዊ ዝንባለን ክእለትን ወይ ስንክልናን ብዘይኣገባብ ንከይርእይዎም ዝኽልክሉ ሕግታት ኣለዉ።



መልሲታት፡ 1 (✓)፡ 2 (✓)፡ 3 (✓)፡ 4 (✓)፡ 5 (✓)፡ 6 (✓)፡ 7 (✓)፡ 8 (✓)፡ 9 (✓)፡ 10 (✓)፡ 11 (✓)፡ 12 (✓)

## 7.4 ስድራቤታትን ምቑጻር ንስራሕን


**መምርሒታት፡** ናይ'ዚ ስድራቤት ኣተሓሳስባ ብዛዕባ ምቑጻር ስራሕ ኣብ ካናዳ ከመይ ከም ተቐየረ ተዓዘብ።

1. 

2. 

3. 



4. 

5. 


6. 

ኣብ ናይ ካናዳ ናይ ስራሕ ቦታታት ጸታኦም ብዘገድስ ኩሎም ሰባት ሓደ ዓይነት መሰላትን ሓላፍነታትን ኣለዎም። ሓደ ዓይነት ስራሕ እናሰርሑ ጸታኦም ካልእ ስለዝኾነ ጥራይ ዝተፈልየ ክፍሊት ምሃብ ዘይሕጋዊ እዩ።



## 7.5 ዓይነታት ስራሕ ኣብ ካናዳ









**1. ቁጽጽር ኣልቦ ስራሓት**

እዞም ስራሓት ልቾንሳ፡ሰርቲፊኬት ወይ ምዝገባ ኣይሓቱን እዮም። ዋላ እኳ ናይ ምቖጻር-ስራሕ ጠለባት ዝፈላለ እንተኾነ ዝተወሰነ ደረጃ ናይ ክእለት ወይ ትምህርቲ ከተርእይ ግን ኣለካ። ኣስታት 80% ኣብ ካናዳ ካብ ዝርከቡ ስራሓት ቁጽጽር ዘይግበረሎም እዮም።

**2. ቁጽጽር ዝግበረሎም ስራሓት**

እዞም ስራሓት ኣብ ኣውራጃኻ ወይ ግዝኣትካ ካብ ዘሎ ተቖጻጻሪ ኣካል ልቾንሳ ይሓቱ እዮም። ተቖጻጻሪ ኣካል ህዝባዊ ወይ መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ብዛዕባ ስራሕ ምስራሕ ሕግታት ዘውጽእ እዩ። ኣስታት 20% ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ስራሓት ቁጽጽር ዝግበረሎም እዮም።

እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ናይ ቁጽጽር ዝግበረሎም ስራሓት እዮም፡




**1.** ኣገልግሎት ጥዕና



**2.** ፋይናንሳዊ ኣገልግሎታት



**3.** ሕግን ሕጋዊ ኣገልግሎታት




**4.** ምምሃር



**5.** ስነ-ምህንድስናን ጥበብ-ህንጻን



**6.** ኣተሓሕዛ ሕሳብ



**7.** ህንፀት ኣባይቲ



**8.** ማሕበራዊ ስራሓት



**9.** ናይ ንግዲ ስራሓት (ኤለክትሪሻን ፣ ድራውሊኮ ፣ ሜካኒክ ፣ ስራሕተኛ ቡምባ ማይ)


ፍቓድ /ልቾንሳ/ ንምርካብ ፈተናታት ክትሓልፍን ንሓደ ተቖፃፃሪ ኣካል ድማ ክፍሊት ክትከፍልን ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 7 ንጥፈት 7.10 ርአይ።



# 7.6 ቀዳማይ ስራሕካ ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናዳ ናይ ብዙሓት ሰባት ቀዳማይ ስራሕ ቁጽጽር ዘይግበረሎም ስራሓት እዮም። ቀዳማይ ስራሕ ሓደ ሰብ ንመዋእል ዝሰርሖ ስራሕ እዩ ማለት ኣይኮነን። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ምስራሕ ምጅማር እዩ።


**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ኣብ ኩሉ ክሊ ናይ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ዝሰርሕዎም ቀዳሞት ስራሓት ተዓዘብ። ንነብስኻን ንስድራቤትካን ንምሕጋዝ ኣመልክተሎም'ዩ ኢልካ ኣብ ትሓስቦም ቀዳሞት ስራሓት "✓" ምልክት ግበር።



**1.** ንብረት ኣበጻጻሒ




**2.** ተሓዝ ገንዘብ




**3.** ናይ ጽሬት ሰራሕተኛ




**4.** ናይ ህንጸት ሰራሕተኛ




**5.** ናይ ክንክን ሰራሕተኛ



**6.** ናይ ምግቢ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ



**7.** ናይ እንጃ ባኒ ሰራሕተኛ



**8.** ናይ ኮምፒዩተር ፕሮግራመር ወይ ዲቨሎፐር(መማዕበሊ)/ ናይ ኮምፒዩተር በዓል ሞያ



**9.** ናይ መልከዓ ምድሪ ሰራሕተኛ

# 7.7 ኣብ ካናዳ ስራህ ንምርካብ ዘጋጥሙ ብድሆታት


**መምርሒታት፡** ሓደሽቲ መፃእቲ ኣብ ካናዳ ስራሕ ኣብ ምርካብ ንዘጋጥሞም ልሙድ ፈተናታት ገለ መፍትሒታት ኣንብብ። ኣብ ዝቕፅል ገፅ ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ኩነታት ኣንብብ። ሕድሕድ ኩነታት ናይዚ ሓድሽ መፃኢ ምስቲ ፍታሕ ኣብቲ ሳንዱቕ ደብዳቤ ብምፅሓፍ ኣዛምድ። ሕድሕድ ኩነታት ካብ ሓደ ንላዕሊ ቅኑዕ መልሲ ኣለዎ።




**ሀ)** ናይ ቋንቋ ገምጋም ብምውሳድ ናይ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ ወይ ፍሉይ ክእለት ቋንቋታት ኢንዱስትሪ(ምስ ኢንዳስትሪ ዝተተሓሓዙ ቋንቋታት) ንምምሕያሽ ብመንግስቲ ኣብ ዝምወል ሓፈሻዊ ቋንቋ ትምህርቲ ምምዝጋብ።



**ለ)** ኣብ ካናዳ ብዓርሰ ፍቓደኝነት ብምስራሕ፣ ኢንተርንሺፕ/ ናይ ልምምድ ወይ መሰጋገሪ ስራሕ ብምጅማር ሞያዊ ተሞክሮ ምጥራይ።




**ሐ)** ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ቦታ ኣሰራርሓታት ኣብ ማሕበራውን ሞያውን ፍፃመታት ብምስታፍ ምፍላጥ።




**መ)** ኣብ ካናዳ ንዝርከቡ ዝተወሰኑ ስራሕቲ ዘድሊ ክእለትን ስልጠናን ንምግምጋም ካብ ካናዳ ወፃኢ ንዝነበረ ናይ ቅድሚ ሕዚ ተሞክሮ መረጋገፂ ገምጋም ምውዳእ።




**ረ)** ኣብ ሓደ ናይ ምኽሪ ፕሮግራም ተሓዊስካ ምስቶም ናይ ስራሕ ስግግር ክህቡ ዝኽእሉ ካናዳውያን ሰብ ሞያ ብመርበብ ሓበሬታ ርክብ ምጅማር።




**ሰ)** ኣብ ካናዳዊ ትካል ብምእታው ኣብ ከም ድልድል ዘገልግል ፕሮግራም ወይ ድማ ኣብ ናይ ሓፂር ግዜ ስልጠና ምሕዋስን(ምፅንባርን) መረጋገፂ ገምጋም ናይ ዝሓለፉ ትምህርታዊ መፅናዕትታት ምውዳእን።

**ኣብ ማሕበረሰብካ ንዝርከብ ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ክትጉብንይ ትኽእል ኢኻ። ስራሕ ኣብ ምርካብ ንዘጋጥሙ ፈተናታት ብኸመይ ከምትሰግሮም ገለ ጠቓሚ ምኽሪ ሓደ ሰራሕተኛ ሰፈራ ክህበካ ይኽእል እዩ።**





ለ, ሐ, ሠ


**1.** እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ዝዛረብ ሓድሽ መጻእተኛ ከምኡ'ውን ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ካናዳ ተቐባልነት ዝረኸበ። በቲ ዝተማሃርዎ ዓውዲ ግን ስራሖም ዘይፈልጡ።




**2.** ሓድሽ መጻኢ ኮይኑ ክብ ዝበለደረጃ ትምህርቲ ዘለዎ ግን ከኣ ኣብ ካናዳ ተቐባልነት ዘይረኸበ። ካብ ካናዳ ወጻኢ ብዓውዱ ሰሪሑ ዝፈልጥ። ብዝተማህሮ ዓውዲ ኣብ ካናዳ ንክሰርሕ ፈተናታት ክሓልፍ ኣለዎ። ምስ ስርሑ ዝተተሓሓዙ ቴክኒካዊ ቃላት ብእንግሊዝኛ ወይ ብፈረንሳይኛ ኣይፈልጦምን እዩ።




**3.** ሓድሽ መጻእተኛ ከንብብ ወይ ክጽሕፍ ዘይክእል። ዝሰርሖ ስራሕ ብኢዱ እዩ። ቅድሚ ናብ ካናዳ ምምጽኡ ናይ ብዙሕ ዓመታት ተመኩሮ ዘለዎን ናቱ ዝውንኖ ቢዝነስ ዝነበሮን እዩ።




**4.** ሓድሽ መጻእተኛ ኮይኑ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ዘይወድአ ግን ቁሩብ ፈረንሳይኛ ክዛረብ ዝኽእል። ኣብ ሃገሩ ንብዙሕ ዓመታት ዝሰርሐ። መብዛሕትኡ ዝረኸቦ ስራሕ ብመንገዲ ዝፈልጦም ሰባት እዩ።

**ምስቲ ቅድሚ ሕዚ ትሰርሖ ዝነበርካ ስራሕ ዝመሳሰል ክትረክብ ኣፀጋሚ እኳ እንተኾነ ኣወንታዊ ኣረኣእያን ክፉት ኣእምሮን ይሃልኻ። ምስ ኣስራሒኻ ከምዘይትተኣሳሰር ኣይትረስዕ። ስለዚ ኣማራፂ ስራሕ ናይ ምድላይ መሰል ኣለካ።**



መልስታት፡ 1 (ለ፡ ሐ፡ ረ )፡ 2 (ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መ፡ ረ፡ ሰ)፡ 3 (ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መ፡ ረ)፡ 4 (ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መ፡ ረ)

## 7.8 ኣብ ካናዳ ስራሕ ከመይ ትደሊ?


***መምርሒታት:*** ብዛዕባ ስራሕ ከመይ ጌርካ ከምትደሊ ኣብ ካናዳ ኣንብብ። ኣብ ካናዳ ስራሕ ክትደልየሎም ኣብ ዝመደብካዮም መንገድታት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1.** ኣብ ናይ ስራሕ መርበብ ሓበሬታን ከም LinkedIn. Com ኣብ ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ መራኸብታትን ኣቢልካ ኣብ ኢንተርኔት ተረኸብ።




☐ **2.** ምስ ኣዕሩኽትኻ፣ ኣዝማድካን ኣባላት ማሕበረሰብን መርበብ ሓበሬታ ምግባር፣ ኣብ ውሽጢ ዕድላት ንክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል።



☐ **3.** ንሓደሽቲ መፃእቲ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ምብፃሕ።




☐ **4.** ምስ ንስራሕ ዝቖጽሩ ሰባት ብኣካል ምርኻብ።



☐ **5.** ኣብ ምርኢታት ስራሕ ብሽርቺዋል ወይ ብኣካል ምክፋል(ምስታፍ)።


ናይ ስራሕ መድለዪ ዌብሳይታት ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣለው፡ www.jobbank.gc.ca/home ን www.workopolis.com.






ኣብ ካናዳ ስራሕ ንምርካብ ብዙሕ መንገድታት ኣሎ። መብዛሕትኡ ናይ ስራሕ ምልክታታት ብኢንተርነት እኳ እንተቐረበ ገሊኡ ግን ብህዝቢ ኣይፋለጥን እዩ።

ቅድሚ ምምልካትካ እቲ ስራሕ ሕጋዊ ምዃኑ ኣረጋግፅ። ርግፀኛ እንተዘይኮይንካ ገንዘብ ፈፂምካ ኣይትኽፈል ወይ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ኣይተካፍል።



# 7.9 ኣብ ካናዳ ቀዋሚ-ስራሕ ትጅምረሉ ኣማራጺታት


**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ቀዋሚ-ስራሕ ትጅምረሎም ኣማራጺታት ኣንብብ። ክትትግብሮም ኣብ ዝመደብካዮም ኣማራጺታት "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1. ግምገማ ምስክር ብቕዓት**
ንካብ ካናዳ ወጻኢ ዘጥረኻዮ ትምህርትን ተመኩሮን ኣብ ካናዳ ተቐባልነት ንምርካብ ምምልካት።



☐ **2. መሰጋገርቲ ስራሕቲ**
ኣብ ዝተወሰነ ዓውዲ ስራሕ ፍቓድ ክትረክብ እናተፀበኻ እንተለኻ ናይ ካናዳ ተሞክሮ ንምርካብን ቋንቋ ንምልምማድን ኣብ ዝኾነ ስራሕ ምስራሕ። ካብ 29 ዓመት ንታሕቲ ንዝኾኑ ሰባት ዕድላት ኣብዚ ድለዩ፡-



☐ **3. ናይ መሰጋገሪ መደባት**
ኣብ ዓውድኻ ናይ ካናዳ ተመኩሮ ንምቕሳም፡ ንስራሕ ዘድሊ ቋንቋ እንግሊዝኛ ወይ ፈረንሳይኛ ንምምሃር ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ ቦታ ባህሊ ንምርዳእ ዝሕግዙ ስልጠናታት።

☐ **4. ናይ መለማመዲ ስራሕ**
ውሑድ ናይ ካናዳ ተመኩሮ ሃልዩካ ኣብ ናይ ሓጺር-ግዜ ፣ ብጀማራይ ደረጃ ኣብ ዓውድኻ ምስራሕ። ሓደ ኣብነት ናይ'ዚ ናይ ፈደራል መደብ ኢንተርንሽፕ ንሓደሽቲ መጻእተኛታት እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ።




**5. ናይ ካናዳ ትምህርቲ**
ኣብ ትደልዮ ስራሕ ብቑዕ ኾይንካ ክትሰርሕ ምእንቲ ኣብ ናይ ካናዳ ትካል ትምህርቲ ምምሃር።



**6. ወለንታዊነት**
ምስ ሰባት ዘለካ ርክባት እናሃነጽካ ግዚያዊን ዘይትክፈለሉን ስራሕ ብምስራሕ ናይ ካናዳ ተመኩሮ ትቐስመሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡




**7. ናይ ምዕዶ መደባት**
ምስ ኣብ ትደልዮ ስራሕ ዝሰርሕ ዓላማይ ትራኸበሉ መንገዲ። እዚ ሰብ'ዚ ምኽርታት ይልግሰልካን ከምኡ'ውን ምስ ኣብ ዓውዲኻ ዝነጥፉ ሰባት ኣብ ምርካብ ይሕግዘካ።




**8. ናትካ ቢዝነስ ምጅማር**
ኣብ ካናዳ ቀዋሚ ስራሕካ ናትካ ቢዝነስ ብምኽፋት ወይ ብነብስኻ ትሓድር ምኻን። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ።

# 7.10 ኣገዳስነት ገምጋም ሰነዳት

ግምገማ ምስክር ብቕዓት ንናይ ቅድሚ-ሕጂ ዝነበረ ተመኩሮኻ ምስ ኣብ ካናዳ ዝተደንገጉ ናይ ስራሕ መቖጻሪ መለከዒ ዘወዳድር መስርሕ እዩ። ክእለትካ፡ ፍልጠትካ፡ ናይ ስራሕ ተመኩሮኻን ናይ ካልእ ሃገር ትምህርትኻን ዝግምገመሉ መስርሕ እዩ።





ናይ ምስክር ብቕዓት ግምገማ ንናይ ካናዳ ቆጸርቲ ሰራሕተኛ ብቕዓትካ ንክርድኡ ይሕግዞም። ናይ ምስክር ብቕዓት ገምጋሚ ትካል ንናይ ትምህርቲ ምስክር ብቕዓትካ ብክፍሊት ክግምግም ይኽእል። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምስክር ብቕዓት ኣብ ካናዳ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡



ንውጽኢት ናይ ምስክር ብቕዓት ግምገማ ኣብ ናይ ዝርዝር ተመኩሮ ሰነድካ ከተእትዎ ኣገዳሲ እዩ።



ንወጻኢታት ናይ ግምገማ ናይ ምስክር ብቕዓትካ ኣብ ምሽፋን ዝሕግዙ መደባት ኣለዉ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡

ስራሕ ክትደሊ ከለኻ ናይ ትምህርቲ መረጋገጺ ገምጋም ክሕግዘካ ይኽእል። ብተወሳኺ ንገለ ስራሓቲታት ክእለትካን ስልጠናኻን እውን ክግምገም ከድልዮ እዩ።ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ገምጋም መረጋገጺ መንነት ኣብዚ ኣንብቡ፦

**ሓደ ዓይነት ስራሕ ብመሰረት ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ዝተፈላለየ ኣርእስትታትን ጠለባትን ክህልዎ ይኽእል። ብቕዓትካ ምስ ጠለብ ናይ'ቲ ስራሕ ከምዝሰማማዕ ንምርግጋጽ ዝርዝር ዕማም ብጥንቃቐ ኣንብብ።**




# 7.11 መስርሕ ምምልካትን ምቑጻርን ስራሕ

**መምርሒታት፡** ኣብ መስርሕ ምምልካትን ምቑጻርን ስራሕ ዘለዉ ስጉምትታት ተዓዘብ። እዞም ስጉምትታት ከከም ዓይነት ስራሕ ቁሩብ ክፈላለዩ ይኽእሉ።

**1** ስራሕ ድለይ።




**2** ዝርዝር ናይ ስራሕ ተመኩሮታትካን ብቕዓትካን (ሲቪ)ኣዳሉ ። ሲቪ ንኸተዳሉ ምእንቲ ኺሕግዘካ ኣብዚ ኣንብብ፡




**3** ነቲ ስራሕ ንስኻ ስለምንታይ ዝበለጽካ ሰብ ምዃንካ ዝገልጽ ደብዳበ ጸሓፍ (መላለዩ ደብዳበ)።




**4** ስነዳትካ ስደድ። ሲቪካን መላለዩ ደብዳበኻን ንነፍስ-ወከፍ ስራሕ ኣዳልዎ።




**5** ንቃለ-መጠይቕ ንምጽዋዕ ቆጻራይ ይውስን።



**6** ኣብ ናይ ስራሕ ቃለ-መጠይቕ ንስኻ ነቲ ስራሕ ትኸውን ትኽክለኛ ሰብ ምዃንካ ኣረጋግጽ።




**7** ብዙሓት ሰባት ቅድሚ ንቃለ-መጠይቕ ምጽዋዖም ኣብ ብዙሓት ስራሓት ከመልክቱ ይደልዩ። ፈተነኻ ቀጽል!



**8** ድሕሪ ሒደት ግዜን ብዙሕ ፈተነታትን ናይ ስራሕ ዕድል ትረክብ። እንኳዕ ሓጎሰካ!



ኣብ ዝርዝር ዕማም ናይ ቋንቋ ጠለባት ኣረጋግጽ። መብዛሕትኦም ስራሓት እንግሊዝኛ ክትዛረብ ይጠልቡኻ። ኣብ ኲወቤክ ድማ ፈረንሳይኛ እዩ ብቐንዱ ዝጥለብ። ክልቲኦም ፡ ማለት እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ምፍላጥ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ስራሕ ክትረኽበሎም ዘኽእሉኻ ጸጋታት እዮም።




# 7.12 ብዛዕባ ኩነታት ስራሕ ካናዳ ምምሃር


**መምርሒታት፦** ድሕሪ ናይ ስራሕ ዕድመ ምስተቐበልካ ዝያዳ ክትፈልጦም ኣገደስቲ ዝኾኑ ዝርዝር ኣርእስትታት ኣንብብ። ብዛዕባ እቶም ኣርእስትታት ዝበለፀ እናፈለጥካ ብዝኸድካ ኣብቲ ሳንዱቕ "✓" ዝብል ምልክት ኣቐምጥ።



☐ **1.** ኣብ ካናዳ ከም ሰራሕተኛ ዘለካ መሰላት። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 7 ንጥፈት 7.13 ርአይ።



☐ **2.** ውዕላትካን ቅጥዕታት ናይ ውዕላትካን። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦



☐ **3.** መዐቀኒታት ስራሕ ኣብ ካናዳ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 7 ንጥፈት 7.13 ርአይ።



☐ **4.** ኣብ ካናዳ ናይ ስራሕ ቦታ ባህሊ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 7 ንጥፈት 7.14 ርአይ።




☐ **5.** ጥዕናን ድሕንነትን ኣብ ስራሕ ቦታ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦



☐ **6.** መንግስቲ ዝሃቦ ናይ ስራሕ ጥቕማጥቕሚታት። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦

## 7.13 መሰላት ሰራሕተኛታት ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ካብቲ ዝነበርካሉ ቦታ ዝተፈልየ መሰላት ክህልዎም ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ገለ ካብቶም ኣብ ካናዳ መሰል ሰራሕተኛታት ዝሕልዉ ሕግታት ዝበለፀ ኣብ ታሕቲ ኣንብብ፡-



1. ሕጊ ዕዮ ካናዳ ብዛዕባ መሰላት፣ ግቡኣትን መቐፀሪ ደረጃታት ሰራሕተኛታትን ብፌደራል ንዝምራሕ ስራሕቲ ይገልፅ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ብፌደራል ዝምራሕ ስራሓትን ሕጊ ዕዮ ካናዳን ኣብዚ ኣንብቡ፡-





2. ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ካናዳ ንሰራሕተኛታት ብሰንኪ ዕድመኦም፣ ፆታኦም፣ ዓሌቶም፣ ማሕበራዊ ደርቦም፣ ኩነታቶም ሓዳር ወይ ስድራ ቤቶም፣ ቋንቋኦም፣ ሃይማኖቶም፣ ዜግነቶም፣ ኩነታት ስደት፣ ፆታዊ ዝንባለኦምን ዓቕሞም ወይ ኣካለ ጎደለነቶምን ካብ ዝፍፀም ኣድልዎ ወይ ምግፋዕ ይከላኸለሎም። ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፡-



**ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ደረጃ ዕዮ ጥርዓን ንምቕራብ መጀመርታ ምስ ወኪል ማሕበር ሰራሕተኛታት ርክብ ብምግባር ነቲ ጉዳይ ብኸመይ ክእለ ከምዝካኣል ክዛተየሉ ይኽእል። ድሕሪኡ ድማ ናይ ጥርዓን ቅጥዒ ክመልእ ይኽእል።**

**ብዛዕባ ናይ ጥርዓናት ብቕዓትን ግዜ ገደብን ዝምልከት ዝበለፀ ንምፍላጥ ኣብዚ ኣንብቡ፡-**





**3.** ሓድሓደ ግዜ ኣስራሕቲ ንገሊኦም ውልቀ-ሰባት ኣድልዎ ንምክልካል ወይ ደው ምእንቲ ከብልዎ ኣብ ስርሖም ለውጢ ኽገብሩ ኣድላዪ ኢዩ። ኣስራሕቲ ኣብ ሕግታቶም ወይ ኣሰራርሓኦም ኣብ ውሽጢ ርትዓዊ ደረት ምትዕርራይ ናይ ምግባር ግዴታ ኣለዎም። እዚ ምትዕርራይ እዚ ኣካለ ጎደሎ ኣብ ስራሕ ምሉእ ብምሉእ ክሳተፉ የኽእሎም።

ብዛዕባ ግዴታ ኣስራሕቲን ኣካለ ጎደሎ ንምትእንጋድ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ኣንብቡ፦



**4.** ሕጊ ምዕሩይነት ስራሕ ብፌደራል ዝምርሑ ኣስራሕቲ ንስራሕ ኣብ ዘዕንቅፉ ፍልልያት ንምውጋድ ብፍሉይ ንጡፍ ስጉምትታት ክወስዱ ይጠልብ። ብታሪኽ ደቂ ኣንስትዮ፣ ደቀባት፣ ኣካለ ጎደሎን ዓሌታዊ ጉጅለታት ኣብ ስራሕ ከይተጠቀሙ ፀኒሖም እዮም።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ምዕሩይነት ስራሕ ኣብዚ ኣንብቡ፦



**5.** ምዕሩይነት ደሞዝ ማለት ኣብ ብፌደራል ዝምራሕ ናይ ስራሕ ቦታታት ማዕረ ዋጋ ንዘለዎ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት እዩ።ብዙሕ ኣይኽእሉን ኣብዝበሃሉ ጉጅለታት ንዘሎ ናይ ፆታ መሰረት ዝገበረ ናይ ኣከፋፍላ ክፍተት ምዕፃው ዝዓለመ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ምዕሩይነት ክፍሊት ኣብዚ ኣንብቡ፦


# 7.14 ኣብ ካናዳ ናይ ስራሕ ቦታ ባህሊ

ባህሊ ናይ ስራሕ ቦታ ቅዲታትን ኣሰራርሓታትን ምሕደራ፣ ኣገባብ ውደባ ስራሕ፣ ሰራሕተኛታት ብኸመይ ይተሓዙን ኣብኡ ዝርከብ ማሕበራዊ ድጋፍን ከጠቓልል ይኽእል። ኣብ ካናዳ ባህሊ ናይ ስራሕ ቦታ ምርዳእ፣ ሓደ ሰብ ስራሕ ክዕቕብ፣ ኣብ ስራሕ ዕግበት ክስመዖ፣ ሚዛን ስራሕን ህይወትን ንኽረክብን ኣብ ሞይኡ ንኽስጉምን ክሕግዞ ይኽእል።

**መምርሒታት፦** ብዛዕባ ልሙድ መዳያት ባህሊ ስራሕ ቦታ ኣብ ካናዳ ኣንብብ። ኣብቲ ንኣስራሒኻ ዝበለፀ ሓበሬታ ክትሓተሉ ትኽእል መዳያት ኣብቲ ሳንዱቕ "✓" ዝብል ምልክት ኣቐምጥ።



☐ **1. ብዙሕነት**
ምስ ዝተፈላለየ መንነት፣ ጥበብ፣ ድሕረ ባይታ፣ ባህሊ፣ ክእለት፣ ተሞክሮን ኣረኣእያን ዘለዎም ሰባት ምትሕብባር። እዚ ድማ ደቀባት፣ ስንኩላት፣ ዝተፈላለየ ፆታዊ ዝንባለ፣ ፆታዊ መንነትን መግለፂታት ፆታዊ ባህርያትን ከምኡ እውን ዝተፈላለየ ብሄራት፣ ሃይማኖትን ዓሌትን ዘለዎም ሰባት ከጠቓልል ይኽእል።



☐ **2. ተሳትፎ ሰራሕተኛታት**
ኣብ ሰራሕተኛታት ዘተኮረ ፍፃመታት ከም ናይ ስራሕ ቦታ ድግሳት፣ ካብ ስራሕ ቦታ ወፃኢ ዝግበር ንጥፈታትን ዕድመታትን ምስታፍ።
ናብ ሓፈሻዊ ወይ ኣፍልጦ ዘወሃበሉ ኣኼባታት።




☐ **3. ማዕርነታዊ ናይ ስራሕ ቦታ**
ዕድመ፣ ፆታ ወይ ካልእ ባህርያት ብዘየገድስ ማዕረ ዕድላት ስራሕ ምርካብ።




☐ **4. ማዕረ ኽፍሊት**
ኣብ ስራሕቲ ናይዚ ኣስራሒ ማዕረ ዋጋ ንዘበርክቱ ስራሕቲ ማዕረ ክፍሊት ምቕባል።




☐ **5. ሃይማኖታዊ ድሌታት ምትእንጋድ**
ኣብ ስራሕ ንዝግበር ልምድታትን ምትዕርራይ መንበሪ ምሕታት። ሃይማኖታዊ ልምድታት ንምኽባር ከም ስርዓት ኣከዳድና፣ ናይ ዕረፍቲ ግዜ፣ ናይ ስራሕ መዓልታት ምትዕርራይ ወይ ናይ መውፅኢ ግዜ ዳግማይ ምምዳብ።



6. **ተዓፃፃፊ ናይ ስራሕ ምድላዋት**
ናይ ስራሕን ናይ ገዛን ህይወት ሚዛንን ንምሕላው ብዛዕባ ተዓፃፃፊ መደብ ምውፃእን ምድላዋት (ኣሰራርሓ) ስራሕን ምሕታት።




7. **ቕሉዕ(ግልፂ) ርክብ**
ርኢቶ ምሃብን ምቕባልን ኣብ ዘድልየሉ እዋን ምስ ኩሎም ሰራሕተኛታት እቲ ትካል ብግልፂ ምትእስሳር።



8. **ጨና ዘይብሉ ከባቢታት**
ንኹሉ ሰብ ጥዕና ዘለዎ ኣየር ምሕላው። ኣብ ከም ሽታ ዝኣመሰሉ ዝጥቀሙሉ ጨናዊ ፍርያት ኬሚካላት ሰባት ከሕምሙ ይኽእሉ። እዚ ኣየር ጥዕና ዘለዎ ንክኸውን ገለ ናይ ስራሕ ቦታታት ሰራሕተኛታት ጨና ዘይብሉ ፍርያት ክኽደኑ ይሓቱ።



9. **ማሕበራት ሰራሕተኛታት**
ማሕበር ሰራሕተኛታት ምሕዋስን፤ ንጉዳያት ስራሕ ንምፍታሕ ብመሰረት እቲ ኢንዱስትሪ ወከልቶም ንክሳተፉ ምሕታት።



10. **ጥርዓን ምቕራብ**
ኣስራሒ ንዝወሰዶም ምምሕዳራዊ ውሳነ ብዘይምስምማዕ ጥርዓን ምቕራብ ወይ ድማ ግጉይ ተግባር ወይ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ምሕባር።




☐ **11. ውሽጣዊ ሕግታትን ስርዓታትን**
ስርዓታት ቅንዕና፣ ኣካይዳን ምስጢራዊነትን ምኽባር። እዚኦም ከም ሰዓት ምሕላው፣ ኣከዳድና፣ ከምኡ እውን ምክልኻል ዳታን ሓበሬታን ዝኣመሰሉ መዳያት ከጠቓልሉ ይኽእሉ።




☐ **12. ጥዕናን ፅቡቕ ምህላውን**
ኣብ መንጎ ስራሕን ውልቃዊ ህይወትን ሚዛን ንምርካብ፣ ፅቕጢ ወይ ጭንቀት ንምቕናስ፣ ዓመፅ ወይ እውን ፀርፊ ንምቕናስ ካብቲ ብኣስራሒ ዝቐርብ ናይ ኣእምሮን ጥዕናን መደባት ተጠቃሚ ምኻን።



☐ **13. ኣብ ስራሕ ቦታ ድሕንነት**
ንሰራሕተኛታት ንምክልኻል ዝሕግዙ ስጉምትታት ጥዕናን ድሕነትን ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታን ስልጠናን ምርካብን ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ምስራሕ ምእባይን።



☐ **14. ናይ ዕረፍቲ፣ ናይ ሕማምን ናይ ውልቀን ዕረፍቲ መሰል ምህላው**
ኣብ ዝሓመመሉ እዋን፣ ኣብ ዝተጎድኣሉ እዋን፣ ንሓደ ኣባል ስድራ ቤት ቀዳማይ ክንክን ምሃብ ኣድላይነት እንተሃልዩ ወይ ንሓደ ሓድሽ ዝተወልደ ህፃን ንምምጋብ ካብ ስራሕ ዝኽፈል ወይ ብዘይ ክፍሊት ዕረፍቲ ምውሳድ።




☐ **15. ናይ ወሊድን ናይ ወለድን ዕረፍቲ**
ቅድሚ ሕርሶም ወይ ድሕሪ ሕርሶም ንሰባት ክፍሊት ከይተቛረፀ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ምውሳድ። ኩሉ ፆታ ዘለዎም ወለዲ ካብ ስራሕ ዕረፍቲ ወሲዶም ንሓደሽቲ ዝተወልዱ ወይ ሓደሽቲ ዝተረኽቡ ህፃናት ክኣልዩ ወይ ክንከባኸቡ ይኽእሉ።




**እዞም ናይ ስራሕ ቦታ ኣሰራርሓታት ኣብነታት ጥራሕ ኮይኖም ኩሎም ብኹሎም ኣስራሕቲ ዝቐርቡ ኣይኮኑን። ናይ ስራሕ ቦታ ኣሰራርሓ ኣብ ዓቐን ኣስራሒ፣ ኢንዱስትሪን ዓውድን ይምርኮስ።**

# 7.15 ኣብ ካናዳ ናይ ስራሕ መዐቀኒታት


**መምርሒታት፦** ብዛዕባ እቲ ኣብ ካናዳ ዘሎ ናይ ስራሕ መዐቀኒታት ኣንብብ። ኣብ ሳጹን እቲ ኣብ ሃገርካ ዝነበርካ ሃገራት ኣብ እትነብረሉ ዘለኻ ... 




☐ **1.** ናይ ሙሉእ ግዜ ስራሕ እንተወሓደ ኣብ ሰሙን 30 ሰዓታት እዩ። ኣየኖት መዓልታት ናይ ስራሕ መዓልታት እየን፣ ፈረቓታት ክንደይ ዝኣክል ንውሓት ከምዘለዎን ከከም ኢንዱስትሪ ይፈላለ እዩ።




☐ **2.** ናይ ከፊል-ግዜ ስራሕ መብዛሕትኡ ግዜ እንተበዝሐ 16 ክሳብ 24 ሰዓታት ኣብ ሰሙን እዩ።




☐ **3.** ገሊኦም ስራሓት ናይ እብረ ስራሕን ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ምስራሕን ይጠልቡ። እዚ ማለት ድማ እቲ ናይ ስራሕ ቦታ ንልዕሊ 8 ሰዓታት ወይ ክሳብ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ይሰርሕ ማለት እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሰለስተ እብረታት ኣለው፦ ናይ መዓልቲ፡ ምሸታዊ ከምኡ'ውን ለይታዊ።



☐ **4.** ስራሕ ዝሰርሑን ቆልዑ ዘለዎምን ስድራቤታት ንክንክን ቆልዓ ወይ ናይ ድሕረ-ቤት ትምህርቲ ክንክን ክምድቡ ኣለዎም። ኣብ ካናዳ ቆልዑ ዝከታተሎም ዘይብሎም ንበይኖም ክግደፉ ኣይከኣልን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ክንክን ቆልዑ ኣማራጺታት ምዕራፍ 6፡ ንጥፈት 6.7 ተዓዘብ።



☐ **5.** ኣብ ካናዳ ደቅንስትዮ ንደቅተባዕትዮ ሰራሕተኛታት ክቆጻጸሩ ልሙድ እዩ።



☐ **6.** ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5 ተኸታታሊ ሰዓታት ደሞዝ ዝኸፈሎ ወይ ዘይከፈሎ ዕረፍቲ እንተ ወሓደ 30 ደቒቕ ዝወስድ ዕረፍቲ።




**ነፍስ-ወከፍ ናይ ስራሕ ቦታ ናቱ ዝኾነ ባህልን ናይ ስራሕ ትጽቢታትን ኣለዉዎ። ምስ ባህሊ ናይ ሓድሽ ስራሕ ቦታ ምልምማድን ናይ ስራሕ ቦታ ትጽቢታት ምምላእን ስራሕ ኣብ ምዕቃብን ቀዋሚ-ስራሕ ኣብ ምምዕባልን ኣገዳሲ እዩ።**



# 7.16 ኣብ ስራሕ ቦታ ናብ ዓወት ዝወስዱ ክእለታት

ክእለት ማለት ሓደሰብ ንሓደስራሕ፣ ተራ ወይ ዕማም ብብሉፅ መንገዲ ንኽሰርሕ ዝሕግዝ ፍልጠትን ክእለትን እዩ። ኣብ ታሕቲ ንስራሕ፣ ትምህርትን ህይወትን ዝሕግዙ ክእለታት ርኣዩ።




ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ ዓወት ዝወስዱ ክእለታትን ነፃ ናይ ኦንላይን ገምጋም ክእለትን ዝምልከት ኣብዚ ኣንብቡ፦

**1. ምስ ኩነታት ምውህሃድ**
ዝተፀበኻዮ ወይ ዘይተፀበኻዮ ለውጢ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ዕላማታትን ባህርያትን ናይ ምዕዋት ወይ ምትዕርራይ ክእለት።

**2. ምትሕብባር**
ናይ ሓባር ዕላማ ንምዕዋት ንኻልኦት ኣበርክቶ ናይ ምግባርን ምድጋፍን ክእለት።

**3. ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥ**
ምስ ካልኦት ብምዝራብ፣ ብምስማዕን ብምትሕብባርን ሓበሬታን ሓሳባትን ናይ ምቕባል፣ ምርዳእ፣ ምሕሳብን ምክፋልን ክእለት።

**4. ፈጠራን ምህዞን ሓሳባት**
ሓሳባት ብሓድሽ፣ ዘይፅበ (ዘይተለመደ) ወይ ንዝፀንሑ ሜላታት ብዝፈታተን መንገዲ ናይ ምሕሳብ፣ ምምዕባል፣ ምግላፅ፣ ምትብባዕን ምትግባርን ክእለት።

**5. ዲጂታላዊ ክእለት**
ዲጂታል ቴክኖሎጂን መሳርሕታትን ተጠቒምካ ሓበሬታን ትሕዝቶን ምርካብ፣ ምምሕዳር፣ ምትግባር፣ ምፍጣርን ንኻልኦት ናይ ምክፋል ክእለት።


**6. ቁፅሪ (ስነ-ቁፅሪ)**
ብቃላት፣ ቁፅሪ፣ ምልክታትን ስእልን ዝቐርብ ናይ ሒሳብ ሓበሬታ ናይ ምርካብ፣ ምርዳእን ምጥቃምን ክእለት።

**7. ምፍታሕ ፀገም**
መዓልታዊ ናይ ምልላይ፣ ምትንታን፣ መፍትሒ ሓሳብ ምቕራብን ውሳነታት ናይ ምውሳንን ክእለት።

**8. ምንባብ**
ብቓላት፣ ምልክታትን ምስልታትን ዝቐርብ ሓበሬታ ናይ ምርካብ፣ ምርዳእን ምጥቃምን ክእለት።

**9. ምፅሓፍ**
ብፅሑፍ ዝተፅሓፉ ቃላት፣ ምልክታትን ምስልታትን ተጠቒምካ ሓሳባት ናይ ምትሕልላፍን ሓበሬታ ናይ ምክፋልን ክእለት።

**መምርሒታት፦** ንዓወት ዝኸውን ክእለት ርአይ። ኣብ መንጎ ሕድሕድ ክእለትን ኣብነቱን መስመር ኣስምር።




ምስ ኩነታት ምውህሃድ

1\.



ምትሕብባር

2\.



ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥ

3\.



ፈጠራን ምህዞን ሓሳባት

4\.

**ሀ)** መምርሒታት ስማዕ፣ ዓማዊል ኣገልግልን ሓሳባት ዘትይን፣ ሓበሬታ ተለዋወጥ፣ ንኻልኦት ኣቓልቦ ሃብን ተረዳእን።

**ለ)** ሓደሽቲ ናይ ግዜ ገደብ ንምምላእ መደባት ስራሕ ቐይር፣ ብሓደሽቲ መሳርሒታት ከመይ ጌርካ ከምትሰርሕን ተምሃርን ብግብረ መልሲ ክእለታትካ ኣመሓይሽ።

**ሐ)** ሓደሽቲ ፍርያትን ኣገልግሎታትን ኣማዕብል፣ ሓደሽቲ፣ ፍሉያት ሓሳባት ወይ መፍትሒታት ሒዝካ ቕረብ።

**መ)** ኣብ ስራሕ ናይታ ጕጅለኻ ኣበርክቶ ግበር፣ ንመሳርሕትኻ ትርጉም ዘለዎ ድጋፍ ሃብ፣ ንናይ ካልኦት ሰባት እታዎታት እውን ዋጋ ሃብ።

መልስታት፦ 1 (ለ)፣ 2 (መ)፣ 3 (ሀ)፣ 4 (ሐ)



ዲጂታላዊ ክእለት

5.


**ረ)** ማሕበራዊ ሚድያ ብውሑስ መንገዲ ተጠቐም፣ ብውሑስ መንገዲ ብኢንተርነት ዕድጊት ግበር፣ ብኢንተርነት ሓበሬታ ተለዋወጥን ከምኡ እውን ብኢንተርነት ምስ ካልኦት ተዘራረብ።



ቁፅሪ (ስነ-ቁፅሪ)

6.

**ሰ)** ኣብ ቅጥዕታትን ስእልታትን ሓበሬታ ርኸብ፣ ከም ኢመይል፣ ፅብፃባት፣ ፅሑፋት ዜና፣ ፅሑፋት ብሎግን መምርሒታትን ዝኣመሰሉ ነገራት ኣንብብ።



ፅገም ምፍታሕ

7.

**ሸ)** ስልሒታት ፈፅም፣ ባጀት ኣመሓድር፣ ዳታ ተንትንን ሞዴል ግበርን ከምኡውን ግምታት ግበርን።



ምንባብ

8.

**ቀ)** ቅጥዕታትን መመልከቲታትን ምምላእ፣ ኢመይል፣ ፅብፃብ፣ ከምኡ'ውን ፅሑፋት ማሕበራዊ መራኸቢታት ፅሓፍ።




ምፅሓፍ

9.


**በ)** ንሓደ ዕማም ንምፍፃም ዝተፈላለየ መገድታት ሕሰብ፣ ብዛዕባ ዝበለፀ ፍታሕ ውሳነታት ሃብ ከምኡ'ውን ቴክኒካዊ ውድቀት ንምፍታሕ ሕሰብ።

መልሲታት:- 5 (ረ)፣ 6 (ሰ)፣ 7 (ሸ)፣ 8 (ቀ)፣ 9 (በ)

## 7.17 ደሞዝካ



1. ኣብ ካናዳ ኣስራሕቲ ዝተሓተ ገደብ ደሞዝ ክኸፍሉ ብሕጊ ይግደዱ። ዝተሓተ ገደብ ደሞዝ ኣብ ነፍስ- ወከፍ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ይፈላለ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተሓተ ገደብ ናይ ደሞዝን ናይ ትነብረሉ ሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ስራሓት መጠን ደሞዛትን ኣብ'ዚ ኣንብብ።




2. ኣብ ካናዳ ክትሰርሕ ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ቁጽሪ (SIN/NAS) ክህልወካ ኣለዎ።  ናትካ ናይ (SIN/NAS) ሓበሬታ ብሕጊ ምስ ትሕተት ጥራይ ኣቕርብ።



3. መብዛሕትኡ ግዜ ደሞዝካ ብጥረ-ገንዘብ ዘይኮነ ናብ ናይ ባንክ ሕሳብኻ ብምምሕልላፍ ወይ ብቼክ ይወሃበካ።



4. ንነፍስ-ወከፍ ትኽፈለሉ እዋን ናይ ክፍሊት ጸብጻብ ክወሃበካ እዩ። ጽሩይ ዝኽፈለካ ገንዘብ ካብ ሙሉእ ዝጸሓፍ ደሞዝካ ይውሕድ። ካብ ሙሉእ ደሞዝካ ንናይ ግብሪ እቶት፡ ንናይ ጥሮታ ጥቕምታት ከምኡ'ውን ንናይ ንሰራሕተኛ መድሕንን ንናይ ጥዕና መድሕንን  ተባሂሉ ይጓደል እዩ።



5. ኣብ ካናዳ ብመንገዲ ናይ ካናዳ ናይ ጥሮታ መደብ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፕሮግራም ኩሎም ሰራሕተኛታት ካብ ደሞዞም ንህዝቢ ንጥሮታ ተባሂሉ ዝእከብ ገንዘብ የዋጽኡ እዮም። ኣብ መበል 65 ዓመት ዕድመ ወይ ልዕሊኡ ንኣብ ካናዳ ንዝተወሰነ ግዜ ንዝተቐመጡ ሰባት ብጡረታ-ሽምግልና ዝፍለጥ መጠነኛ ኣበል ካብ መንግስቲ ይወሃቦም።




6. ኣብ ሚያዝያ 30 ናይ ነፍስ-ወከፍ ዓመት ካብ ናይ ስራሕ ቦታኻ ናትካ ቲ4 (ጸብጻብ እቶትን ዝጎድልን) ተጠቒምካ ጸብጻብ ግብሪ እቶትካ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለካ።



**“ናይ ትሕቲ ጣውላ ስራሕ” ገንዘብካ ትቕበለሉ ግብሪ ግን ዘይትኸፍለሉ ዘይፍለጥ ስራሕ እዩ። እዚ ዓይነት ስራሕ ዘይሕጋዊ እዩ። ንክልቲኦም ማለት ንቆጻራይን ተቖጻራይን ብርቱዕ ሳዕቤናት ኣለዎ።**



# ምዕራፍ 8

# ባጀት ምምዳብ



# ምዕራፍ 8

# ባጀት ምምዳብ

## 8.1 ገንዘብ ኣብ ካናዳ



ናይ ካናዳ ወግዓዊ ባጤራ ዶላር ካናዳ እዩ (CAD)። ኣብ ሓደ ዶላር 100 ሳንቲም (¢) ኣለው። ናይ ካናዳ ባንክ ክልተ ዓይነታት ገንዘብ ይዝርግሕ፡








**1.** ናይ ወረቐት ገንዘብ መጠኖም ሓደ ዓይነት ክኸውን ከሎ ብዋጋኦም መሰረት ዝተፈላለየ ሕብርታት ኣለዎም።

**2.** ሳንቲማት ዝተፈላለየ መጠን፡ ቀርጽን ሕብርን ኣለዎም። ኣብ ድሕሪኦም ድማ ናይ ካናዳ ምልክት ኣልዎም።



ኣብ ካናዳ ወጻኢታት መነባብሮ ካብ ሓደ ኣውራጃን ግዝኣትን ናብ ካልእ ይፈላለ እዩ። ወጻኢታት መነባብሮ ኣብ ሞንጎ ዓበይቲ ከተማታትን ገጠራትን'ውን ይፈላለ እዩ። ኣብ ትነብረሉ ዘለኻ ከባቢ'ውን ዝምርኮስ እዩ።



ኣብ ቀዋሚ መንበሪ ገዛኻ ክትነብር እንተለኻ ኣብ ሕድሕድ ወርሒ መሰረታዊ ወፃኢታት መነባብሮ'ኻን ካልእ ኣገዳሲ ወፃኢታትካን ክትከፍል ከድልየካ እዩ። ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞት ውሑዳት ሰሙናት ቅድሚ ስራሕ ምጅማርካን ደሞዝካ ኣብ ካናዳ ምቕባልካን ክንደይ ገንዘብ ከምዘድልየካ ምውጣን ወይ ምትላም ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ወፃኢታትኩም ባዕልኹም ክትሓስቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-


ባጀት ምህላው ክንደይ ገንዘብ ከምዘለካን ክንደይ ክተውፅእ ከምትኽእልን ክትፈልጥ ይሕግዘካ። ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ከመይ ጌርካ ወርሓዊ ባጀት ከምትሰርሕን ከምትኽተልን ንክትመሃር ክሕግዘካ ይኽእል።

# 8.2 መሰረታውያን ወጻኢታት መነባብሮ ኣብ ካናዳ እንታይ እዮም?


**መምርሒታት፡** ንመሰረታውያን ወጻኢታት መነባብሮ ኣብ ካናዳ ተዓዘብ። ኣብ ሳንዱቕ ናይ ንዓኻ ሓድሽ ዝኾኑኻ ወጻኢታት "✓" ምልክት ግበር።




☐ **1. መንበሪ ገዛ**
ወርሓዊ ዝዓበየ ወጻኢኻ እዚ እዩ። ቀንዲ ናይ ገዛ ክራይ ወጻኢታት ኮይኑ ናይ መድሕንን መተዓራረዪ ወጻኢታት’ውን ከጠቓልል ይኽእል።



☐ **2. ኣገልግሎታት**
ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ካናዳ እዚ ንኤለክትሪክ፡ መውዓዩን ማይን የጠቓልል። ካብዚኦም ወጻኢታት ገሊኦም ምስ ናይ ገዛ ክራይ እቱዋት ክኾኑ ይኽእሉ። ናይ ኤለክትሪክን መውዓዩን ክፍሊታትካ ኣብ ግዜ ሓጋይ ክውስኹ’ዮም።



☐ **3. ምግቢ**
እዚ ዓቢ ክፋል ናይ ወጻኢታትካ ኮይኑ ንነብስኻን ንስድራቤትካን ንምምጋብ ተውጽኦ ወጻኢታት ይውክል።



☐ **4. መጓዕዝያ**
እዚ ኣብ ከባቢኻ ንምጉዓዝ ትጥቀመሉ ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ወጻኢታት የጠቓልል።



☐ **5. መራኸቢ**
እዚ ብወርሒ ንዝኸፈሉ ናይ ሞባይል ወይ ናይ መስመር ቴሌፎን ኣገልግሎታት፡ ኣገልግሎታት ቴለቪዥንን ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎታትን የጠቓልል።



6. **ክንክን ቆልዓ**
ዝሰርሑ ወይ ዝመሃሩ ወለዲ ንደቆም ዝኸውን ወጻኢታት ናይ ክንክን ቆልዓ ኣገልግሎታት ክኸፍሉ ኣለዎም።



7. **ካልኦት ወጻኢታት**
እዚ ንወጻኢታት ናይ ክዳን ፣ መጽረይ ሽቓቕ፣ ናይ ትምህርቲ ቀረባትን ካልኦት ኣገደስቲ ነገራትን የጠቓልል።



8. **ናይ ኢሚግሬሽን(ስደት) ወይ ናይ ስፈራ ልቓሕ**
እዚኦም ድማ ኣብ መጀመርታ ንመገሻኻ ወይ ንሰፈራኻ ብመንግስቲ ካናዳ ብስምካ ዝተኸፍለ ካብ ዊንድሚል ማይክሮለንዲንግ ዝተለቓሕካዮ መጠን ገንዘብ የጠቓልል። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 3 ንጥፈት 3.2 ርአይ።

ንዓኻ ዝምጥን ውጥን (ትልሚ) ንምፍጣር ኣብዚ ዘሎ ናይ ባጀት መሳርሒ ተጠቐም:-

**ነቲ ልቓሕ (ምስወለዱ ወይ ብዘይወለድ) ብስሩዕ ወርሓዊ ክፍሊት ምምላስ ምጅማር ሓላፍነትካ እዩ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 3 ርአይ።**




## 8.3 መሰረታዊ ወጻኢታት መነባብሮ

**መምርሒታት፡** ዝወሃበካ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትከፍሎም ዝሕግዘካ መሰረታውያን ወጻኢታትካ ተዓዘብ። ነቲ ዝዓበየ ወጻኢ “ $$$$ ”፡ ንካልኣይ ዝዓበየ ወጻኢ “ $$$ ”፡ ንካልኣይ ዝተሓተ ወጻኢ “ $$ ”፡ ንዝተሓተ ወጻኢ ድማ “ $ ” ጸሓፍ።




1. መራኸቢ — $



2. መግቢ




3. መንበሪ ገዛን ኣገልግሎታትን



4. መጓዓዝያ

ብዛዕባ ሓገዝ እቶትን ካልኦት ፋይናንሳዊ ጥቕምታትን ንኹሎም ቀወምቲ ነበርቲ ካናዳ ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብዚ ኣንብቡ፦

ኣብ ውልቃዊ ኩነታት ተመርኲስካ ተወሳኺ ኣበል ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚኦም ድማ ንሓድሽ ዝተወልደ ቆልዓ ዘለዎም ስድራቤታት፣ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት፣ ፍሉይ ድሌት ኣመጋግባ ዘለዎም ሰባት ወይ ድማ ናይ መንበሪ ገዛ ንምኽፋል ዝሕግዝ ኣበል ከጠቓልሉ ይኽእሉ። ካብቶም ንተወሳኺ ኣበል ብቑዕ ዝገብሩ ኩነታት እንተሃልዩካ ንብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።




መልሰታት፡ 1 ($)፡ 2 ($$$)፡ 3 ($$$$)፡ 4 ($$)

## 8.4 ገንዘብ ብከመይ ትቑጥብ?

**መምርሒታት፡** ገንዘብ ኣብ ካናዳ ከመይ ክምትቑጥብ ዝነግሩ ምኽርታት ኣንብብ። ኣብ ሳንዱቃት ናይ ንዓኻ ዝጠቕሙ ኮይኖም ዝተሰምዑኻ "✓" ምልክት ግበር።




☐ **1.** ገዛ ወይ ኣፓርታማ ምስ ካልእ ሰብ ብሓንሳብ ተኻሪኻ ክፋል ናይ ክራይ ክትከፍል ትኽእል።




☐ **2.** ኣብ ቤት መግብታት ኣብ ክንዲ ምብላዕ መግብኻ ኣብ ገዛኻ ከተዳሉ ትኽእል።



☐ **3.** ዝተሓተ ዋጋ ዘለዎም መኽዘናትን ምህርትታትን ክትደሊ ትኽእል። ከምኡ'ውን ርትዓዊ ዋጋ ዘለዎም መኽዘናት ኣብ መወዓውዒ በራሪ ወረቐት ረዓይ።



☐ **4.** ኣብ ክንዲ ክልቲኡ ናይ ሞባይል ወይ ናይ መስመር ቴሌፎን ምጥቃም ክትመርጽ ትኽእል። ናይ ነዊሕ ርሕቀት ጻውዒታት ክቡራት ክኾኑ ይኽእሉ ስለ'ዚ ቅድሚ ኣህጉራዊ ጻውዒት ምግባርካ መጠን ክፍሊት ከተረጋግጽ ኣለካ። ሕስር ዝበለ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ጻውዒት ንምግባር ኢንተርነት ወይ ናይ መደወሊ ካርድታት ክትጥቀም ትኽእል።



☐ **5.** ኣብ ክንዲ መኪና ምግዛእ ህዝባዊ መጓዓዝያ ክትጥቀም'ውን ትኽእል ኢኻ።




☐ **6.** ኣብ ቤተ-መጻሕፍቲን ኣብ ካልኦት ህዝባዊ ቦታታትን ዘለዉ ናጻ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎታት'ውን ክትጥቀም ትኽእል።



☐ **7.** ንቴለፎን ፣ ቴለቪዥን ፣ ኢንተርነት ፣ ኣቕሓ ገዛ ወይ መኪና ውዕል ቅድሚ ምውዓል ወይ ኣገባብ ኣከፋፍላ ቅድሚ ምስምማዕ ትሕዝቶ እቲ ውዕል ከተወዳድር ትኽእል። ክህልዉ ንዝኽእሉ ናይ ዋጋ ፍልልያት ምድላይ።



☐ **8.** ናይ ኣገልግሎታት ክፍሊት ምስ ናይ ገዛ ክራይ እትው ዝኾኑ መንበሪ ገዛታት ክትደሊ ትኽእል። እዚ ውሱን ዋጋ ኮይኑ ባጀት ኣብ ምሓዝ ይሕግዘካ እዩ። እዚ ምስ ዘይከውን ክፍሊታት ናይ ኣገልግሎታት ከም ኣጠቓቕማ ናይ ውልቀ- ሰብ ክፈላለ እዩ።



☐ **9.** ኣብ ማሕበረሰብካ ትሑት ወፃኢታት ዘለዎ ክንክን ህፃናት እንተሃልዩ ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ክትሓትት ትኽእል ወይ ምስ ካልኦት ወለዲ ሓላፍነት ክትካፈል ትኽእል ኢኻ።

## 8.5 ኣብ ካናዳ ምስ ፋይናንስካ (ገንዘብካ) ዝተኣሳሰሩ ትፅቢታት



ብመንገዲ ፓይሎት ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ/ EMPP/PVAME ናብ ካናዳ ዝስደዱ ውልቀሰባት ካብ ካናዳ ዝኣትዉሉ እዋን ጀሚሮም ብገንዘብ ዓርሶም ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም። ንዓርስኻን ንኣባላት ስድራቤትካን ብገንዘብ ዓርስ ውሕስናኹም ክትቕፅል ትፅቢት ይግበር። ዝተፈላለዩ ልቓሓት ኣብ ዝመፃእኻሉ እዋን መሰረታዊ ድሌታትካ ንምሽፋን ክሕግዙኻ ይኽእሉ። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ 3 ንጥፈት 3.2 ርአይ።

በቲ ዘለካ ወይ እትረኽቦ ገንዘብ መሰረት እንታይ ክትገብር ከምትኽእል ብዝምልከት ክኸውን ዝኽእል ትፅቢታት እንተሃልዩካ ምስ ህይወት ካናዳ ክትላመድ ይሕግዘካ።

**መምርሒታት፡** ነዞም ኩነታት ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ ወከፍ ኩነትን ክውንታዊ ትጽቢታት መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



ደሞዝካ ካብ ኣስራሒኻ ክትቕበል ኣለካ።

**1.**




ኣብ መንጎ ገዛኻን ክትከዶ እትደሊ ናይ ማሕበረሰብካ ቦታታትን ነዊሕ ርሕቐት ኣሎ።

**2.**




በይንኻ ኢኻ፣ ውላድ የብልካን፣ ኣታዊኻ ደሞዝካ ጥራሕ እዩ።

**3.**



ምስ ኣብ ካልእ ሃገር ዘለዉ ስድራቤትካ ክትዛረብ ደሊኻ ኣለኻ።

**4.**




**ሀ)** ገዛ ምስ ካልእ ሰብ ተኻሪኻ ክፋል ናይ ክራይ ክፍሊት ትኸፍል ኣለኻ።



**ለ)** ምስ ስድራቤት ብኢንተርነት ወይ መደወሊ ካርድ ገዚእካ ብምድዋል ትራኸብ።




**ሐ)** ህዝባዊ መጓዓዝያ ዝሓሰረ ናይ ምጓዓዚ ኣማራጺ እዩ። ናይ ወርሒ መሕለፊ እናገዛእካ ገንዘብ ክትቁጥብ ትኽእል ኢኻ።



**መ)** ኣብ ሃገርካ ንዘለዉ ስድራቤትካ ንክትሰደሎም ዘኽእለካ ዝኣክል ገንዘብ የብልካን።

መልሲታት፡ 1 (መ)፡ 2 (ሐ)፡ 3 (ለ)፡ 4 (ሀ)



5. ካብ ካናዳ ወጻኢ ክትጓዓዝ ትደሊ።




6. ወፃኢታትካ ካብቲ ኣብ ሕድሕድ ወርሒ እትረኽቦ ገንዘብ ንላዕሊ እዩ።



7. ናይ ነዊሕ ግዜ መደባትካ ናይ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንምውዳእን ገዛ ወይ መኪና ንምግዛእን እዮም።




8. መንበሪ ገዛ ኣብ ትነብረሉ ሕብረተሰብ ክቡር እዩ።



ሠ) ኩሉ ገንዘብካ ቅድሚ እቲ ወርሒ ምውድኡ እንድሕር ተጠቒምካሉ ንኣስራሒኻ ተወሳኺ ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ። ምስ ሓደ ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ብዛዕባ ወፃኢታትካ ብኸመይ ከምተመሓድር ተዘራረብ።



ረ) ጉዕዞ ኽቡር እዩ ደሞዝካ ድማ ነዚ ንምኽፋል እኹል ከይከውን ይኽእል እዩ። መገሻ ክባር እዩ፤ ደሞዝካ ድማ ነዚ ንምኽፋል እኹል ከይከውን ይኽእል እዩ። ኣቐዲምካ መደብ ክትገብርን ክትቑጥብን ይግባእ።



ሰ) መገሻ ክባር እዩ፤ ደሞዝካ ድማ ነዚ ንምኽፋል እኹል ኣይኮነን። ኣቐዲምካ መደብ ወይ ትልሚ ክትገብርን ክትቑጥብን ይግባእ።



ሸ) ምናልባት ክትቑጥብን ወይ እውን ልቓሕ ክትረክብን ከድልየካ እዩ። ደሞዝካ ነዚ ነገራት ንምኽፋል እኹል ኣይኮነን።

ናይ ክራይ ገዛን ናይ መሳርሒ /ዩቲሊቲ/ ሒሳብካን ብእዋኑ ምኽፋል መቕፃዕቲ ንኸይትቕፃዕ ወይ ካብ መንበሪ ገዛኻ ከትወፅእ ንኸይትግደድ ኣገዳሲ እዩ። ብተደጋጋሚ ምድንጓይ ክፍሊት ኣብ እዋን መወዳእታ ናይ መጀመርታ ውዕል ሊዝካ ንምሕዳስ ክኽልክለካ ይኽእል።

መልስታት፡ 5 (ረ)፡ 6 (ሥ)፡ 7 (ሽ)፡ 8 (ሰ)

## 8.6 ዕዳጋ ኣብ ካናዳ

ክትዕድገሎም ዝበለጹ ቦታታት ክሳብ ትፈልጥ ቁሩብ ግዜ ክወስደልካ ይኽእል።



**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ክትዕድገሎም ትኽእል ዝተፈለዩ ቦታታት ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ቦታን ኣብኡ ክትገዝኦ ናይ ትኽእል ነገር መግለጺን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ።



1.

ዓበይቲ ድኳናት




**ሀ)** ክዳን ፣ ጫማ ፣ ኣቕሑት ገዛ ፣ መሳርሒታት ፣ ናይ ገዛ ደቀቕቲ ኣቕሑትን ካልኦት ምግቢ ዘይኮኑ ነገራትን ዝሸጡ ዓበይቲ መኻዚኖታት።



2.

መሸጣ መድሃኒት



**ለ)** እዚኦም ካብ ካልኦት ብዝበለጸ ዝውቱራት ዝኾኑ ናይ ምግቢ ድኳናት እዮም። ብዙሓት ከም ናይ መጽረዪ ምህርታት ፣ መኮሓሓሊ ፣ መጽሄታትን ዝውቱራት ናይ ሓኪም ትእዛዝ ዘየድልዮም መድሃኒታትን ይሸጡ።



3.

ዓበይቲ መኽዘናት



**ሐ)** እዞም መኻዚኖታት ገዛ ንምጽጋን ዘድልዩ ምህርትታት ከም መሳርሒታት ሳሕቲ ድማ ናይ ገዛ ኣቕሑት ይሸጡ።



4.


መኽዘናት መመሓየሺ ናይ ገዛ ንብረታት



**መ)** መብዛሕትኡ ግዜ እዞም መኽዘናት ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሃኒታት ዝዕደጉሉ ፋርማሲታት ኣለዎም። ብዙሓት ካብኦም'ውን ከም ናይ ሓኪም ትእዛዝ ዘየድልዮም መድሃኒታት ፣ መጽረጊ ሽንቲ ቆልዑን ፣ ናይ ደቅንስትዮ መጸራረዪታት ፣ መመላኽዒታት ፣ መጽሄታትን ምግብን ይሸጡ እዮም።

መልስታት፡ 1 (ለ)፡ 2( መ)፡ 3 (ሀ)፡ 4 (ሐ)




5\. 

ናይ ካልኣይ ኢድ መኻዚኖታት


**ሠ)** መብዛሕትኡ ግዜ እዞም መኻዚኖታት ዝተፈላለየ ናይ ባህሊ ድሕረ-ባይታ ብዘለዎም ሰባት እዮም ዝውንኑ። ንብረት ካብ ካናዳ ወጻኢ የምጽኡ። ኣብዞም መኻዚኖታት ካብ ሃገርካ ዝመጹ ናይ ምግቢ ምህርትታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።



6\. 

ናይ ማሕበራዊ ጉጅለ ናይ ምግቢ መኻዚኖታት

**ረ)** ኢንተርነት ተጠቂምካ ንብረት ምግዛእ። ሸየጥቲ ከም ናይ ማንዛ መኻዚኖታትን ናይ ግሊ ካልኣይ-ኢድ መሸጣን ተጠቓልል። ንኣብ ካናዳ ዝርከቡ ሰባት ብመስመር ኢንተርነት ንብረት ምዕዳግ ልሙድ እዩ።



7\. 

መሸጣ ጋራጅ

**ሰ)** እዚኦም ዘይወግዓውያን ኮይኖም ሰባት ካብ ገዝኦም ዝተጠቀሙሎም ንብረታት ብውሑድ ዋጋ ዝሸጡሎም ናይ ግዳም ኣጋጣሚታት እዮም። ዕለትን ቦታን ኣብ'ቲ ከባቢ ምልክታ ብምግባር ይሕበሩ።



8\. 

ብመስመር ኢንተርነት ዝግበር መሸጣ

**ሸ)** እዞም መኻዚኖታት ሰባት ቅድሚ ሕጂ ዝጥቀሙሎም ዝነበሩ ከም ክዳውንቲን ካልኦት ናይ ገዛ ንብረታት ዝኣመሰሉ ንብረታት ብውሑድ ዋጋ ይሸጡ። ኣብ ካናዳ ሰባት ዝተጠቀሙሎም ንብረታት ምግዛእ ልሙድ እዩ።




**ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ምግቢ ኣበይ ከምትገዝእ ከርእየካን ዕቡቕ ዋጋ ብኸመይ ከምትረክብ ምኽርታት ከቕርበልካን ይኽእል። ብተወሳኺ ኣበይ መሸጣ ከምትደሊ፣ ከመይ ጌርካ ናይ ቅናሽ ኩፖን ከምትጥቀም፣ ከመይ ንፅፅር ዕዳጋ ከምትገብርን ብዛዕባ ናይ ግሊ መሸጣን እውን ክነግሩኻ ይኽእሉ።**




መልስታት፡ 5 (ሸ)፡ 6 (ሠ)፡ 7 (ሰ)፡ 8 (ረ)

## 8.7 እንታይ የድልየካ ብመንጽር እንታይ ትደሊ?

**መምርሒታት፡** ነዞም ነገራት ተዓዚብካ ዘድልዩኻ ድዮም ወይ ትደልዮም ወስን። ኣብ ዘድልዩኻ ክቢ "◯" ግበር ኣብ ትደልዮም ድማ ስሉስ ኩርናዕ "△" ግበር።



☐ **1.** መኪና



☐ **2.** ዝተመጣጠነ መግቢ



☐ **3.** ዓቢ መንበሪ ገዛ




☐ **4.** ክዳውንቲ



☐ **5.** ዘምናዊ ናይ ሞባይል ቴለፎን




☐ **6.** ናይ ጽሬት መሐለዊ ምህርትታት



☐ **7.** ናይ ኣካልዊ ብቕዓት ክለብ ኣባልነት



☐ **8.** ትነብረሉ ቦታ



☐ **9.** ኣብ ቤት ምግቢ ምምጋብ



☐ **10.** ዕላመት ዘለዎም ክቡራት ጫማታት



**ዘድልዩኻ ብመንጽር ትደልዮም ከተለልዮም ኣገዳሲ እዩ። ገሊኦም ትደልዮም ነገራት ክቡራት ክኾኑ ይኽእሉን ክትገዝኦም ዝተወሰነ ግዜ ክትጸንሕ የድልየካ ይኸውን።**



# 8.8 ኣሰራርሓ ባንክ ኣብ ካናዳ

ብመንገዲ ቁጠባዊ መንገድታት ምንቅስቓስ ፓይሎት/ EMPP ናብ ካናዳ ዝስደዱ ውልቀሰባት ናይ ካናዳ ባንኪ ሒሳብ ክኸፍቱ ይኽእሉ። ወርሓዊ ክፍሊት ኣብቲ ዓይነት ናይ ባንኪ ሒሳብ ይምርኮስ። ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ምኽፋት ናይ ባንኪ ሒሳብ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ኣንብቡ፦

ናይ ባንክ ሕሳብ ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎታት ክትጥቀም የኽእለካ፡



**1.** ኣውቶማቲክ ናይ ባንክ ማሽናት ክትጥቀም



**2.** ብቀጥታዊ ተቐማጢ ገንዘብ ምቕባልን ናብ ካልኦት ናይ ባንኪ ሒሳብ ገንዘብ ምልኣኽን



**3.** ኣብ ድንኳናትን ኢንተርነትን ዕድጊት ንምግባር/ ንምግዛእ ናይ ደቢት(ናይ ልቓሕ) ካርዲ ክወሃቦ



**4.** ክፍሊታት ብናይ ኢንተርነት ናይ ባንክ ኣገልግሎት ምኽፋል



**5.** ቼክ ምጽሓፍ

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ባንክ ሕሳብ ኣለዉ። ኣዝዮም ልሙዳት ዝኾኑ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡



**1. ናይ መኽፈሊ ናይ ባንክ ሕሳባት**
እዚኦም ወጻኢታት ንምኽፋል እዮም ዝጠቕሙ። ክራይን ካልኦት ወጻኢታትን ንምኽፋል ቸክ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። ናይ ባንክ ሕሳብ ደብተር ተጠቂምካ'ውን ካብ ሕሳብካ ገንዘብ ከተውጽእ ከምኡ'ውን ገንዘብ ከተመሓላልፍ ትኽእል ኢኻ።



**2. ናይ ቁጠባ ናይ ባንክ ሕሳባት**
እዚኦም ንናይ መጻኢ ዕላማታት ወይ ወጻኢታት ገንዘብ ንምቕጣብ ይጠቕሙ። ብመጠን ኣብዞም ናይ ባንክ ሕሳባት ተቐምጦ ገንዘብ መሰረት ባንክታት ወለድ ክኸፍሉኻ ይኽእሉ።

ካብ ምትላል ተጠንቀቑ። ገበነኛታት ውልቃዊ ሓበሬታኻ ንምእካብ ብመልእኽቲ ፅሑፍ ወይ ብቴሌፎን/ ስልኪ ደዊሎም ወይ ብኢመይል ዝጥርጠር ሊንክ ክሰዱልካ ይኽእሉ እዮም። ዓርስኻ ንምክልኻል ዝኾነ ውልቃዊ ወይ ናይ ባንኪ ዝርዝር ሓበሬታ ንዘይትፈልጦ ሰብ ኣይተካፍል ወይ ኣይትንገር።




**ኣብ ናይ መኽፈሊ ናይ ባንክ ሕሳብካ ካብ ዘለካ ገንዘብ ንላዕሊ ኣብ ቸክ ከይትጽሕፍ ተጠንቀቕ። ነዚ ከምዚ ተርእዮ ሕጋዊ ሳዕቤናት ኣለውዎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ባንክ ሕሳባት ኣብ'ዚ ኣንብብ፡**



## 8.9 ናይ ልቓሕ ካርድ



ብዙሓት ኣብ ካናዳ ዘለዉ ሰባት ንመብዛሕትኡ ዕዲጊታቶም ካብ ናይ መዓልታዊ ናይ መኽዘን ዕዲጊታት ክሳብ ንነገራት ካብ ኢንተርነት ምዕዳግ ናይ ልቓሕ ካርድ ይጥቀሙ።




1. ናይ ልቓሕ ካርድ ክትጥቀም ከለኻ ገንዘብ ትልቃሕ ኣለኻ ማለት እዩ። ናይ ልቓሕ ካርድ ዝሃበ ባንክ ወይ ትካል ካብ'ቲ ዝተለቃሕካዮ መጠን ወለድ የኽፍል። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ኣንብብ፡



2. ናይ ልቓሕ ካርድታት ብጥንቃቐ ተጠቀመሎም። ናይ ልቓሕ ካርድ ክትጥቀም ከለኻ ብቐሊሉ ናብ ዕዳ ክእትወካ ይኽእል። ዝኾነ ነገር ብልቓሕ ቅድሚ ምዕዳግካ ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ እኹል ገንዘብ ከምዘለካ ወይ ምስ ተወሳኺ ልሙድ ወጻኢታትካ ሓዊስካ ወርሓዊ ክፍሊት ኣብ ግዚኡ ክትፍጽም ከምትኽእል ኣረጋግጽ።

**ናይ ልቓሕ ካርድ ክፍሊት ከይከፈልካ ምስ ትተርፍ ባንክ ወይ ዘለቅሓካ ትካል ናይ መቕጻዕቲ ክፍሊት ከኽፍለካ እዩ።**



## 8.10 ናይ ልቓሕ ታሪኽካ



1. ልቓሕ ምስ ትጥቀም ከመይ ትከፍል ከም ዘለኻ ኣብ ናይ ልቓሕ ታሪኽካ ይምዝገብ እዩ። ንመጻኢ ልቓሕ ምስ ትሓትት ባንክታት ውሳኔኦም ናይ ልቓሕ ታሪኽካ መሰረት ጌሮም እዮም ዝውስኑ። ጽቡቕ ናይ ልቓሕ ታሪኽ ክህልወካ ምእንቲ ክፍሊታትካ ወርሓዊ ምሉእን ኣብ ግዚኡን ጌርካ ፈጽም።



2. ናይ ክራይን ናይ ኣገልግሎታት ክፍሊታትን ወርሓዊ ኣብ ግዚኡ ክትፍጽም ኣለካ። ክፍሊታት ኣብ ምኽፋል ምስ ትድንጉ ኣብ ናይ ልቓሕ ታሪኽካ ክምዝገብ'ዩ ከምኡ'ውን ንስኻ ክትስጎግ ትኽእል ኢኻ።

**ኣብ ካናዳ ጽቡቕ ናይ ልቓሕ ታሪኽ ንክትሃንጽ ቀዳማይ ዕድልካ ንናይ ስደተኛ ልቓሕካ ብወርሓዊ ክፍሊታት ምፍጻም እዩ።**



# 8.11 ግብርታት ኣብ ካናዳ

ናይ ካናዳ ናይ ኣታዊ ትካል ንናይ ካናዳ ናይ ግብሪ ሕግታት ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል እዩ። ግብርታት ብ ናይ ፌደራል፡ ኣውራጃን ከተማን ምምሕዳራት ይእከቡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ካናዳ ናይ ኣታዊ ትካልን ናይ ኢንተርነት ሕሳብ ንምኽፋትን ኣብ'ዚ ኣንብብ፡

**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ሰባት ዝኸፍሉዎም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ግብርታት ተዓዘብ፡፡ ኣብ ሞንጎ ነፍስ-ወከፍ ግብርን መግለጺኡን መስመር ብምስኣል ኣዛምድ፡፡



**ግብሪ ንብረታትን ኣገልግሎታትን (ወይ ናይ መሸጣ)**

1.



**ግብሪ ንብረት**

2.



**ግብሪ እቶት**

3.




**ሀ)** ገዛ ፣ ኣፓርታማ ወይ መሬት ምስ ዝህልወካ ነዚ ግብሪ ትኸፍል። ምስ ዝካረ ነዚ ንብረት ግብሪ ዝኸፍለሉ ዋና ገዛ እዩ።




**ለ)** እዞም ግብርታት ካብ ስራሕ ብእትረኽቦ ኣታዊ ወይ ጥቕምታት መሰረት ብመንግስቲ ይውሰድ። መብዛሕትኡ ግዜ ክፍሊትካ ቅድሚ ምቕባልካ'ዮም ዝንከዩ።



**ሐ)** ኣዚ ከም ተወሳኺ ዋጋ ናይ ትገዝኦም ንብረታት ወይ ትረኽቦም ኣገልግሎታት ትኸፍሎ ገንዘብ እዩ። ኣብ ካናዳ ንመሰረታዊ መግቢ ግብሪ የለን። ንከም ሽጋራን ኣልኮልን ዝኣመሰሉ ነገራት ተወሳኺ ግብሪ ኣሎ።

መልሲታት፡ 1(ሐ)፡ 2(ሀ)፡ 3(ለ)

ኣብ ካናዳ ኩሉ ሰብ ግብሪ ይኸፍል እዩ። ግብርታት ኣብ ካናዳ ከም ዞም ዝስዕቡ ይኸፈል፡






**1.** መሰረታዊ ትምህርቲ



**2.** ኣገልግሎት ጥዕና



**3.** ናይ ጎደናን ጽርግያን ጽገና





**4.** ከም መጥፋእቲ ሓዊን ፖሊስን ዝኣመሰሉ ናይ ህጹጽ ግዜ ኣገልግሎታት



**5.** ናይ ሕብረተሰብ ኣገልግሎታት



**6.** ህዝባዊ መናፈሻታት



**7.** ህዝባዊ መጓዓዝያታትን መቒም ማካይን




**8.** ካብ ጎደናን ፣ ጽርግያን ማርሻፔዲን በረድ ምእላይ

## 8.12 ኣታዊኻ ንናይ ግብሪ ምኽፋል ዕላማ ምቕራብ



ኣብ ካናዳ ምስኮንካ ንቑፅሪ ማሕበራዊ መድሕን (SIN) ምስረኸብካን፣ ፀብፃብ ናይ ኣታዊኻ ግብሪን ናይ ዝኾነ ዝረኸብካዮ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ወይ ጥቕምታት እውን ክተቕርብ ኣለካ። እዚ ድማ ኣብ ሕድሕድ ዓመት ካብ ለካቲት ክሳብ ሚያዝያ ኣብ ዘሎ ግዜ ይፍፀም። ዋላ'ውን ኣብ ካናዳ ንዝተወሰነ ክፋል ናይቲ ዓመት ጥራሕ እንተነበርካ፣ ወይ ኣብታ ዓመት ኣታዊ እንተዘይነበረካ ፀብፃብ ክተቕርብ ኣለካ። መፃምድቲ ወይ ናይ ሓባር ሕጋዊ መፃምድቲ እንተሃልዩካ ንሳቶም እውን ዓመት ዓመት ፍሉይ ፀብፃብ ከቕርቡ ኣለዎም።




ናይ ግብሪ እቶት ጸብጻብ ዘይምቕራብ ከም ናይ ካናዳ ናይ ቆልዓ ድጎማ ግብሪ ዝኣመሰሉ ሓገዛት ካብ ምርካብ ከትርፈካ ይኽእል።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቐራርባ ፀብፃብ ናይ ኣታዊኻ ግብሪ ብመንግስቲ ዝምወል ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ሕተት እሞ ኣብዚ ኣንብብ፦

## 8.13 ተወሰኽቲ ገንዘባዊ ሓገዛት

ናትካ SIN/NAS ምስረኸብካ ቀልጢፍካ ንክትረኽቦም ትኽእል ጥቕምታት ኣመልክት። ፀብፃብ  ናይ ኣታዊኻ ግብሪ ኣብ ግዚኡ ምቕራብካ ጥቕምታትካ ንኽትረክብ ይሕግዘካ።





ንጥቕምታት ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ከም ኣብ ካናዳ ናይ ህፃናት ግብሪ ጥቕሚ፣ ናይ ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ግብሪ ምምላስ፣ ከምኡውን ካልእ ኣውራጃውን ግዝኣታውን ዝበሉ ጥቕምታት። ንሓደሽቲ መፃእቲ ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ብዛዕባ ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእልሉ ጥቕምታት ሕተትዎም።



ብመንግስቲ ዝምወል ትካል ንሓደሽቲ መፃእቲ ዝምልከቶም ቅጥዕታት ክትመልእን ዘድልዩ ሰነዳት ክተተሓሕዝን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።


ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝምልከቱኻ ሓገዛት ኣብ'ዚ ኣንብብ፡

# ምዕራፍ 9
# መጓዓዝያ



# ምዕራፍ 9
# መጓዓዝያ


## 9.1 መጓዓዝያ ኣብ ካናዳ





ካናዳ ንጹር ዞባታትን መልክዐ-መሬትን ዘለዋ ዓባይ ሃገር እያ። ሰባት ኣብ ሞንጎ ዞባታትን ኣብ ከባቢኦምን ብዝተፈላለየ ኣገባባት ይጎዓዙ። ኣብ ካናዳ ክትጓዓዘሎም ትኽእል ብዙሓት ኣማራጺታት ኣለዉ።


**መምርሒታት፡** ብዛዕባ ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ኣገባባት ናይ መጓዓዝያ ኣንብብ። ኣብ ጎኒ እቶም ሓደሽቲ ዝኾኑኻ "✓" ምልክት ግበር።



☐ **1. ህዝባዊ መጓዓዝያ**
ኣብ ኲሎም ዓበይቲ ከተማታትን መብዛሕትኦም ነኣሽቱ ከተማታትን ካናዳ እዚ ዓይነት መጓዓዝያ ኣለዎም። ኣብ ከባቢኻ ቀልጢፍካ ትዛወረሎም መንገድታት እዮም። ናይ'ዚ ኦም ኣብነታት ከም ኣውቶቡስ ፣ ባቡር ትሕተ-ምድሪ ፣ ቀላል ባቡርን ትራምን እዮም። ብመሰረት ትነብረሉ ቦታ ድማ ይፈላለዩ።




☐ **2. ብሽክለታ**
እዚ ኣብ ዓበይትን ነኣሽቱን ከተማታት ትዛወረሉ ጥዕና ዘለዎን ንምኽፋሉ ዝከኣልን ኣገባብ እዩ። ኣብ መብዛሕትኡ ጎደናታት ይፍቀዱን ናቶም ጸቢብ መንገዲ ዘለዎምን እዮም። ቆብዕ ብረት ክትጥቀም ከምዘለካ ይምከር።






☐ **3. ታክሲታት**
ኲሎም ዓበይትን ነኣሽቱን ከተማታት ሓደ ወይ ልዕሊ ሓደ ናይ ታክሲ ትካላት ኣለዎም። ኣውቲስታታት በቲ ከተማ ልቾንሳ ከም ዝተወሃቦም ዘመልክት ወግዓዊ ናይ መንነት ወረቐት ኣለዎም። ዋጋኦም ክቡራት እዮም። ዋጋ ናይ መንገድኻ ንምሕሳብ ናይ ኣውቶማቲክ ሜትሮ ኣለዎም። እቲ መጠን ክፍሊት ውሱንን ምዝርራብ ዘየድልዮን እዩ።



☐ **4. ናይ ሓባር ጉዕዞ ናይ ሞባይል መተግበሪ**
ንናይ ሓባር ጉዕዞ ናይ ሞባይል መተግበሪ ኣዚ ቴክኖሎጂ ንተጓዓዝቲን ኣውቲስታታትን ብመንገዲ ናይ ሞባይል መተግበሪ የራኽብ። ናይ ጉዕዞ ዋጋ ካብ ናይ ታክሲ ይሓስር ነገር ግን ብመንግስቲ ቁጽጽር ኣይግበረሎምን እዩ። ነዞም ኣገልግሎታት ክትጥቀም ከለኻ ተወሳኺ ናይ ውሕስነት ጥንቃቐታት ግበር።




**5. ሞቶር-ብሽክለታ**

እዚኣም ውሑድ ነዳዲ ይሓቱ ግን ከኣ ብሰንኪ ናይ ሓጋይ ኩነታት ኣየር ንውሱናት ኣዋርሕ ናይ ዓመት ጥርይ ኢኻ ክትጥቀመሎም ትኽእል። ንምዝዋር ፍሉይ ልቓንሳ የድሊ።



**6. መካይን**

ኣብ ካናዳ ብመሰረት ቅዲ-ህይወት፡ ባጀትን ኣድላይነትን ክትመርጾም ትኽእል ዝተፈላለዩ ዓይነታትን ዓቐናትን መካይን ኣለዉ። ምስ ምውናን መኪና ተተሓሒዞም ዝመጹ ተወሰኽቲ ወጻኢታት ከም ናይ መድሕን፡ ነዳድን መጸገኒን እውን ኣለዉ።



**7. መሰጋገሪት ጃልባ**

ኣብ ከም ኣትላንቲካዊ ከባቢታትን ብሪቲሽ ኮሎምብያን ዝኣመሰሉ ገማግማዊ ቦታታት እዞም ጃልባታት ዝውቱራት መጓዓዝያታት እዮም። ብዙሓት ንትሽከርከርትን ሰባትን ከመላልሱ ይኽእሉ።




**8. ነፈርቲ**

ኣብ ካናዳ ነዋሕቲ ርሕቀታት ዝቑልጠፈ ትጓዓዘሉ ብነፋሪት እዩ። ካብ ብመኪናን ባቡርን ምኻድ ዝሓይሽ'ኳ እንተኾነ ዋጋኡ ግን ክቡር እዩ። ኩሎም ቀንዲ ከተማታት ናይ ካናዳ መዓርፎ ነፈርቲ ኣለዎም።




**9. ባቡራት**

ናይ ባቡር መስመር ኣብ ኩሉ ሽነካት ናይ'ታ ሃገር ይዝርጋሕ። እዚ ይኹን እምበር ኩሎም ዓበይትን ነኣሽቱን ከተማታት ኣብ ካናዳ በዚ መስመር ዝተራኸቡ እዮም ማለት ኣይኮነን።



**10. ናይ መንጎ ከተማታት ኣውቶቡስ**

ኣብ ሞንጎ ከተማታት ክትጓዕዘሉ ትኽእል ዝሓሰረ ኣገባብ መጓዓዝያ እዩ። ብሰንኪ ራሕቂ ጉዕዞ ነዊሕ ክኸውን ይኽእል'ዩ። መኪና እንተዘይብልካ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ነኣሽቱ ከተማታት ትጓዓዘሉ እንኮ ኣማራጺ እዩ።



**ኣብ ካናዳ ብዛዕባ ናይ መጓዓዝያ ኩነታት ክንፈልጦም ዝግብኡ ብዙሓት ነገራት ኣለው። ሓደሽቲ መፃእቲ ዝኾንኩም ኣብቲ ቦታ ምስበፃሕኩም ብዛዕባ ናይ መጓዓዝያ ኹነታት ኣብዘለኹምዎ ቦታታት ብመንግስቲ ዝድጎም ናይ ሓደሽቲ መፃእቲ ትካል ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።**




## 9.2 ናይ መጓዓዝያ ዋጋታት

**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ዘለው ኣገባብ መጓዓዝያታት ተዓዘብ። ኣብ ልዑል ዋጋ ኣብ ዘለዎም ኣገባባት "$$$"፡ ኣብ ማእከላይ ዋጋ ዘለዎም "$$" ከምኡ'ውን ኣብ ትሑት ዋጋ ዘለም "$" ኣቐምጥ።


**1.** ናይ ነዊሕ ርሕቀት ጉዕዞ






$$$


**ሀ)** ነፈርቲ



**ለ)** ባቡራት




**ሐ)** ናይ ከተማታት ኣውቶቡሳት




**መ)** መሰጋገሪ ጃልባታት


**ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ህዝባዊ መጓዓዝያ ፣ ካርታታትን ትኬታትን ቴለፎን ብምድዋል ወይ ናብ ናይ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር መደየቢ ወይ ናብ ናይ ሓበሬታ ሳንዱቕ ብምኻድ ወይ'ውን ብመስመር ኢንተርነት ብምድላይ ክትረክብ ትኽእል።**



መልሲታት፦ 1. (ሀ) $$$፣ (ለ) $$-$$$፣ (ሐ) $፣ (መ) $$

**2.** ናይ ሓጺር-ርሕቀት ጉዕዞ






**ሀ)** ታክሲታት





**ለ)** ንናይ ሓባር ጉዕዞ ናይ ሞባይል ኣፕሊኬሽን




**ሐ)** ህዝባዊ መጓዓዝያ

**3.** ጉዕዞ ብናይ ውልቂ ተሽከርካሪ






**ሀ)** ሞቶር-ብሽክለታ



**ለ)** ብሽክለታ




**ሐ)** መካይን

Answers: 2. (a) $$$ (b) $$ (c) $ 3. (a) $$ (b) $ (c) $$$


# 9.3 ምጥቃም ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ካናዳ

**መምርሒታት፡** ነዞም ሙሉእ ሓሳባት ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ካናዳ ኣንብብ። ኣብ ሳንዱቕ ናይቶም ንዓኻ ሓደሽቲ ዝኾኑ ሙሉእ ሓሳባት "✓" ምልክት ግበር።






☐ **1.** ህዝባዊ መጓዓዝያ ንምጥቃም ክትኣትው ከለኻ ክትከፍል ወይ ትኬት ክትገዝእ ወይ መሕለፊ ክትረክብ ኣለካ።




☐ **2.** ኣብ ብዙሓት ዓበይትን ነኣሽቱን ከተማታት ናይ ምንቅስቓስ ጸገማት ንዘለዎም ሰባት ንምጉዓዝ ዘገልግላ ብፉሉይ ዝተማልኣ ኣውቶቡሳት ኣለዋ።




☐ **3.** ብዙሓት ከተማታት ንተማሃሮን ልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም ሰባትን ናይ ዋጋ-ቕነሳ ዝገብራ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ ኣለወን።





☐ **4.** ኣብ ኣውቶቡስን ኣብ ትራምን ንኣውቲስታ ክትወርድ ከም ዘደለኻ ክትሕብር ምስ ትደሊ ናይ መሐበሪ መልጎም ጽቐጥ። ኣብ ሓደ ቦታ ንምብጻሕ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ኣብ ቅድሚት ኮፍ በል ከምኡ'ውን ንኣውቲስታ ተወከስ።



☐ **5.** ንብዕድመ ካባኻ ንዝዓብዩ ፣ ስንክልና ንዘለዎም ፣ ንጥኑሳት ወይ ነኣሽቱ ቆልዑ ንዝሓዘ ሰብ ኮፍ መበሊኻ ክትህቦም ኣለካ።



6. ናይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ትኬት ኣብ ትገዝኣሉ እዋን ኣውቲስታ ጥረ-ገንዘብ ስለዘይሕዝን ማለስ ክህብ ስለዘይክእልን ሽሩፍ ገንዘብ ምሓዝ ከድልየካ'ዩ።



7. ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ትሳፈረሉ እዋን መጀመርታ ንዝወርዱ ሰባት ክወርዱ ቀዳምነት ሃብ።



8. ናይ ዝከፈልካሉ መረጋገጺ ኣብ ሙሉእ መንገድኻ ምሳኻ ሓዞ።




9. ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣድላዪ ምስ ዝኾኑ ከተበራብሮም ትኽእል ናይ ህጹጽ እዋን ሓበርቲ ኣለዉ።




10. ንህዝባዊ መጓዓዝያ ኣብ ትጽበዩሉ እዋን ንሽኻን ካልኦት ተጓዓዝቲን ኣብ ሓደ መስመር ክትስርው ኣለኩም።




11. ካብ ዝመሃሩሉ ቤት ትምህርቲ ኣብ ውሱን ርሕቀት ንዝነብሩ ተማሃሮ ኣገልግሎታት ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ ኣሎ። ካልኦት ናብ ቤት ትምህርቲ ንምምልላስ ህዝባዊ መጓዕዝያ ክጥቀሙ ይኽእሉ።



ኣብ ብዙሓት ከተማታት ብእግሪ ምኻድን ብሽክሊታ ምጥቃምን ይከኣል። እዚኦም ካብ መኪና ምዝዋር ወይ ህዝባዊ መጓዓዝያ ምጥቃም ብመንጽር ጥዕና ዝሓሹ ኣማራጺታት እዮም። ቆልዑ'ውን ብእግሮም ክኸዱ ወይ ብሽክሊታ ክጥቀሙ ይኽእሉ።




## 9.4 ምዝዋር ኣብ ካናዳ

ኣብ ካናዳ ንመጀመርታ ግዜ ናይ መዘወሪ ፍቓድ ንምርካብ ዘሎ መስርሕ ኣብ ትነብረሉ ኣውራጃ ወይ ግዝኣት ይምርኮስ ኣብ መብዛሕትኦም ኣውራጃታት ወይ ግዝኣታት ንካብ ኩሉ ጸታታት ዝኾኑ ሰባት ምምሃር ንምጅማር ሰባት ብውሑዱ 16 ዓመት ክመልኡ ኣለዎም።

**መምርሒታት፡** ኣብ ካናዳ ናይ መኪና መዘወሪ ፍቓድ ንምርካብ ዝኽየዱ ደረጃታት ኣንብብ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ሳንዱቕ ካብ ቁጽርታት **1** ክሳብ **6** ብምቕማጥ ነዞም ደረጃታት ብቕደም-ተከተል ስራዕ።



☐ **ሀ)** ናይ ተማሃራይ ፍቓድ ርኸብ



1 **ለ)** ቅጥዒ ምላእ




☐ **ሐ)** ሙሉእ ናይ መዘወሪ ፍቓድ ርኸብ



☐ **መ)** ብዛዕባ ሕግታት ምምራሕ ማኪና ብጽሑፍ ዝሰፈረ ፈተና ሕለፍ




☐ **ሠ)** ናይ ጽርጊያ ፈተና ሕለፍ




☐ **ረ)** ናይ መዘወሪ ፍቓድ ቀልጢፍካ ንክትረክብን ንናይ ጽርጊያ ናይ መዘወሪ ፈተና ንምድላውን ናይ ምዝዋር ልምምድ ግበር

**ካብ ካሊእ ሃገር ሒዝኩምዎ ዝመፃእኹም ሕጋዊ ዝኾነ ፍቓድ መግንሒ መኪና እንተሃልዩኩም ምስ ናይዚ ዓዲ ፍቓድ መግንሒ መኪና ክትቕይርዎ ወይ ድማ ናብ ካናዳ ምስኣተኹም ንሓፂር ግዜ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ዘለኹሙሉ ግዝኣት ወይ ድማ ኣውራጃ ዘሎ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዝምልከት ንብመንግስቲ ዝምወሉ ድርጅታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።**



መልሲታት፡ (ሀ) 3፡ (ለ) 1፡ (ሐ) 6፡ (መ) 2፡ (ሠ) 5፡ (ረ) 4

# 9.5 መኪና ምግዛእ

**መምርሒታት፡** ናይ'ዚ ሰብ ናይ መኪንና ምግዛእ ተመኩሮ ኣብ ካናዳ ተዓዘብ።

1. 

2. 

3. 

4. 



5. 


6. 


እዚ ሰብ እንታይ ብፍሉይ ኣገባብ ገይሩ ክኸውን ይኽእል?

# 9.6 ምስ ምዝዋር ዝተሓሓዙ ሕግታት



ናይ መኪና ምዝዋር ዝምልከቱ ሕግታት ኣብ ካናዳ ብጽኑዕ'ዮም ዝትግበሩ። ነዞም ሕግታት ምጥሓስ ከቢድ ዋጋ ዘለዎም መቕጻዕትታት የስዕብ። ከም ገንዘባዊ መቕጻዕቲ፡ ክቡር ናይ መድሕን ዋጋታትን ንግዚኡ ክትዝውር ዘይምኽኣል ወይ መዘወሪ ፍቓድ ምምንጣል የጠቓልሉ።

**መምርሒታት:** ናይ ምዝዋር ሕግታት ኣብ ካናዳ ተዓዘብ። ኣብ ሳንዱቃት ናይ ንኣኻ ሓደሽቲ ዝኾኑ ሕግታት "✔" ምልክት ግበር።




☐ **1.** ኣብ ካናዳ ኣውቲስታታት ናይ መዘወሪ ፍቓድን ናይ መኪና መድሕን መረጋገጽን የድልዮም። እዞም ሰነዳት ዘይብልካ ምዝዋር ዘይሕጋዊ እዩ ኣውቲስታታት ድማ ኣብ ዝኾዱዎ ምስኦም ክሕዝዎ ኣለዎም።



☐ **2.** ኣውቲስታታት ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ናይ ዝኾኑ ነገራት (ሓሽሽ ፣ ኣልኮል ፣ መድሃኒታት) ኮይኖም ክዝውሩ ኣይፍቀድን።





☐ **3.** ናይ ተማሃሮ ኣውቶቡሳት ቀይሕ መብራህቲ ምስ ዘብርሃን ናይ ኣውቶቡስ መሓውር ምስ ዝዝርጋሕን ኩሎም ኣውቲስታታት ካብኣን ርሒቖም ጠጠው ክብሉ ይግባእ።



☐ **4.** ተሸከርከርቲ ብየማን ይዝወራ። ኣውቲስታታት ንናይ ህጹጽ እዋን መብራህቲን ድምጺን ንዘገብራ ናይ ህጹጽ እዋን ተሸከርከርቲ ቀዳምነት ክህቡ ይግባእ።



☐ **5.** ኣብ ዝኾነ መኪና ኣውቲስታ ይኹን ተሳፋሪ ኩሎም ሰባት ናይ ድሕነት መቐነት ክጥቀሙ ይግባእ።



☐ **6.** ኣብ መብዛሕትኡ ክፋላት ካናዳ ውርጪን በረድን ኣብ ግዜ ምዝዋር ሓደገኛታት እዮም። ኣብ ገሊኦም ኣውራጃታትን ግዝኣታትን ናይ ሓጋይ ጎማ ምጥቃም ግዴታ እዩ።



☐ **7.** ንኣሽቱ ቆልዑ ንድሕነቶም ክበሃል ኣብ ድሕሪትን ኣብ ፍሉይ ውሕልነት ዘለዎ መንበርን ኮፍ ክብሉ ኣለዎም። ምርጫ ናይ ዓይነት መንበር ኣብ ዕድመን ክብደትን ናይ ቆልዓ ይምርኮስ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ቆልዓ መንበር ኣብ'ዚ ኣንብብ፡

## 9.7 ልሙዳት ናይ ጽርግያ ምልክታት ኣብ ካናዳ

እዞም ምልክታት ናይ ጽርግያ ዋላ እኳ ኣብ ገሊኦም ቦታታት ቁሩብ ዝፍለዩ እንተመሰሉ ኣብ ኩሉ ክፋላት ካናዳ ክረኣዩ ይኽእሉ።


**መምርሒታት፡** ነዞም ምልክታት ጽርግያ ተዓዘብ። ኣብ ሞንጎ ነፍስ ወከፍ ምልክትን መግለጺኡን መስመር ሰኣል።



1.



2.



3.



4.



5.

ሀ) ሸታሕታሕ ዘብል ጽርግያ

ለ) ዝሳገር እንስሳ


ሐ) ናይ ተማሃሮ መሳገሪ

መ) ናይ እግሪ መኸዲ


ሠ) ብሽክለታ ጥራይ




ጽርግያ ክትሳገር ከለኻ ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ናይ ትራፊክ መብራህቲ ኣስተውዕል።



ቀይሕ "ደው በል" ማለት እዩ።




ብጫ "ቀስ በል" ማለት እዩ።



ቀጠልያ "ኪድ" ማለት እዩ።

መልስታት፡ 1 (ለ)፡ 2 (ሀ)፡ 3 (ሠ)፡ 4 (ሐ)፡ 5 (መ)

| | | |
|---|---|---|
|  | 6. | ረ) ንየማን ምጥዋይ የለን |
|  | 7. | ሰ) ናይ ኣጋር መሳገሪ |
|  | 8. | ሸ) ደው በል |
|  | 9. | ቀ) ኣውቶቡስ ጥራይ |
|  | 10. | በ) ብእግሪ ኣይትኺድ |
|  | 11. | ተ) ገደብ ፍጥነት ብ ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት |
|  | 12. | ቸ) ቀዳምነት ሃብ (መንገዲ ሃብ) |



ምስ ካልእ ተሽከርካሪ ሓደጋ ምስ ዘጋጥመካ ወይ ኣጋር ምስ ትሃርም ሓደጋ ዘጋጠመሉ ቦታ ገዲፍካ ምኻድ ከቢድ ገበን እዩ። ፖሊስን ኣምቡላንስን ንምጽዋዕ ናብ ናይ ህጹጽ እዋን ቴለፎን ናብ 911 ደውል።




መልሲታት: 6 (ቀ): 7 (ሸ): 8 (ረ): 9 (ሰ): 10 (ቸ): 11 (በ): 12 (ተ)

# ጽቡቕ ዕድል ኣብ ካናዳ!



መዘከርታት፡

# 1 ቅድሚ ጉዕዞ ናብ ካናዳ

**1. ከባብያዊ መገድታት**

- ፕሮግራም ኢሚግሬሽን/ስደት ኣትላንቲክ (AIP/ PICA)
- ፕሮግራም ሕፁያት ኣውራጃታት (PNP/PCP)
- ፕሮግራም ኢሚግሬሽን/ስደት ገጠርን ሰሜናውን (RNIP/PICRN)

**2. ፈደራላዊ መገድታት**

- ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ ምስ ዘህልወካ ብዘይ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ

1. መስርሕ ኢሚግሬሽን/ስደት ጀምር
2. ኣብ ናይ መምረጺ ቃለ-መጠይቕ ተሳተፍ
3. ነፃ ሕክምናዊ ምርመራታት ምዝዛም
4. ናይ ድሕንነት ምርመራ ሕለፍ
5. ናይ መመልከቲ ዳግመ-ምርመራ ሕለፍ
6. ተቐባልነት ርኸብ
7. ናይ ቅድመ-ምብጻሕ ኣገልግሎት ርኸብ
8. ናይ ሰፈራ ትልሚ ምፍጣር
9. ንልቓሕ ኣመልክት (ኣድላዪ እንተኾይኑ)
10. ንመገሻኻ መደብ/ትልሚ ግበር
11. ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ምርግጋፅ
12. ናይ መጀመርታ መንበሪኹም ኣዳልዉ
13. ንምጉዓዝ ተዳሎ


# 2 ጉዕዞ ናብ ካናዳ

1. ሰነዳት ኣዳልዉ/ ናይ IOM ቦርሳኻ ምቕባል
2. ናብ መዓርፎ ነፈርቲ ኪድ
3. ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ተመዝገብ
4. ናይ መዓርፎ ነፈርቲ ተፍትሽ ሕለፍ
5. ናይ መበገሲ መዓርፎ ነፈርቲ መስርሕ ስደተኛታት ዛዝም
6. ነፋሪት ተሰቐል
7. በረራኻ ብምዝናይ ኣስተማቕር
8. ካብ ሓደ ናብ ካልእ በረራ ምስግጋር
9. ኣብ ካናዳ ምብጻሕ
10. መስርሕ ምቁጽጻር ስደተኛታት ዛዝም

# 3 ኣብ ካናዳ

1. ናብ ናይ መወዳእታ መብጽሒኻ ተጓዓዝ
2. ኣብ ግዚያዊ መዕቆቢ ጽናሕ
3. ንኣገደስቲ ሰነዳት ኣመልክት
4. ናይ ባንክ ሕሳብ ክፈት
5. ሓድሽ ስራሕካ ጀምር
6. ቀዋሚ መንበሪ ገዛ ድለይ
7. ንቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንእኹላት ሰባት ድማ ኣብ ናይ ቋንቋ ቤት ትምህርቲ ኣመዝግብ
8. ኣገልግሎት ሰፈራ ርኸብ
9. ምስ ትነብረሉ ሕብረተሰብ (ከባቢኻ) ተላለ
10. ንጡፍን ጥዑይን ኾይንካ ጽናሕ
11. ዝበለፀ ዓርሰኻ ንኽትከእል ስጉምትታት ውሰድ
12. ኣድላዪ ክኸውን ከሎ ሓገዝ ሕተት

ኩሉ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎታት ኣብ ካናዳ ብነፃ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ናይ ሰፈራ ጉዳይ ፍሉይ እዩ። ቅደም ተኸተል ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ስጉምትታት ክፈላለ ይኽእል እዩ።





UN MIGRATION

TIGRINYA